# መርዛም መልእኽቲ ምስሉያት "ደቀባት" --

# ናብ መን ዝቐንዐን እንታይ ንምስዋር ዝተኣመተን ኢዩ?

ብያሲን ዑመር፥ መስከረም፥ 2011

(yassinomer01@gmail.com)

## መእተዊ

እዚ ጽሑፍ'ዚ፥ብቐንዱ ነቲ ብመርበብ ደቀባት ኣብ መበል ዓሰራይ ክፋል ናይቲ ኣብ ትሕቲ "መሰረት ሃገር-- ዓዲ" ዝብል ሓፈሻዊ ኣርእስቲ ዝቐረበ ሓተታ ዝብድህ መልሲ ስለ ዝኾነ፡ ኣንባቢ ንትሕዝቶኡ ብግቡእ ክርደኦ ዝኽእል ምስኡ ብምንጽጻር ምስ ዝግንዘቦ ኢዩ። እቲ መርበብ ደቀባት ኣብዚ እተጠቕሰ ሓተታ፡ ንናይ ጀሃድ ጕዳይ ከም መንቀል ነገር ተጠቒሞም ንናይ ጀበርቲ ጕዳይ ብምልዓል ኣንጻር ጀበርቲ ዘቕንዕዎ ዘለፋ፡ ሓዲሽ ዘይኰነ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ዝተፈላለያ መርበባት ኢንተርነት ብነንበይኑ ብርዒ ስም ዝሓዙ ባእታታት ዝቀላቐል ዝነበረ ተደጋጋሚ ዘለፋ ኢዩ። ይኹን'ምበር፡ እቲ ንጀበርቲ ዓሊሙ ንምጥቃዕ ዝተዋደደ ዘለፋ ካብ ምድግጋም ዝተላዕለ ከም ዘየካትዕ ሓቂ ተወሲዱ፥ንናይ ጀበርቲ ጕዳይ ብምግናንን ምዝንባዕን ብውሳይ (ኰነኢልካ) ይኹን ብዘይውሳይ ዘይድለ ቂምን ቅርሕንትን ብምፍጣር ኣብ መንጎ ጀበርትን ካልኦት ብሄራትን ምርሕሓቕን ምስሕሓብን ከኸትል ስለ ዝኽእል፡ ሱር ሰዲዱ ብምስፍሕሓሕ ዝበኣሰ ሳዕቤናት ከየምጽአ ብኣጋ ምእራሙ ኣድላዪ ኢዩ።

ዋላ'ኳ፡ ዘዕግብ በዳሂ መልሲ ንምሃብ ድልየትን ተበግሶን ዘለና ብርክት ዝበልና ደቂ-ጀበርቲ እንተሃለና፡ ክሳብ ሕጂ ልቢ ብምዕባይ "ዓበይቲ ሃገር-ጠቀስ ዘይተዓሙ ጕዳያት እንከለዉ፡ ኣብ ካልኣውያን ብሄር-ጠቀስ ጕዳያት ምድሃብ ጠቓምን ሃናጽን ኣይኰነን" ካብ ዝብል ቅዱስ ሃገራዊ መንፈስ ነቒልና፡ ነቲ ኵሉ ብመራሕቲ ሃገር ከይተረፈ ኣብ ልዕሊ ጀበርቲ ዝወርድ ዝነበረ መጥቃዕትታት፡ ሰሚዕና ከም ዘይሰማዕና ዕሽሽ ብምባል ክንሓልፎ ጸኒሕና። ዕሽሽታና ግን ነቶም ተጻባእቲ ጀበርቲ ዲል ሂቡ ስለ ዘሻደኖም፡ ንጀበርቲ ምጥቃዕ ከም ዝነኣድ ጅግንነትን ዓቢ ሞያን ወሲዶም መዓልቲ-መጸ ይወራዘዩን ይመጻደቑን ኣለዉ። ስለዚ፡ እዚ ቀሪቡ ዘሎ ጽሑፍ መታን ነቲ ብዛዕባ ናይ ጀበርቲ ጕዳይ ዘስፈንዎ ኣሉታዊ ስምዒታትን ዝፈጠርዎ ጥርጣረታትን ብኣድማዕነት ንምእላይን ምውጋድን ክሕግዝ፡ ካብቲ በዘልማድ ዝቐርብ ሓተታ ብስፍሓቱ ንውሕን ብትንተንኡ ዕሙቕን ብዝበለ ኣገባብ ቀሪቡ ኣሎ። ብተወሳኺ፡ ብምንውሑ ንምክትታሉ ከየጸግም፡ ኣብ ክልተ ክፋላት ተኸፊሉ ኣብ ርእሲ ምቕራቡ፡ ዝኾነ ዝውቱር ዘይኰነ ናይ ትግርኛ ቃል ኣብ ዝተኸሰተሉ ንእዝኒ ኣንባቢ ጋሻ ኰይኑ ከይዕንቅፍ፡ ኣብ ሓጹር ብመማዝንቱ ናይ እንግሊዝኛ ቃል ተሰንዩ ቀሪቡ ኣሎ።

እቲ ቀዳማይ ክፋል "ዘለፋ ደቀባትን መንነቶምን" ብዝብል ኣርእስቲ ዝቐረበ ኰይኑ፡ ነንሓድሕዶም ዝተኣሳሰሩ፡ (1) እቲ ኻልእ ጀሃድ፣ (2) እቲ ቀንዲ ጀሃድ፣ ከምኡ'ውን (3) ሕልሚ ዓባይ ኢትዮጵያ ዝብሉ ሰለስተ ንኡስ ኣርእታት ዘጠቓልል ኢዩ። ብተመሳሳሊ፡ እቲ ካልኣይ ክፋል ንናይ ጀበርቲ ሕቶ ብግቡእ ንምምላስ "ጕዳይ ጀበርትን ፍታሑን" ዝብል ኣርእስቲ ዝሓዘለ ኰይኑ፡ ነንሓድሕዶም ዝመላልኡ (1) ናይ ጀበርቲ ሕቶ፣ (2) ናይ ብሄር ኣምር፣ ከምኡ'ውን (3) ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ጀበርቲ ዝብሉ ሰለስተ ንኡስ ኣርእስታት ዘጣምር ኢዩ። ኣብ መደምደምታ፡ ኣብ ክልቲኡ ክፋላት ዝተዳህሰሰ ኣገደስቲ ነጥብታት ተጸሚቑ ቀሪቡ ኣሎ።

# ቀዳማይ ክፋል

## 1.0 ዘለፉ ደቀባትን መንነቶምን

እቶም "ንሕና ኢና ቀንዲ ጭዋታት ደቀባት ኤርትራ" ካብ ዝብል ድሑር ትምክሕታዊ እምነት ተበጊሶም፡ ብስም'ቲ ብብድዐ "ደቀባት" ዘጠመቕዎ ናይ ኢንተርነት መርበብ ዝተኣኻኸቡ ባእታታት፡ ኣብ ዘዝማእመኦም ነዝን ነትን ዝላኸፉ ዘሎዉ ብዘይ ገለ መዘዝ ኣይኰነን። መተኣኻኸቢኦም ኰነ መላኸፊኦም መዘዝ ኣለዎ። ንሱ ድማ፥ 'ንነብሶም' ክብ ኣቢሎም ናብ ቀዳማይ ደረጃ ዜጋ ብምስቃል፡ ነቶም ከጓንይዎም ዝደለዩ 'ካልኦት' ከኣ ለጠቕ ኣቢሎም ናብ ካልኣይ ደረጃ ዜጋ ብምውራድ፡ 'ንሳቶም' ጎይቶት ኰይኖም ዘንደልህቕ እቶም ዘጓነይዎም 'ካልኦት' ግን ናታቶም ዕንዛያት (victims) ኰይኖም ዝከላበትሉ ሃዋህው ንምፍጣር ሕልሚ ስለ ዘለዎም ኢዩ። ንሕልሞም ብዝምልከት፡ እቶም ንኸጓንይዎም ዝህንደዱሎም ዘለዉ 'ካልኦት' መን ኢዮም? ዝብል ርትዓዊ ሕቶ ምስ ዝለዓል፡ መልሱ ብዘየማትእ-- ብሓፈሻ፡ ኤርትራውያን ኣስላም፣ ብፍላይ ከኣ፡ ኤርትራውያን ጀበርቲ ኢዩ።

ምኩሓት ደቀባት፡ ነቲ ክፈጥርዎ ዝሓልምዎ ዘለዉ ሃዋህው ክውን ንምግባር፡ ብዘይ ገለ ዓይኒ-ሕፍረት ንሻራዊ ልሳኖም "መርበብ ደቀባት"፡ ብፍላጥ ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ኣስላምን ኤርትራውያን ክርስትያንን ዘይወጽእ ጽልኢ ዘሪኡ ነንሓድሕድካ ዘፋልስ  መርዛም መልእኽቲ ንምትሕልላፍ ይጐሳጐስሉ ኣለው። እዞም ምስሉያት ባእታታት እዚኣቶም፡ ብሓቂ'ኳ ገና ሕማም ናይቶም ኣብ ኣርብዓታት "ኢትዮጵያ ወይ ሞት ! " እናበሉ ዘጕባዕብዑን ዘውደኽድኹን ዝነበሩ ኣባላት ማሕበር ኣንድነት (ደገፍቲ ዓባይ ኢትዮጵያ) ኣቦታቶም ካብ መትንታት ደሞም ዘይወጽኣሎም እንተኾኑ፡ ክሳብ ሕጂ ነቲ ዝኸወልዎ ሓቀኛ መልክዖምን ዝሰተርዎ ሓቀኛ ባህርዮምን ክቐልዕዎ ድፍረት ኣይነበሮምን። ካብዚ ዝተላዕለ፡ ነቲ "መሰረት ሃገር -- ዓዲ" ብዝብል ኣርእስቲ ከም መድሕን ናይ ኵሉ ሃገራዊ ሽግራት ቆጺርም ከቕርብዎ ዝጸንሑ ተኸታታሊ ሓተታ፡ ናይ ኵሉ ወገናት ሰማዒ እዝኒ ንምርካብ ክሳብ'ቲ መበል ዓስራይ ክፋሉ ዝኽሰት፡ ከምዛ ሌላን-ጕሌላን ጥቐኦም ዘይትቐርብ "ሰብ-ፍትሕን ሰብ-ሞያን ሃገራውያን" ተመሲሎም'ዮም ክዋስኡ ጸኒሖም።

ይኹን'ምበር፡ ተዋስኦኦም ነዊሕ ኣይሓከመን ። ኣመል ምስ መግነዝ ከም ዝበሃል፡ እቲ ድሕሪ ናጽነት ዝሰፈነ ወድዓዊ ኩነታት ንወገኖም ዘርብሕ ኰይኑ ስለ ዝተሰመዮም፡ "ምድረ-ሰማይ ምሳና፣ በትረ-መንግስቲ ድማ ኣብ ኢድና" ካብ ዝብል ገምጋም ነቒሎም፡ ሓቀኛ መልክዖምን ሓቀኛ ባህርዮምን ብምቕላዕ ወገናዊ ዝንባለታትን ሃይማኖታዊ ስምዒታትን እናቀሳቐሱ ብዝሕ ዝበሉ ሰዓብቲ ንምጥራይ፡ ከም ሓለይቲ ወገንን ተጣበቕቲ ሃይማኖትን ኰይኖም፡ "ያታና ተጐስዩ! ታቦትና ተደፊሩ! " ዝትሕዝቶኡ ስብከት የቃልሑ ኣሎዉ። ፍልስፍና ስብከቶም፡ ኣብቲ ድሕሪ ናይ ኣርበዕተ ዓመታት ብዙራት ድቦላ ዝተቐልቀለ መበል ዓስራይ ክፋል ሓተታኦም ተኾሊዑ ቀሪቡ ኣሎ። እዚ ምኽር ተሓግይሉን ምኽር ተኸሪምሉን ዝሰዓበ ዓስራይ ክፋል ሓተታኦም፡ ከም መቐጸልታ ናይቶም ዝቐደሙ ሓተታታት ተሓሲቡ ይቕረብ ድኣ'ምበር፡ ብትሕዝቶኡ ኰነ መልእኽቱ ፍጹም ብዝተፈልየ መልክዕ 'ዩ ቀሪቡ።

ኣቐዲሙ እተጠቕሰ መበል ዓስራይ ክፋል ሓተታ ደቀባት፡ ብኣውራኡ ከም መልሲ ናይቲ ብዶክተር ጀላኒ ዝተዋህበ መደረ ተሓሊኑ'ኳ  እንተቐረበ፡ ኣብቲ ዶክተር ጀላኒ ኢልዎ ዝተባህለ ቃል ክንዲ ዘተኵር፡ ካብ ኣርእስቲ ወጺኡ ንመንነትን ታሪኽን ኤርትራውያን ጀበርቲ ኣብ ምምርሳሕን ኣብ ምኹሽማሽን'ዩ ኣትዩ። ካብዚ ሓሊፉ'ውን፡ ብደይመደይ ነቲ ዶክተር ጀላኒ ኢልዎ ዝተባህለ ናይ ውልቀሰብ ቃል፡ ካብ ኣተንኡ (context) ቆንጪሉን ጠምዚዙን ከም ቃል ናይ መላእ ማሕበረሰብ ኤርትራውያን ኣስላም ብምቕራብ፡ ናብቲ ብባዕላዊ ትንተና ዝተበጽሐ

"ሰራማት ኤርትራውያን ኣስላም ንማህጸን ደቀንስትዮ ኤርትራውያን ክርስትያን ከም መራብሒ ሃይማኖቶም ከገልግልሉ ይሰብኩ ኣሎዉ" ዝመለኽቱ መሰረት ዘይብሉ ሓደገኛ መደምደምታ'ዩ ሃውቲቱ። ዘለፍኡ በዚ ከይኣክል፡ ኣብቲ ቄናን መደምደምታኡ ተመርኵሱ ንመላእ ኤርትራውያን ኣስላም ንምጽ`ላም "ብኻልእ መልክዕ ጀሃድ ከካይዱ የነቓቕሑ ኣሎዉ" ብዝዓይነቱ ዘሰደምም ወንጀል ናብ ምውንጃል'ዩ ተመጣጢሩ።

ካብ ዝኾነ ነገር ንላዕሊ፡ መበል ዓስራይ ክፉል ሓተታ መርበብ ደቀባት ዝዓመሞ ዕማም እንተልዩ፡ ንዓኣቶም ነቶም ደቀባት ዝተባህሉ ባእታታት ብሓቂ መን ምዃኖም ዝምስክር ብርክት ዝበለ ንኣጉል መስፍናዊ ኣተሓሳስበኦም ዘንጸባርቕ መርኣያታት ምብርካቱ ኢዩ። ስለዚ፡ ንመንነት ደቀባት ንምፍላጥ ርሑቕ ከይከድካን ብዙሕ ከይደኸምካን ነቲ ሃበስቀደስ ዝትሕዝቶኡ መበል ዓስራይ ክፉል ሓተታኦም ቀሪብካ ምምርማር እኹል ኢዩ። ምኽንያቱ፡ ነቲ ደቀባት ከመሓላልፍዎ ዝደለዩ መርዛም መልእኽቲ ሽሕ'ኳ ተኣንቲቶም ብምቁር ሽሓጢ ቃላት ኣጠዓዒሞም እንተቕረብዎ፡ እቲ ትንተንኡ ይኹን እቲ ኣሰናንትኡ (reasoning) ብተገራጫዊ መርገጺታት፣ ብዝንቡዕ ታሪኻዊ ውከሳታት (references)፣ ብግጉይ ባዕላዊ መደምደምታታት፣ ከምኡ'ውን ብቐጥታ ንፍሉያት ወገናት ብዘጥቅዕን ዘጠቕንን ክስታትን ሓሶታትን ዝተመልአ ሰለ ዝኾነ፡ ንባዕሉ ንእንታይነት ደቀባት ምስናይ ዘጸይፍ ስነ-ሓሳቦም ኵልዕ ኣቢሉ ዘርኢ ክድሃድመሉ ዘይትኽል ሰነድ ኢዩ። እስከ ነዚ ሰነድ'ዚ፡ ነቲ ሓዚልዎ ዘሎ መርዛም መልእኽቲ ብግቡእ ንምግንዛብ፡ 1) እንታይ ዓይነት ትሕዝቶ ከም ዝሓዘ፣ 2) ነየናይ ወገን ንምጥቃዕ ከም ዝቐረበ፣ ከምኡ'ውን 3) ዕላምኡ እንታይ ንምልዕዓል ከም ዝተኣመተ ንመልከቶ ።

## 1.1 እቲ ካልእ ጀሃድ

መ በል ዓስራይ ክፉል ሓተታ ደቀባት፡ ኣብ ትሕቲ "መሰረት ሃገር-- ዓዲ" ዝብል ኣርእስቲ ይቕረብ ድኣ'ምበር፡ ትሕዝቶኡ ብቐንዱ ኣብ ክልተ ዓበይቲ ፈጺሙ ምትእስሳር ዘይብሎም ጀሃድ-ጠቀስን ጀበርቲ-ጠቀስን ጕዳያት ዝተኰረ ኢዩ። ኣብቲ ንጀሃድ ዝምልከት ጕዳይ፡ ደቀባት ነዚ ሕጂ እስልምና ኣብ ኤርትራ ንምስፍሕፋሕ ይካየድ ኣሎ ዝብልዎ ዘሎዉ ናይ ጀሃድ ምንቅስቓስ ብኸመይ ዝኣመሰለ ኣገባብ ይካየድ ከም ዘሎ ክገልጹ እንከሎዉ፡ "ንማሕጸን ክርስትያን ደቀንስትዮ ከም መራብሒ ብምጥቃም" ይብሉ። ንድሕሪት ተመሊሶም እስልምና ኣብ ምድሪ-ሓበሻ ዝተኣታተወሉ ታሪኽ ክጠቕሱ እንከሎዉ ኸኣ፡ "መብዛትኣን ኣዴታት ናይቶም ጀበርቲ ዝተባህሉ ክርስትያን ኢየን ኔረን" ይብሉ። ነዚ እተጠቕሰ ፍሉይ ታሪኻዊ ህሞት ረቝሖም፡ ደቀባት መብዛሕተአን ኣዴታት ጀበርቲ ክርስትያን እየን ኔረን ዝበሉ፡ ጀበርቲ ብፍርቂ ጎኖም ኣዕራብ ኢዮም ንምባል ኢዩ። ከምዚ ዘብሎም ዘሎ፡ ሽዑ'ውን ከም ሎሚ እስልምና ኣብ ምድሪ-ሓበሻ -- ናይ ሎሚ ከበሳ ኤርትራን ኢትዮጵያን -- ዝተስፋሕፈሐ በቲ "ካልእ ጀሃድ" ማለት ብመንገዲ ማሕጸን ክርስትያን ደቀንስትዮ'ዩ ንምባል ኢዩ። ብኻልእ ኣባሃህላ፡ ናይ ትማሊ ታሪኽ ይድገም ኣሎ'ዩም ዝብሉ ዘሎዉ። እቲ ሓቂ ግን ከምኡ ኣይኰነን። ጸኒሕና ኣብቲ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ጀበርቲ ዝብል ክፉል ብዝርዝር ከም እንርእዮ፡ እቶም ኣብ ምድሪ-ሓበሻ እስልምና ዘስፍሕፍሑ እቶም ካብ ክርስትና ወጺኦም እስልምና ዝተቐበሉ ደቀባት ምድሪ-ሓበሻ ድኣ'ምበር፡ እቶም እስልምና ናብ ምድሪ-ሓበሻ ዘተኣታተዉ ብነቢ መሓመድ (ሞሳን ሰላምን ይኹኖም) ዝተላእኩ ካብ ሕጃዝ (ናይ ሎሚ ስዑድያ) ዝመጹ ዕቑባት ኣይኰኑን። እቶም ናብ ምድሪ-ሓበሻ ክዕቄቡ ዝተላእኩ ኣዕራብ፡ ዳርጋ ኲሎም ኣብ መዲና እስላማዊ ማሕበረሰብ ቆይሙ ምስ ደልደለ ደሃይ ረኺቦም ተመሊሶም ኢዮም። ዝርዝር ኣስማቶም ከኣ ብዘየጠራጥር ኣብ መዝገብ ታሪኽ እስልምና ተመዝጊቡ ኣሎ።

ኣብ ናይ ጀሃድ ጕዳይን ናይ ጀበርቲ ጕዳይን ዘተኣሳስር ነጥቢ ዘየለ ክነሱ፡ ደቀባት ነታ "ንማህጸን ደቀንስትዮ ክርስትያን ከም መራብሒ ብምጥቃም" ትብል ሓረግ (phrase)፡ ምስታ "መብዛሕታኣን ኣዴታት ጀበርቲ ክርስትያን እየን ኔረን" ትብል ሓረግ ብምልጋብ፡ መተኣሳሰሪ ቀለቤት ክቕልብቱ ዝሃቀኑ ንጀበርቲ ብጀሃድ ኣሳቢቦም ንምስልባጥ ኢዩ። ካብዚ ሓሊፉ ካልእ ትርጕም የብሉን። ጀበርቲ ግን ከም ህዝቢ ብመትከል ብሓባር ተኸባቢርካን ተጸዋዊርካን ብምንባር ዝኣምኑ ሰላማውያን ህዝቢ ኢዮም። ህዝቢ ጀበርቲ ንገዛእ-ርእሶም ረድዮም

ብወለንታኦም ዝመስለሙ ከም ምኳኖም መጠን፡ "ንዝኾነ ዓይነት እምነት ብልቢ እትቕበሎ፡ ብውዲ እምበር ብግዲ ኣይኮነን ! " ብዝብል ጽኑዕ እምንቶ ስለ ዝምርሑ፡ እምነቶም ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ወገን ብስውር ይኹን ብጋህዲ ብዓመጽ ከስርጹ ኣይብገሱን ኢዮም። ካብኣቶም ብውልቀሰብ ደረጃ ኣብቲ ናይ ጀሃድ ምንቅስቓስ ዝነጥፉ ኣባላት እንተልዮም፡ ንነብሶም ጥራይዮም ዝውክሉ። ብዝተረፈ፡ ኣብ መንጎ ጀበርትን ጀሃድን ዘራኽብ ነገር እንተልዩ፡ ክልቲኦም ኣስማት ብ ፊደል "ጀ" ዝጅምሩ ምኳኖም ጥራይ ኢዩ።

ኣብቲ ንጀሃድ ዝምልከት ጉዳይ፡ ደቀባት ንኤርትራውያን ኣስላም ብሓፈሻ ብምስፍሕፋሕ ሃይማኖት ክኸሱ እንከሎዉ፡ ነቲ ዘቕርብዎ ዘሎዉ ክሲ ከም ዘየከራኽር ሓቂ ጌሮም ብምውሳድ ከምዚ ኣናበሉ የማርሩ ፦

> "ካብዚ ሓሊፉ፡ እቲ ማሕጸን ክርስትያናዊት ኣደ ንመራብሒ ሃይማኖት እስልምና ዘይኮነ፡ ንመራብሒ ሃይማኖት ክርስትና ከገልግል። እዚ'ዩ እቲ ፍትሕን እቲ ደሞክራስን ወይ'ውን ቅኑዕ መሰል። ካብዚ ሓሊፉ ዝግበር ግን ሽፈጥ ስለ ዝኾነ ኣይግድን።" (ገጽ፡ 4)

መረረኦም ካብ ቅንዕና ዝተላዕለ ከም ዘይኮነ፡ ከምኡ'ውን ብሓቂ ዝሽፍጡ ዘሎዉ ንሳቶም ምኳኖም፡ ነቲ ዘቕረብዎ ክሲ ፍሉይ ቆላሕታ ብምሃብ ጸኒሕና ክንዝትየሉ እንከሎና ክንግንዘቦ ኢና። ቅድሚኡ ግን ነቲ ለኪሞም ብዛዕባ ቀሚሽን ጭሕምን ዝሸምጠጥዎ እስከ ነስተብህለሉ ፦

> "እቲ ካብ ኵሉ ዘተሓሳስብ ጉዳይ ከኣ፡ እዞም ኤርትራውያን ኣስላም ኢና ዝብሉ ዘሎዉ መተሓፍስቲ፡ ካብ ፓኪስታንን ኣፍጋኒስታንን ዝተለቅሕዎ ጭሕሚ ዘው ኣቢሎም፡ ቀሚሽ ውለል ኣቢሎም፡ ኣብቲ ውዲት ኣለና ይብሉ ምህላዎም ክሰሓት የብሉን ።" (ገጽ፡ 4)

ደቀባት ነቶም ኣብቲ ናይ ጀሃስ ምንቅስቓስ ዝነጥፉ ዘሎዉ "መተሓፍስቲ" ብምባል ዘባጨውሎም ባእታታት፡ ናብቲ ምስ ሃይማኖትን ባህልን ዝኸይድ ቅጥዒ ኣለባብሳ ከይኣተዉ ብቕጥታ ንተግባሮም ክነቕፉ ንዝኾነ ወገን ክሳብ ዘቔናጽብ ዘይኮነ ምሉእ መሰል ኣሎዎም። ርእይቶኻ ወይ ነቐፌታኻ ኣብ እተቕርበሉ ግን "ጭሕሚ ዘው ኣብሎም"፡ "ቀሚሽ ወለል ኣቢሎም" ዝብሉ ናይ ምቅላል ቅጽላት ምዝውታር፡ እንትርፎ ንዘይእዱብ ልሳንካን ክርሃት ዝመልኡ ልብኻን ምርኣይ፡ ነቲ እተቕርቦ ዘሎኻ ርእይቶ ወይ ነቐፌታ ዝውስኽሉ ነገር የብሉን። ንምኳኑኸ ደቅባት ነቲ ወለል ዝበለ ቀሚሽ ናይ ጳጳስን ነቲ ዘው ዝበለ ጭሕሚ ናይ ካህናትን ብኸመይ ኢኹም ትርእይዎ? ከም ናይ ንዑቓት ሕላገትዶ ከም ናይ ምቕሉላት ቅጥዒ ኣለባብሳ?

ደቀባት ነቲ ኣንጻር ኤርትራውያን ኣስላም ዘቕረብዎ ኣቐዲሙ እተጠቕሰ ክሲ፡ ብምንታይ ተደሪኾም ከም ዘቕረብዎ ንምእማት እቲ ከም መረጋገጺ ጭብጢ ዘቐደምዎ፡ እዚ ዝስዕብ ብሓደ ዶክተር ጀላኒ ዝተባህለ መራሒ ዝተዋህበ ቃል ኢዩ፦

> "ሓደ ኣባል መሪሕነት ፈደራልያ ዝበሃል ውድብ ፡ ዶክተር ጀላኒ ዝተባህለ፡ ንኤርትራ ብውረ ጥራይ ዝፈልጣ፡ ዘይተወልደላን ዘይዓበየላን፡ ሓደ ግዜ መደርኡ ከስምዕ ከሎ፥ 'ኤርትራ ምድረ-ጀሃድ ኣይኮነትን፣ እንታይ ድኣ፡ <u>ምደረ-ስብከት ጀሃድ'</u> ይብል። ...ውስኽ ኣብሉ መደርኡ ከስምዕ ከሎ ዶክተር ጀላኒ፡ ሰይድ ኣልመሓመድ ነቢይ፡ ንኣመንቲ ምስልምና ደቀተባትዮ ክሰብኮም ከሎ ከምዚ ኢልዎም ይብል፥ 'ነተን ክርስትያን ደቀንስትዮ ተመርዓውወን፣ ምስ

> ተመርዓኹመን ግን ጽቡቕ ጌርኩም ተኸናኸንወን፣ መሰለን'ውን ኣይትኽልእወን ፣ ማለት ምርጭኣን እንተኾይኑ፡ ንሰን ብሃይማኖተን ይቐጽላ፣ እንተ እቶም ካብኣተን ዝውለዱ ግን ብናእሽቶኦም ኣመስልምዎም' ይብል። ስለዚ፡ ሃገረ ኤርትራ ሃገረ ስብከትያ ማለት ትርጉሙ፡ ነቲ <u>ማህጸን ክርስትያን ደቀንስትዮ</u> መራብሒ ኣመንቲ ምስልምና ይኣይ ይኸውን ማለት'ዩ። ወይ ጉድ!!" (ገጽ፡ 3)

ዶክተር ጀላኒ ኣብ ኤርትራ ዘይምውላዱን ዘይምዕባዩን ንትሕዝቶን ትርጉምን ናይቲ ኣብ መደርኡ ኢልዎ ተባሂሉ ቀሪብ ዘሎ ቃል ዝውስኽሉን ዝንክየሉን ነጥቢ የብሉን -- እንተርፎ ንናይ ደቀባት ናይ ንዕቀት ኣዝማም (attitude) ምንጽብራቕ። ብዝተርፈ፡ እቲ ዶክተር ጀላኒ ኣብ መደርኡ ኢልዎ ተባሂሉ ቀሪቡ ዘሎ ቃል፡ መዓስ ከም ዝተባህለ ዕለቱ፣ ኣበይ ከም ዝተባህለ ስፍርኡ፣ ብምንታይ ኢጋጣሚ ከም ዝተባህለ ምኽንያቱ፣ ከምኡ'ውን እቲ ጥቕሲ ካበይ ከም እተወሰደ ምንጩ ብንጹር ዝሕብር ዝኾነ ሓበሬታ ኣይተሰነየን። ብሳዕቤኑ፡ ዝኾነ ሓቅነቱ ንኸረጋግጽ ዝደሊ ግዱስ ቅንጣብ መረጋገጺ ኣይቀረበሉን።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ኣብቲ ነቢ መሓመድ (ሞ.ሰ.ይ) ኢሎሞ ዝተባህለ ቃል፡ ማለት እቲ "ንደቀንስትዮ ክርስትያን ተመርዓውወን " ዝብል ሓረግ፡ "ኣገዲድኩም" እትብል ቃል የብሉን። ቃል ነቢ መሓመድ (ሞ.ሰ.ይ) ብቕኑዕ መንፈስ ንዝተረድኦ፡ ክርስትያን ከም ኣስላም ብሞለኮታዊ ፈጣሪ ዝኣምኑ ድኣምበር ንጣኦት ዘምልኹ ጣኦተኛታት ስለ ዘይኮኑ፡ ክርስትያን ደቀንስትዮ ምምርዓው ሕሩም ኣይኮነን ማለት ኢዩ። ኩሉ ከም ዝፈልጦ፡ ሓደ ኣስላማይን ሓንቲ ክርስትያንን ወይ ከኣ ሓደ ክርስትያንን ሓንቲ ኣስላመይትን ካብ ሃይማኖቶም ወጺኦም ዝመራዓዉ፡ "እንተ" ተፋቒሮም ጥራይ ኢዩ። ፍቕሪ ደርት ብሄርን ደርብን ዓሌትን ጥራይ ዘይኮነ፡ ብዓቢኡ ደረት ሃይማኖት'ውን ዝጥሕስ ብዕዉር ውሽጣዊ ስምዒት ዝድፋእ ዘይዕገት ማዕበል ስለ ዝኾነ ከሳሲ የብን። ሓደ ኣስላማይን ሓንቲ ክርስትያንን ወይ'ውን ሓደ ክርስትያንን ሓንቲ ኣስላመይትን ተፋቒሮም "እንተ" ተተማራዕዮም ( ንሱ'ውን ሳሕቲ ዘጋጥም ፍጻመ እምበር ዝውቱር ኣንኮነን)፡ ኣስላም ወይ'ውን ክርስትያን ንማህጸን ደቀንስትዮ ሃይማኖቶም ንምስፍሕፋሕ ከም መረብሒ ይጥቀምሉ ኣሎዉ ኢልካ ብዓቢ ክሲ ዘኽስስ ኣብነት የብሉን። ኣብዚ ነጥብ'ዚ፡ ብሓቂ ክኽሰስ ዘሎዎ በዳሊ ፍቕሪ ስለ ዝኾነ፡ ንፍቕሪ ከሲስካ ዝርታዕ እንተኾይኑ ሃየ ደቀባት ኣምላኽ ይሓግዝኩም ክሰስዎ !

ብዝተረፈ፡ ነቲ ደቀባት ኣብቲ ዶክተር ጀላኒ ኣብ መደርኡ ኢልዎ ዝተባህለ ቃል ነቢ መሓመድ (ሞ.ሰ.ይ) ተሞርኵሶም ዘቕረብዎ ክሲ፡ ኣቐዲምና ክንምርምሮ ከም ዝጸናሕና፡ ንመላእ ኤርትራውያን ኣስላም ብምስፍሕፋሕ ሃይማኖት ፈጺሙ ዘኽስስ ነጥቢ የብሉን። እቲ ብደቀባት ዝቐረበ ንመላእ ኤርትራውያን ኣስላም ዝግዝዝ ዓቢ ክሲ፡ ደቀባት ባዕላቶም "እዚ ማለት" ትርጉሙ "ከምዚ ማለት'ዩ" ኢሎም ብባዕላዊ ትንተና ዝበጽሕዎ ግጉይ መደምደምታ ኢዩ። ኣብ ግጉይ ዝኾነ እማመ (proposition) ዝተመርኮሰ ትንተና ግድን'ዩ ናብ ግጉይ መደምደምታ ክበጽሕ። ነዚ ብንጹር ንምርዳእ እስከ ንስነታዊ ኣሰናንታ (logical reasoning) ደቀባት ኣድቂቕና ንርኣዮ፦

- መበገሲ እማመ (መንቀሊ ነገር) ፥ ንደቀንስትዮ ክርስትያን ተመርዓውወን፣ ነቶም ካብኣተን ዝውለዱ ቆልዑ ድማ ኣመስልምዎም፤

- ደጋፊ እማመ (ብትንተና ዝሰዓበ)፥ ኣስላም ንክርስትያን ደቀንስትዮ ተመርዓውወን ዝተባህሉ፡ ነቶም ካብኣተን ዝውለዱ ቆልዑ ንምምስላም ኢዩ፤

- *መደምደምታ (ብስነታ ዝተበጽሐ)፥ ስለዚ፡ ኣስላም ንማህጸን ደቀንስትዮ ክርስትያን ከም መራብሒ ተጠቒሞምሃይማኖቶም (እስልምና) ንምስፍሕፋሕ መድብ ኣሎዎም።*

እቲ ኣብ መበገሲ እማመ ተኣሚሙ ዘሎ "ንደቀንስትዮ ክርስትያን ተመርዓውወን " ዝብል ሓረግ "ኣገዲድኩም" ትብል ቃል ስለ ዘይብሉ፡ "ኣገዲድኩም" ትብል ቃል ከም ዘሎዎ ወይ ከኣ ከምኡ ከም ዘስምዕ ወሲድካ ንዕኡ ዝድግፍ ደጋፊ እማመ ምስ እትእምም፡ ደጋፊ እማመኻ ካብታ "ኣገደድኩም" እትብል ዝተወሰኸት ቃል ዝመንጨወ ትርጉም'ዩ ዝሓዝል። ብኻልእ ኣበሃላ፡ እቲ ኣብ ደጋፊ እማመ ዝርከብ "ነቶም ካብኣተን ንዝውለዱ ቆልዑ ንምምስላም'ዩ" ዝብል ሓረግ ከም ደጋፊ እማመ ናይቲ መበገሲ እማመ ኰይኑ ክቐርብ ወይ ክኸተል ኣይክእልን ኢዩ። በዘልማድ ካብ ኣስላም ዝውለዱ ይኹኑ ካብ ክርስትያን ዝውለዱ ቆልዑ ናይ ወላዲኦም ሃይማኖት ስለ ዝወርሱ፡ እቲ ኣብ ደግፊ እማመ ዝቐረበ "ነቶም ካብኣተን ዝውለዱ ቆልዑ ንምምስላም'ዩ" ዝብል ሓረግ ዝሕዞ ትርጉም ዝውስኖ እታ "ኣገዲድኩም" እትብል ኣብታ መበገሲ እማመ ዘየላ ቃል እያ። ስለዚ፡ ነቲ ንመበገሲ እማመ ንምድጋፍ ዝቐረበ እማመ ይኹን ነቲ ኣብ ክልቲኡ እማመታት ተመርኲስካ ብባዕላዊ ትንተና ዝተበጽሐ መደምደምታ ዝሕዞ ትርጉም ቅኑዕ (valid) ምዃኑን ዘይምዃኑን እትውስን፡ እታ "ኣገዲድኩም" እትብል ኣብቲ ሓረግ ዘየላ ተወሳኺት ቃል እያ። ብዘይ "ኣገዲድኩም" ትብል ተወሳኺት ቃል፡ እታ ኣብ መበገሲ እማመ እተርከብ ሓረግ፡ ንክርስትያን ደቀንስትዮ ንምምርዓው እስልምና ከም ዘይሕርም ማለት ፍቑድ ምዃኑ እትሕብር ወይ ተኽእሎ ከም ዘሎ እትእምት ድኣ'ምበር፡ ናብቲ "ንማህጸን ደቀንስትዮ ክርስትያን ከም መራብሒ ንምጥቃም መደብ ኣሎዎም" ዝብል ኣብ መደምደምታ ዘሎ ሓረግ ንምብጻሕ እተኽእል ብቕዕቲ ኩነት ኣይኰነትን። በዚ መሰረት'ዚ፡ እቲ ደቀባት ኣንጻር መላእ ኤርትራውያን ኣስላም ዘቕረብዎ "ንማህጸን ደቀንስትዮ ከም መራብሒ ክጥቀምሉ መድብ ኣሎዎም" ዝብል ዓቢ ክሲ፡ ባዕላቶም ንኤርትራውያን ኣስላምን ክርስትያንን ንምንቛት ሃሰው ኢሎም ዝዳህሰስዎ ፈጺሙ ዝኾነ ዘኽስስ ገበን ዘይብሉ ናይ ፈጠራ ክሲ ኢዩ።

## 1.2 እቲ ቀንዲ ጀሃድ

እቲ ኣብ ኤርትራ ኣሎ ዝበሃል ናይ ጀሃድ ምንቅስቓስ፡ በቶም ኣዝዩ ጥሩፍ (extreme) ዝኾነ እስላማዊ ዝንባለ ዘሎዎም ኣዝዮም ውሑዳት ባእታታት እንተዘይኰይኑ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ኣስላም ሰፊሕ ደገፍን ተቐባልነትን ዘሎዎ ምንቅስቓስ ኣይኰነን። ንጀሃድ ብዝምልከት፡ ንዅሉ ኤርትራዊ ዜጋ ክበርሃሉ ዘሎዎ፡ እቲ ኣሎ ዝበሃል ናይ ጀሃድ ምንቅድቓስ ንሃንቀውታን ድልየትን ናይ መላእ ኤርትራውያን ኣስላም ዘይውክል ምዃኑ ኢዩ። ሃንቀውታን ድልየትን ናይ መላእ ኤርትራውያን ኣስላም ካብቲ ሃንቀውታን ድልየትን ናይ ኣሕዋቶም ክርስትያን ኤርትራውያን ፈጺሙ ዝፍለ ኣይኰነን። ንሱ ድማ ፦ ኣብ ናጻን ፍትሓውን ሃገርዊ ምርጫ ብህዝቢ ካብቲ ህዝቢ ዝተመርጸ፡ ነቲ ህዝቢ ዝውክልን ዘገልግልን ሕጋዊ ዝኾነ ቅዋማዊ ደሞክራሲያዊ መንግስቲ ምምስራት ኢዩ። ብኻልእ ኣበሃህላ፡ ሓዳስ ደሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኤርትራ ምህናጽ ኢዩ።

ቅዋማዊ ደሞክራሲያዊ መንግስቲ ምቛም ዝብል ጠለብ ሓድሽ ድሕሪ ናጽነት ዝተኸሰተ ተረኽዮ ዘይኰነ፡ ክልቲኦን ሓርነታውያን ውድባት ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ድሕሪ ናጽነት ክትግብረኦ ኣብ ፕሮግራመን ኣስፊረንኦ ዝነበራ ዝተጠልመ ቅዱስ ዕላማ ኢዩ። እቶም ንናይ ጀሃድ ምንቅስቓስ ድሕሪ ናጽነት ንኽቅልቀል ጠንቂ ዝኾኑ ረቛሒታት፡ ከምቲ ደቀባት ከእምኑ ዝሰበክዎ ግዳማዊ ረቛሒታት ኣይኰኑን። ደቀባት ጠንቂ ናይ ጀሃድ ምንቅስቓስ ግዳማውያን ረቛሒታት'ዮም ንምባል ክሰብኩ እንከሎዉ፡ ነቶም ኣብቲ ምንቅስቓስ ዝነጥፉ ዘሎው ብእታታት ብዝምልከት ከምዚ ይብሉ፦

"እዞም ዘመናውያን ጭሓማት እዚኣቶም...መሳርሒ ባዕዳውያን ዝኾኑ ፍንፉናት...ነታ (ባዕዳውያን ዝዘአተ) ዝሓልምዋ ዝነበሩን ዘሎዉን ዓዲ ሃይማኖት ክርስትና ሃገር ኢትዮጵያ ምስ ኤርትራን ትግራይን ንምውራር፡ ተኣሊሙ ዝተዋህቦም ፕሮጀክት እምበር፡ ንሳቶምሲ ኣየውፍሩ ኣየእትዉ ኢዮም።" (ገጽ፡ 4)

ይኹንምበር፡ ጠንቂ ናይ ጅሃድ ምንቅስቓስ ብቐንዱ ካብቲ ቅድምን ድሕርን ናጽነት ኣብ ኤርትራ ዝሰፈነ ወድዓዊ ኩነታት ማለት ካብ ውሽጣዊ ረቛሒታት ዝመንጨወ እምበር ከም'ቲ ደቀባት ዝሰብክዎ ግዳማውያን ረቛሒታት ኣይኮነን። ብዘይውልውል ሓደ ካብቶም ኣዝዮም ኣገደስቲ ውሽጣዊ ረቛሒታት ምፍራስን ምውጋድን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ (ተ.ሓ.ኤ) ከም ወተሃደራዊ ውድብ መጠን ካብ ሜዳ ኤርትራ ኢዩ። ተ.ሓ.ኤ ኣብቲ ብብዝሒ ኤርትራውያን ኣስላም ዝርከብሉ ከባቢ (መታሕት) ዝተወልደን ዝዓበየን ሃገራዊ ውድብ ከም ምኳኑ መጠን፡ ብስሙር መጥቃዕቲ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን (ህ.ግ.ሓ.ኤ) ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን (ህ.ወ.ሓ.ት) ካብ ሜዳ ኤርትራ ምእላዩ፡ ኣብ መንጎ ብዙሓት ደቂ መታሕት ኣስላም ክትክሕዶ ዘይክኣል ኣሉታዊ ስምዒታት ኣሕዲሩ ኢዩ። ብጀካ ናይ ተ.ሓ.ኤ ካብ ሜዳ ኤርትራ ምእላይ፡ ካልኦት ውሽጣዊ ረቛሒታት'ውን ኣሎዉ። ካብዚኣቶም እቶም ኣገደስቲ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም ፦

- ነቶም ኣብ ሱዳን ዝርከቡ ካብ ስድሳታት ኣትሒዞም ክሳብ ሕጂ ኣብ መደበራት ዑቕባት ተደርቢዮም መፈጠርካ ዘጽልእ ኣዝዩ ከርፋሕ ናብራ ዘሕልፉ ዘሎዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት ደቂ መታሕት፡ ናብ ሃገሮም ተመሊሶም ከጣይሱን ንቡር መነባብሮኦም ክኣልዩን መንግስቲ ኤርትራ ዘዕገብ ጭብጥ ስጉምታት ዘይምውስዱ፣

- ዓረብኛ ካልኣይ ዕላዊ ቋንቋ ኤርትራ (ምስ ትግርኛ) ክኸውን ዝግበኦ፡ ኣብ ግዜ መግዛእቲ እንግሊዝን ፌደረሽንን ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ብኽልቲኦን ሓርነታውያን ውድባት እውን ብግብሪ ዝሰርሓሉ ምንባሩ ብምዝንጋዕ፡ "ኩለን ብሄራት በብቋንቋኤን ይጠቐማ" ብዝብል ዘይግብራዊ መንግስታዊ ሜላ ተኪእካ ናይቶም ብቐጥታ ዝምልከቶም ወገናት (ኤርትራውያን ኣስላም) ጠለብን ድምጽን ምጉሳይ፣

- ንናይ መሬት ሕቶ ተኣፋፍነት ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ ናይ ደቂ መታሕት መሬት ብዘይ ናቶም ማለት ናይ ወነንቱ ፍቓድን ተሳትፎን ድምጽን ብዊንታኻ ምምሳሕ፣

- እቲ ህ.ግ.ሓ.ኤ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ትምርሓሉ ዝነበረት ንሃይማኖት ዝጻረር ማርክሳዊ ስነ-ሓሳብ፡ ዘሕደሮ ኣሉታዊ ስንብራትን ዓሚቝ ጥርጣረን ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ ህዝቢ ኣብ መንግስቲ እምነት ንከሕድር ጐስጓስን ምንቕቓሕን ዘይምክያድ፣ ከምኡ'ውን

- ሕጋዊ ዝኾነ ብህዝቢ ዝተመርጸ ሃገራዊ ደሞክራሲያዊ መንግስቲ ዘይምቛም፣ ሃይማኖታዊ ትካላት ካብ መንግስታዊ እደያ (ጣልቃ) ሓራ ዘይምኳን፣ ሃገራዊ ቅዋም ብምጽዳቕ ብሕግን ስርዓትን ዘይምምራሕ፣ ሰብኣውን ህዝባውን ብሄራውን መሰላት ዘይምኽባር ዝኣመሰሉ ኢዮም።

ብርግጽ፡ እዞም ክዝርዝሩ ዝጸንሑ ውሽጣዊ ረቛሒታት ጠንቂ ናይ ጅሃድ ምንቅስቓስ ክኾኑ ተኽእሎ ኣሎዎም። ተኽእሎ ኣሎዎም ማለት ግን እቲ ናይ ጅሃድ ምንቅስቓስ ንኽለዓል ምኽኑይ'ዩ (justified) ማለት ኣይኮነን። ንኹሉ ዜጋ ዝትንክፍን ዝቐርቅርን ጉዳይ፡ ብንኹሉ ዜጋ ዝሓቍፍን ዘሳትፍን ኣጀንዳ'ዩ ዝፍታሕ። ዕላማና ንሃይማኖታውን ወገናውን ዕብላላ ናይ ገዛኢ መንግስታዊ ሓይሊ ምውግድ'ዩ እናበልካ ብናትካ ሃይማኖታውን ወገናውን ዕብላለ ክትክኦ ምህቃን፡ መለሳ የብሉን-- ወጮ እንተገልበጥካዮ ወጮ ኢዩ። ሃገራዊ ሽግር መሰረታዊ ፍታሕ ዝረክብ፡ ብሃገራዊ ኣጀንዳ ምስ ዝምራሕ እምበር ብሃይማኖታውን ወገናውን ኣጀንዳ ምስ ዝምራሕ

ኣይኰነን። ንሃገራዊ ጉዳይ ብሃይማኖታዊ ወይ ወገናዊ ኣጀንዳ ክትፈትሖ ኢልካ ህርድግ ምባል፡ ዝገደደ ህውከትን ሕንፍሽፍሽን ንምፍጣር ምንቃድ ስለ ዝኾነ፡ እቶም ኣብ ናይ ጀሃድ ምንቅስቓስ ዝነጥፉ ዘለዉ ባእታታት ንንቕደቶም ብስምዒት ጥራይ ተደፋፊኦም ከይዓወሩ ኣርሒቖም ብምጥማትን ኣዚሮም ብምራኣይን ብውድዒ (objectively) ክመዝንዎ ይግባእ።

ዝኾነ-ኾይኑ፡ እቲ ናይ ጀሃድ ምንቅስቓስ ከምቲ ኣቐዲሙ እተጠቕሰ ህዝባዊ ደገፍ ይኹን ተሳትፎ'ኳ እንተዘይሃለዎ፡ እቶም ኣብኡ ዝነጥፉ ዘለዉ ጥሩፋት ባእታታት፡  እቶም ጠንቂ ዝኾኑ ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ተኽእሎታት( ውሽጣዊ ረቛሒታት) ክሳብ ዘለው ዋላ ብውሑድ ደረጃ 'ውን ይኹን ኣብ ገለ ወገናት ተሰማዕነት ክረኽቡ ስለ ዝኽእሉ፡ ነቶም ተኽእሎታት ንምውጋድ ብሸንኽ መግስቲ ይኹን ብሸነኽ ተቓወቲ ውድባት ዝኣክል ጻዕሪ ክግበር ኣሎዎ። ጠንቂ ኰይኖም ምንቅስቓስ ከለዓዕሉ ዝኽእሉ ተኽእሎታት ባህርዮም ብዘየገድስ ጠርነፍቲ ወይ በተንቲ ድርኺታት ክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም። ሶማልያ ንኣብነት፡ ሓደ ሃይማኖት፣ ሓደ ብሄር፣ ሓደ ቋንቋ፣ሓደ መበቆል፣ ከምኡ'ውን ሓደ መሬት ይሃልዋ ድኣ'ምበር፡ እቲ ንሶማልያ ክብትን ዝኸኣለ ዝሓየለ ውሽጣዊ ድርኺት ማለት እንዳዊ ፍልልያት ከም ተኽእሎ መጠን  ብኣጋ ቆላሕታ ስለ ዘይተገብረሉ፡ ነቲ ጠርናፊ ሃገራዊ ድርኺት ዓብሊሉ ንሃገራዊ ድሕነታን ሓድነት ህዝባን ኣብ ሓደጋ ኣውዲቑ የሳቕያ ኣሎ። ስለዚ፡ ዝኾነ ኣብ  ሃገራዊ መድረኽ ዝዋዓዋዕ ሕቶ፡ ባህርዩ ሃይማኖታዊ ይኹን ወገናዊ ብዘየገድስ፡ ህላወኡ ብምኽሓድ ከይዓባበጥካ ብቶሎ ኣቓልቦ ብምሃብ ምምላሱ'ዩ ነባሪ ፍታሕ ዘምጽእ ልቦና። እንተዘየልቦ፡ እቲ  እተዓብጠ ሕቶ መመሊሱ  እናተዋዓወዐ ናብ በታኒ ድርኺት'ዩ ዝልወጥ።

## 1.3 ሕልሚ ዓባይ ኢትዮጵያ

ደቀባት ብዛዕባ ህዝቢ ኤርትራን ሃይማኖቱን ከልዕሉ እንከሎዉ፡ እቲ ኣብ ቅድሚ ዓይኖም ቅጅል ዝብል ህዝቢ ከበሳን ሃይማኖት ክርስትናን ጥራይ ስለ ዝኾነ፡ ነቲ ካልእ ህዝብን ካልእ ሃይማኖትን ዋጋ ኣይህብዎን ኢዮም። እዚ ዝስዕብ ቃሎም፡ ነዚ እተቕጠሰ ሻራዊ ዝንባለኦም ኣነጽር ኣቢሉ ዘርኢ ኢዩ፦

> "እወ ህዝቢ ኤርትራ፡ እቲ ካብ ጥንቲ ዓቂብዎ ዝጸንሐ፥ እታ
> ዓዲ እትብሃል ባህጉ፥ እታ ልኡላውነት እትብሃል ራእዩ፥ እታ
> ፈሪሀ-እግዚኣብሄር  ጽንዕቲ  እምነቱ  ማለት  ብኣምላኽ
> ዝተዓደለቶ ክርስትና ሃይማኖቱ።" (ገጽ፥2)

እዚ ጥቕሲ'ዚ ከም ዘረጋግጾ፡ ብኣረኣእያ ደቀባት ንህዝቢ ኤርትራ ብኣምላኽ ዝተዓደሎ ሃይማኖት-- ሃይማኖት ክርስትና ጥራይ ኢዩ። ሃይማኖት እስልምና ግን ሃይማኖቶም ስለ ዘይኰነ፡ ከም ሃይማኖት ህዝቢ ኤርትራ ኣይቀኑጽርዎን ኢዮም። ምኽንያቱ፡ እቲ ህዝቢ ኤርትራ ዝበሃል ብልቦናኦም ክርስትያን ህዝቢ ከበሳ ዝጐደሎ ኤርትራውያን ኣስላም ስለ ዝኾነ፡ እቲ ሃይማኖቶም ማለት እስልምና ብኣምላኽ ዝተዓደለ ኣይኰነን። እዚ ኸኣ ብዓይኒ ፍትሒ ደቀባት፡ ሻርነት ዘይብሉ ፍትሓዊ ፍርዲ ኢዩ።

ብተመሳሳሊ ኣገባብ፡ ደቀባት ብዛዕባ " ዓባይ ኢትዮጵያ" ከልዕሉ እንከሎዉ፡ እቲ ኣብ ቅድሚ ዓይኖም ድቕን ዝብሎም እቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ካብ ፍርቂ ህዝባ ንላዕሊ ዝኸውን ኢትዮጵያዊ ኣስላማይን ካልእ ዝእምነቶምን ዘይኰነ፡ ክርስትያን ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሕልፊ ኸኣ ክርስትያን ሓበሻ ማለት  ክርስትያን ኣምሓራን ትግራይን ጥራይ ኢዩ። ንኣብነት እዚ ዝስዕብ ጥቕሲ እውን ብወገኑ ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዘሎዎም ሻራዊ ዝንባለ ዘጕልሕ ኢዩ፦

> "ኣብዚ እዋን'ዚ እንተኾነ'ውን፡ ነቲ ኣብ ሶማል ዘሎ ውዲታት
> እንተ ኣስተብሂልናሉ... ብረቂቕ ሜላን ስልትን ተጠቒምካ፡

> ነታ ካብ ጥንቲ ጀሚራ ብክርስትና ሃይማኖት ዝተፈልጠት ሃገር ኢትዮጵያ ንምቍጽጻር ዝጥኻእ ዘሎ ጥጅእ ኢዩ።" (ገጽ፡ 4)

ካብ መዓስ'ያ ኢትዮጵያ ብክርስትና ካብ ጥንቲ ዝተፈልጠት ሃገር ዝኾነት? እዛ ሕጂ እንፈልጣ ኢትዮጵያ ድያ ዋላስ እታ ናይ ትማሊ ምድሪ-ሓበሻ ኢትዮጵያ? ዶብ ናይታ ጥንታዊት እትበሃል ዘላ ምድሪ-ሓበሻ ኢትዮጵልያ፡ ነቲ ሎሚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ከበሳን ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ከበሳን (ክልል ትግርይን ክልል ኣምሓራን) ዘጠቓልል ጥራይ'ዩ ኔሩ። ጥንታዊ ናይ ምድሪ-ሓበሻ ክርስትና፡ ነቶም ኣብ ምብራቓውን ደቡባውን ክፋላት ናይ ሎሚ ኢትዮጵያ ዘሎው ብሚልዮናት ዝቍጸሩ ኣስላምን ካልእ ዝእምነቶምን ኣይምልከቶምን ኢዩ። ብተመሳሳሊ፡ ነቶም ኣብ መታሕት ኤርትራ ዘሎዉ ብሚልዮናት ዝቕጸሩ ኣስላምን ካልእ ዝእምነቶምን እውን ኣይምልከቶምን ኢዩ። ስለዚ ደቀባት ነቲ "ኢትዮጵያ ካብ ጥንቲ ናይ ክርስትያን ሃገር ኢያ" ዝበልዎ ሕንቅል-ሕንቅሊተይ ካበይ'ዮም ኣምጺኦሞ? ካብቲ ናይ ዓባይ ኢትዮጵያ ፍልስፍና ዓብለልቲ ዝፈልፈለ ድዩ ወይስ ካልእ ጣጣ ኣሎዎ?

ኣብ ኣፈና ናይዚ ጽሑፍዚ ከም እተተንበሀ፡ ምስሉያት ደቀባት ከምስሉ ሃገራውያን ኤርትራውያን ኢና'ኳ እንተብሉ፡ ብግብሪ ብናይ ዓባይ ኢትዮጵያ ስነ-ሓሳብ ዝምርሑ ኣንድነታውያን መስቀላውያን (Unionist Crusaders) ኢዮም። ብኣረኣእያ እዞም ኣስፋሕፋሕቲ ባእታታት፡ ዓባይ ኢትዮጵያ (Greater Ethiopia) ንናይ ሎሚ ኤርትራን ኢትዮጵያን ጅቡትን (እንተ ተመሲልሎም ከኣ ሶማልያ) እተጣምር ግን ብውዲት ባዕዳውያን (ኤውሮጳን ኣመሪካን) ተጐዛዝያ እትርከብ ውጽዕቲ ክርስትያናዊት ሃገር እያ። ስለዚ፡ ዕላማ ደቀባትን ብጾቶምን ዳግመ-ትንሳኤ ዓባይ ኢትዮጵያ ኢዩ።

እዞም ኣቐድም ኣቢሎም ክጥቀሱ ዝጸንሑ ኣስፋሕፋሕቲ (ደቀባትን ብጾቶምን)፡ ነቲ ኣብተን ሰልስተ ሃገራት ዝርከብ ኣስላማይ ዝበሃል ፍጡር ዓዲ ኰነ ዓውዲ ዘይብሉ ዘላን'ዩ (ሰበኽሳግም'ዩ) ኢሎም ስለ ኣምኑ፡ ወደባት በዓል መሬት ምኻኑ ይኽሕድዎ ኢዮም። ንኣብነት፡ ደቀባት ብዛዕባ'ቲ "ስትርተጂ ዓዲ" ዝብል እምንቶኦም ክገልጹ እንከሎዉ፡ ነስላም ብዝምልከት ከምዚ ይብሉ፦

> "ካብዚ ሓቂ'ዚ ሃዲምካ፡ 'ዓዲ ስለ ዘይብልካ' ሃይማኖት ከም መመኽነይታ ጌርካ ንዓዲ ዘሎዎም መሰሎም ምትንካይ ዓዲ ኣየጋብርን ስለ ዝኾነ ኣይግድን።" (ገጽ፡ 4)

ዓዲ ዘየጋብር፡ ነቲ ክትጓንዮ ዝደለኻ ወይ ከኣ ናብ ካልኣይ ደረጃ ዜጋ ከተውርዶ ትሕልን ዘሎኻ ወዲ መሬት ኣስላማይ "ዓዲ ስለ ዘይብልካ" እናበልካ ከም ዘይወድዓዲ ምኽሓዱ ኢዩ። ደቅባትን ብጾቶምን ደጋጊሞም "ኣስላማይ ዓውዲ-የብሉ፣ ሰማይ ዓንዲ-የብሉ" ዝብሉ፡ ነስላማይ ከም ሰብን ከም ወዲዓድን ስለ ዘይቆጽርዎ፡ ነታ ዝውንና መሬቱ ንየኦም ብኣምላኽ ከም ዝተዋህበቶም ኣምሲሎም ንኽምንዝዕዎ ምእንቲ መመሳመሲ ክኾኖም ኢዮም። ናይ ኣምሓራ መስፍንቲ ንናይ ደቡብን ምብራቕን ዓድታት ኣስላም "ዘመቻ" ብዝብል ግልባጡ ዝቐልዐ ወራር ዘሚቶም መሬቶም ዝገበትዎም ከምኡ'ውን ንወንንቱ ናብ ተወፉሮ ዝለወጥዎም፡ በዚ ትምክሕታዊ ዓማጺ ኣተሓሳስባ ደቀባትን ብጾቶምን ተመሪሖም ኢዮም። ናይ ወትሩ ሕልሚ ደቀባትን ብጾቶምን እምበኣርከስ፡ ኣብታ ክስርትያናዊት ጥንታዊት ሃገር ዝብልዋ ዘሎው ዓባይ ኢትዮጵያ ነቲ ከም ትሑት ፍጡር ዝርእይዎ ኣስላማይ ናብ ካልኣይ ደርጃ ዜጋ ለዊጦም፡ ብጻማ ጻዕሩን መሬቱን ንሳቶም ጎይቶት ኰይኖም ንናይ ንግስነት ኣኽሱም ዝሞተ ዝናን ስልጣንን ክመልሱን ከተንስኡን ኢዩ።ይኹን'ምበር፡ ዝሓለሙ እንተሓለሙ ሕልሞም ካብ ክውንነት ዝረሓቐ ስለ ዝኾነ፡ ከም ትንቢት ሓሳዊ ነቢ ሳዝዩ (ፈሺሉ) ዝተርፍ ሕልሚ እምበር ዝትግበር ኣይኰነን። በዚ መሰረት'ዚ እምበኣር ደቀባት፡ መንኰርኰር ታሪኽ ንድሕሪት ዝገደፎም ኣብ ሕሉፍ ታሪኽ ዝነብሩ ጥራይ ዘይኰነ፡ ብሓቂ ብናይ ኤርትራ ልኡላውነት ዘይኣምኑ ምስሉያት ሃገራውያን ኢዮም። ካብ ኣብ ኣውሃም (ዘይፍጸም ሕልሚ) ዝነብር ፍጡር ዘሕዝን ስለ ዘየለ ግን ይዋኣት ደቀባት ከሕዝኑኻ!

# ካልኣይ ክፋል

## 2.0 ጕዳይ ጀበርትን ፍታሑን

ናይ ጀበርቲ ሕቶ ሓደ ካብቶም ድሕሪ ናጽነት ዝተዋዓውዐ ሕቶታት ብምዃኑ፡ ከም ሓዲሽ ዝተማህዘ ሕቶ ተወሲዱ ብዓይኒ-ጠርጠራ ይረአን ዘይድለ ኣሉታዊ ስምዒታት የሕድርን ኣሎ። ይኹን'ምበር፡ ናይ ጀበርቲ ሕቶ ምስ ታሪኽዊ ኣቀዋውማ ህዝቢ ጀበርቲ ዝተኣሳሰረ ናይ ገዛእ-ርእሱ ታሪኻዊ መበገሲ ዘሎዎ ዝጸንሐ ሕቶ ኢዩ። ናይ ጀበርቲ ሕቶ ድሕሪ ናጻነት ዝተዋዓውዐ፡ ከም ካልኣዊ ሕቶ መጠን እቲ ቀዳማዊ መግዛእታዊ ሕቶ ብምምላሱን እቲ ድሕሪ ናጽነት ዝቖመ መንግስቲ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ክተክል'ዩ ዝብል ኣዝዩ ልዑል ተስፋን ባህግን ብምንባሩን ኢዩ። ካብዚ ሓሊፉ ካልእ ምኽንያት የብሉን። ድሕሪ ናጽነት ተደጕሎም ዝጸንሑ ካልኣውያን ሕቶታት ተገልሆም ክቀላቀሉ ባህርያዊ ኢዩ። ስለዚ፡ ብጀካ ናይ ጀበርቲ ናይ ብሄር ሕቶ ካልኦት ካልኣውያን ሕቶታት፦ከም ዓረብኛ ዕላዊ ቋንቃ ናይ ምግባር ሕቶ፣ ቅዋማዊ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ናይ ምቛም ሕቶ፣ ሃይማኖታዊ ትካላት ካብ መንግስታዊ ጣልቃ ናጻ ናይ ምውጻእ ሕቶ፣ ከምኡ'ውን ህዝባዊ ናጽነታት (ናይ ምቅዋም፡ ናይ ምጽሓፍ፡ ናይ ምዝራብ፡ ናይ ምጥርናፍ፡ ናይ ምእዳም፡ ናይ ምእማን ወዘተ.) ናይ ምርግጋጽ ሕቶ ዝኣመስሉ ምልዓሎም ከገርሙና ኰነ ከሰንብዱና ኣይግናእን ኢዩ።ምልዓል ናይዞም ሕቶታት እዚኣቶም፡ ንምውላድን ምድንፋዕን ደሞክራሲያዊ ያታ (tradition) መንገዲ ዝጸርግ ቅድመ-ኩነት ናይ ደሞክራሲያዊ መስርሕ ኢዩ።

ክሳብ ሕጂ፡ ናይ ጀበርቲ ሕቶ ከምቲ ዝድለ ብንጹር ተገሊጹን ብዕምቆት ተተንቲኑን ስለ ዘይቀረበ፡ ብፍላጥ ኰነ ብዘይ ፍላጥ ዘይመልክዑ ለቢሱን ጠገለ ስኢኑን ክዝንብዕን ክጋነንን'ዩ ጸኒሑ። እቲ ብደቀባትን መሰልቶምን ዝሰላሰል ዘሎ መስመሩ ዝሰሓተ ጎስጓስ፡ ንጀበርቲ ዝኣዚ መርዛም መልእኽታት ብምንዛሕ ኣብ መንጎ ጀበርትን ካልኦት ብሄራትን ዘይድለ ሓዳሪ ቅርሕትን ቂምን ከየስረጸ ብኣጋ በዲህካ ምእራሙ ኣድላዪ ኢዩ። እዚ ካብዚ ቀጺሉ ኣብ ሰለስተ ንኡስ ኣርእስታት ተጠርኒፉ ዘሎ ሓተታት፡ ልክዕ ነዚ ተግባር'ዚ ንምዕማም ተሓሊኑ ቀሪቡ ኣሎ።

## 2.1 ናይ ጀበርቲ ሕቶ

ካብ ኵሉ ነገራት ብዝያዳ፡ እቲ ንናይ ደቀባት ትምክሕትን ሽፈጥን ኣጕሊሑ ዘርኢ፡ እቲ ብዛዕባ ናይ ጀበርቲ ጕዳይ ኣብ ሓተታኦም ብዘይቀይዲ ዝደርጕሕዎ ዘለፋ ኢዩ። ደቀባት ነቲ ቆላሕታ ሂቦም ክዝትይሉ ዝጸንሑ "ንምስፍሕፋሕ ሃይማኖት" ዝምልከት ናይ ጀሃድ ጕዳይ ጀሚሮም ከይዛዘምዎ፡ ምስኡ ዝኾነ ምትእስሳር ኣብ ዘይብሉ ናይ ጀበርቲ ጕዳይ ዝል ኢሎም ብምእታው "ከም ኣብነት ዝኾነና'ውን" እናበሉ ከተኣሰስርዎ ህርድግ ዝበሉ፡ ምስ ናይ ጀሃድ ጕዳይ ስለ ዝተኣሳሰር ኣይኰነን። እንታይ ድኣ፡ ቀዳማይ ዕላማኦም ኣቐዲሙ ከም እተወስአ ንጀበርቲ ብጀሃድ ንምስልባጥ'ኳ እንተኾነ፡ ካልኣይን ዋናን ዕላማኦም ንጀበርቲ ኣመኻኺኻ ንምዝላፍ "ነገር ድልይልይ በትሪ ሃሰውሰው" ኢዩ። ደቀባት ንጀበርቲ ብዘይገለ ምኽንያት ክላኸፉ ዝተሃንደዱ ብኽልተ ምኽንያታት ኢዮም። ንሳቶም ከኣ፥ በቲ ሓደ ሸነኽ፡ ኣቐዲሙ "መራሕ ሃገር" (ፕረዝደንት ኢሳያስ ኣፍወርቂ) ቀጠልያ መብራህቲ ኣብሪሁ ዘተባብዖም ኣርኣያ ዝኾንዎም ኣብ ዝተፈላለያ መርበባት ኢንተርነት ነንበይኑ ብርዒ ስም ሒዞም "በትረይ ሃቡኒ ዘሕምቐ ኣሎኒ" ብምባል ንጀበርቲ ዝላኸፉ ሃዋርያት ስለ ዝነበርዎም ኢዩ። በቲ ኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ብናይ ጅሃድ ጕዳይ ኣመሳሚሶም ዲል ብምርካብ፡ ንናይ ጀበርቲ ታሪኽ ብምምርሳሕን ንናይ ብሄር ሕቶኦም ብምጥምዛዝን ንጀበርቲ ቀቕሕርዎምን ቀቸይምዎምን'ሞ፡ ቅሒሮምን ተቐይሞምን ብምዝሕታል ኣብ ሃገራዊ ጕዳያት ካልኣይ ደርጃ ዜጋታት ተሰሚዕዎም ብንጥፈት ካብ ምስታፍ ዘልሓጥሓጥ ምእንቲ ክብሉ ኢዩ። ጀበርቲ ግን ታሪኾም ከም ዘረጋግጾ ቅድሚ ሕጂ ብተደጋጋሚ ብነገስታት ምድሪ-ሓበሻ ሃይማኖቶም ብግዲ እንተ

ዘይቀይሮም፡ ንምጽናቶም ኰነ ንምምህማኖም ንዝዓለመ ተጻብኦታት ብትብዓትን ብንቕሓትን በዲሆም ዝውጹ ምኩራት ስለ ዝኾኑ፡ ናይ ደቀባትን መሰልቶምን መጥቃዕትን ዘለፋን ክምህ ዝብሎም ኣይኰኑን።

እቲ ደቀባት ንጀበርቲ ንምእዛይ ንናይ ጀሃድ ጉዳይ ከም መንቀል ነገር ተጠቒሞም ኣብ ልዕሊ ጀበርቲ ዘውረድዎ መጥቃዕትን ዘለፋን፡ ንህላወኦም ኣብ ከበሳ ኤርትራ ብምኽሓድ'ዩ'ም ፈሊመሞ። እቲ ንህላወ ጀበርቲ ኣብ ከበሳ ንምኽሓድ ዝበልዎ ዘደንጹ ናይ ንዕቀት ቃል ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ፦

> "ከም ኣብነት ዝኾነና'ውን ንኣመንቲ ምስልምና፡ ተዛረብቲ ትግርኛ ኣብ ከበሳ ኤርትራ 'ነበርቲ' ድኣ'ዮም ዝተባህሉ እምበር 'ጀበርቲ' ኣይተባህሉን። ሕጂ'ውን ኣይንብሎምን ኢና። እቲ 'ጀበርቲ' ዝበሃል መጸውዒኦም፡ ኣብ ትግራይ ጥራይ'ዩ ኔሩ። መብዛትኦም ድማ ኣዴታቶም ክርስትያን ኢየን ኔርን።" (ገጽ፡ 3)

ኣብዚ እተጠቕሰ ጥቕሲ ደቀባት በሪሁ ከም ዘሎ፡ ደቀባት ኣብ ከበሳ ኤርትራ ጀበርቲ ዝበሃል ማሕበረሰብ ወይ ብሄር ከም ዘይነበረን ከም ዘየሎን ኣሉ ቀጣን ይብሉ ኣሎዉ። ብናታቶም ኣረኣእያ፡ እቶም ኣብ ከበሳ ዘሎዉ ጀበርቲ ክነብሩ ዝተፈቐደሎም "ነበርቲ" እምበር ከምኣቶም "ጭዋታት ደቀባት" ኣይኰኑን። ብዓይኒ ደቀባት ጀበርቲ "ነበርቲ" ዝተባህሉ፡ "ኣብ ቀረባ ግዜ" ካብ ትግራይ ምስ መጹ፡ ንግዜኡ ክዕቀቡ ብለውሃቶም ዘፍቀድሎም "ዕቑባት" ብምዃኖም ኢዩ። እዚ ሓሶት'ዚ፡ ይትረፍ ንበሃልቱ ንሰማዕቱ እውን ዘሕፍር ኢዩ። እንተኾነ፡ "ለዋሃት" ደቀባት ብትምክሕቲ ዝዓወሩ ስለ ዝኾኑ ቦግ ኣቢልካ ምዝራብ ዘሕፍሮም ፍጡራት ኣይኰኑን።

ብዝኾነ፡ ጀበርቲ ጸኒሕና ብሰፌሑ ከም እንግንዘቦ፡ ኣብ ክልቲኣን ሃገራት ማለት ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝርከቡ ብትውልዳዊ መበቆሎም ፈጺምካ ክትፈልዮም ዘይትኽእል ኣካል ህዝቢ ሓበሻ ኢዮም። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ካብ ካልኦት ሃገራት ንበይኖም ፈሊሶም ዝመጹ ዘይኰኑ ካብ ጥንቲ ኣብ ምድሪ- ሓበሻ ዝነበሩ ደቀባት ኢዮም። ይኹን'ምበር፡ ኣብ መስርሕ ታሪኽ ሓደ ብሄር ከም ሓደ ብሄር ክጎዓዝ ጸኒሑ ብሰሪ ሓድሽ ዝተኸሰተ ታሪኻዊ ተርእዮ፡ ኣብ ክልተ ብሄራት ክጫልድ (diverge) ወይ ከኣ ምስ ካልኦት ተጸንበሩ (converge) ኣብ ሓደ ዓቢ ብሄር ክወሃሃድ ብግብሪ ክርአ ዝጸንሐ ባህርያዊ ምዕባለ ማሕበረሰባት ኢዩ። <u>ምኽንያቱ፡ መስርሕ ታርኽ ደቂ-ሰብ ከም ዘረጋግጾ፡ ብሄር ሓንሳእ ምስ ተወልደ መልክዑ ከይለወጠ ከም ዘሎዎ ዝነብር ዕዩግ (static) ኣካል ዘይኰነ፡ ምስ ግዜ እናተለወጠ ዝኸይድ ተጠዋሪ (evolving) ኣካል ኢዩ።</u> በዚ መሰርት'ዚ፡ ጀበርቲ እምበኣር ከም ርእሱ ዝኸኣለ ማሕበርሰብ ወይ ብሄር መጠን ካብ ብሄር ትግርኛ (ወይ ኣግኣዝያን) ጫሊዱ ቐውም ዝጀመረ ምስ ምውላድ ምስልምና ኰይኑ፡ እቶም ዘቕምዎ ኣባላት ከኣ ብኽልቲኡ ወገናት ወለዶም ክርስትያን ዝነበሩ (ጸኒሖም ካብ ካልኦት ብሄራት ዝተጸንበርዎም) ብወለንቶኦም ዝመስለሙ ደቀባት ምድሪ-ሓበሻ ኢዮም። ስለዚ፡ እቲ "ጀበርቲ ኣብ ኤርትራ 'ነበርቲ' ጥራይ'ዮም፣ ብመሰረቱ ግን ካብ ትግራይ ተሰደዶም ዝመጽኡ'ዮም፣ ኣደታቶም ከኣ ክርስትያን'የን ኔርን" ዝብል ዘረባ ደቀባት፡ ድዋሕ ኣቢሉ ዘስሕቕ ዘረባ ናይ ታሪኽ መሃይምነት ዘየጥፍኡ መሃይማን ወይ ከኣ ዘረባ ናይቶም እናፈለጡ ንኸኻንዩ ታሪኽ ጠማዚዞም ዘዘንብዑ መናፍቓን ኢዩ።

ዝኾነ-ኾይኑ ጀበርቲ፡ ጀበርቲ ተባሂሎም ንኽጽውዑ ናይ ደቀባትን ወገኖምን ምርቓ ኰነ ፍቓድ ኣየድልዮምን ኢዩ። ጀበርትነቶም ካብቲ ብጀካኦም ካልእ ወናኒ ዘይብሉ ወትሩ ምስኦም ዘሎ መንነቶም ዝመንጨወ ስለ ዝኾነ፡ ናይ "ጭዋታት ደቀባት" ጥምቀት ኰነ ናይ "መንግስቲ ኣዋጅ" ኣየድልዮን ኢዩ። ደቀባት ንናቶምን ወገኖምን ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ኣብ ከበሳ ኤርትራ ኣብ ጎኒ ኣጸጊዖም፡ ካልእ ዅሉ ካብ ፈቐድኡ ክመጽእ ከሎ ንሳቶም ግን ከምዛ ኣብ ኦሪት ዘፍጥረት ፈጣሪ ንምድሪ "ምድሪ ዅኒ!" ምስ በላ ክውን ክትብል ከላ ካብ ምድሪ ከበሳ ቦሎኽ ኢሎም ዝወጹ፡ ንጀበርቲ ንምጕናይ እታ "ጀበርቲ" እትብል መጸውዒ ቃል ከይተርፈት ምውሕጥ ኣብያቶም ከጥፍእዋ ቅጭጭ ከይበሎም "ተዛረብቲ ትግርኛ ኣስላም ኣብ ከበሳ ኤርትራ" "ነበርቲ" ድኣ'ዮም ዝተባህሉ እምበር "ጀበርቲ" ኣይተባህሉን ይብሉ። ቀጺሎም "ነበርቲ" ምባል ከይኣኽሎም፡ ከም ሓደ ንባርያኡ ባዕሉ ስም ዘውጽኣሉ

ኅይታ፡ ባሮቶም ያኢ ኰና "ሕጂ'ውን ኣይንብሎምን" ኢና ይብሉ ሃብሮማት ደቀባት። ንምኻኑ፡ ደቀባት ሓለፋ ጀበርቲ ኣብ ከባሳ ኤርትራ እንታይ ስለ ዘሎዎም'ዮም ንናይ ጀበርቲ ስምን ሃለዋትን ዝስርዙ? ንባህ ኣይብሎም፡ ንህላወ ጀበርቲ ስለ ዝኽሓድካን ንስሞም ብ "ነበርቲ" ስለ ዝተካእካን ግን ህላወ ጀበርቲ ይጠፍእ፡ ስሞም ይስረዝ፡ ከምኡ'ውን ታሪኾም ይድምሰስ ማለት ዘበት ኢዩ። ህላወ ጀበርቲ ኤርትራ ኣብ ከበሳ ኤርትራ፡ ህላወ ጀበርቲ ኢትዮጵያ ኸኣ ኣብ ከበሳ ኢትዮጵያ፡ ደቀባትን መሰልቶምን ይፍተዉ ይጽልኡ ከም ወትሩ ክቕጽል ኢዩ።እቲ ጀበርቲ ዝብል ዘሐብን መጸውዒኦም እውን ብተመሳሳሊ፡ ንደቀባትን መሰልቶምን ይወሓጠሎም ኣይወሓጠሎም ኣብ ክልቲኡ ከበሳታት ናይ ክልቲኦን ሃገራት ምዝውታሩ ከም ወትሩ ክቕጽል ኢዩ። እዚ ሓቂ'ዚ፡ ንደቀባትን መሰልቶምን ወግሐ-ጸብሐ እናራሰነ የሕምሞም ይኸውን። ባዕሎም ዘምጽእዎ ዘሎዉ ፈውሲ ዘይርከቦ ሓዳሪ ሕማም ስለ ዝኾነ ግን ይዋኣት ከደንግጹኻ !

እቲ ደቀባት ብዛዕባ ኣመጻጽኣ ጀበርቲ ኣብ ከበሳ ዝበልዎ፡ "ጀበርቲ ካብ ትግራይ 'ኣብ ቀረባ ግዜ' ዝመጹ'ዮም" ዝብል ጽውጽዋይ፡ ንእዝንና ጋሻ ስለ ዘይኮነ ኣይእርምመናን ኢዩ። ቅድሚ ሕጂ ሓንሳእ ሕርሹኽ ሓንሳእ ትርሹኽ እናተባሃለ ብዝተፈላለዩ ተጻባእቲ ጀበርቲ ዝሕመ ዝነበረ ሕሜት ስለ ዝኾነ፡ ካብ ምድግጋም ዝተላዕለ ከም ዘየከራኽር ሓቂ ይውሰድ ብምህላዉ ግን ጸኒሕና ብዛዕባ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ጀበርቲ ኣብ እንዝትየሉ ሓቅን ዘይሓቅን ምኻኑ ንምርግጋጽ ክንድህስሶ ኢና። ዝኾነ-ኾይኑ፡ እቲ ደቀባት ኣብቲ ኣቕዲሙ እተጠቕሰ ጥቕሲ ዝበልዎ፡ ማለት እቲ "ጀበርቲ ካብ ትግራይ ምስ መጹ" ዝብል ብሂል፡ ጀበርቲ ኣብ ከበሳ ኤርትራ ድሕሪ ምቛማ ዝመጹ ክኾኑ እንክሎዉ፡ ንሕና ግን ቅድሚኦም ኣብ ከበሳ ሰሪትና ዝጸናሕና ቀንዲ ደቀባት ኢና ንምባል ዝቐርብ ዘሎ ናይ ርእሰ-ውደሳ ብሂል'ዩ ዝመስል። ግን እቲ "ኣብ ቀረባ ግዜ" ዝበሃል ዘሎ ግዜ መዓስ ኢዩ? ቅድሚ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ወይስ ኣብ መግዛእቲ ኢትዮጵያ?

ጀበርቲ ኣብ ከበሳ ኤርትራ ቅድሚ ወይ ከኣ ኣብ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ዝመጽኡ ኢዮም ዝብል ኤርትራዊ ዜጋ እንተሎ፡ ኣፉ መሊኡ ቅድሚ ኣብ ምውርዛይ ምብጽሑ ቅድም-ቀዳድም ናይ ታሪኽ ፍልጠቱ ክብ የብል። ኣብ ከበሳ ዝኾነ ኤርትራዊ ዜጋ ዓድን መሬትን ርስትን ከይሓዘ ወደባት ክኸውን ስለ ዘይክእል፡ ኣብ ቀረባ ግዜ ካብ ትግራይ ንዝመጹ ዓድን መሬትን ርስትን ዝለገሰሎም ጻድቕ ኣብ ታሪኽ ከበሳ ኤርትራ ተራእዩ ኣይፈልጥን። ብዝኾነ፡ ንምብርሁ ክቕልል እስከ ኣመጻጽኣ ናይ ጀበርቲ ኣብ ከብሳ ኤርትራ ከምዛ ኣብ ሰለስተ መዋእላት ዝነበረ ብምኽያል (imagining) ንመልከቶ፦

**ቀዳማይ መዋእል፡** ነቲ ቅድሚ ምቛም ኤርትራ ማለት ቅድሚ 1890 ዝነበረ ወቕቲ ዝመልከት ኰይኑ፡ ብፍላይ ነቶም ኣብ ዘበን ከስትኑ ቅድሚ ኣስታት 130 ዓመትታ ካብ ትግራይ ተሰዲዶም ዝመጽኡ'ዮም ዝበሃሉን ቅድሚኦም ሰሪቶም ዝጸንሑን ደቂ ጀበርቲ ዝጥቁም ኢዩ። ብዛዕባ እዞም ወገናት እዚኣቶም፡ ብዝርዝር ኣብ ትሕቲ'ቲ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ጀበርቲ ዝብል ሳልሳይ ክፋል ተገልጹ ስለ ዘሎ ብምድግጋም ቅጭ ከየምጽእ ሽዑ ክንመያየጠሉ ንግደፎ።

**ካልኣይ መዋእል፡** ነቲ ድሕሪ ምቛም ኤርትራ ካብ 1890 ክሳብ 1952 (እዋን መግዛቲ ኢጣልያን ብሪጣንያን) ዝመልከት ወቕቲ ኰይኑ፡ ነቶም ብፍላይ ኣብዚ ውቅቲ'ዚ ዝመጽኡ'ዮም ኢልካ ብምኽያል ዝቐረበ ኢዩ። ከበሳ ኤርትራ ንመሬት ናይ ትማሊ ሰራየን ሓማሴንን ኣከለጉዛይን ዘጠቓልል ኰይኑ፡ ስፍሓቱ ብምንጻጽር ምስቲ ዝተረፈ መሬት ኤርትራ ክርአ እንከሎ ንኡስ'ዩ (ሓደ ሕምሲት'ዩ) ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣዚዩ ብዙሕ ዝኾነ ህዝቢ ዝሓዘ ኢዩ። ኣብ ገጠራት ዜርካ ነተን ዓድታት ምስ እትግንዘበን፡ ኵሉ መሬት ከበሳ ዝተሃዝበ (populated) ስለ ዝኾነ ዓዲ ኣብ ርእሲ ዓዲ እናረገጽካ ኢኻ ትሓልፍ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ኵሉ መሬት ከበሳ ዝተታሕዘ ማለት ዋና ዘሎዎ ስለ ዝኾነ ሓዲሽ ተሰዲዱ ዝመጽአ ፈላ`ሲ (immigrant) ሓዲሽ ዓዲ ከጣይስ ኣይክእልን ኢዩ። ስለዚ፡ ተሰዲዱ ዝመጽአ ፈላሲ ዓዲ ከጣይስ ዝኽእል ብመሰረት ሕጊ እንዳባ ወደርባዓ እንተኾይኑን ባይቶ ዓዲ ንፍሱ (ኣቤትታኡ) ሰሚዑን መዚኑን እንተ ኣጽዲቕዎን ጥራይ'ዩ ኔሩ። እቶም ኣብ ከተማ ይኸኑ ኣብ ገጠር ዝርከቡ ጀበርቲ ግን ሰነዳት ታርኽ ከም ዘረጋግጹ፡ ኣብዚ ዝተወሰነ ካልኣይ መዋእል ፈሊ`ሶም ዝመጽኡን ደቀርባዓን ኣይኮኑን። ነዚ ሓቂ'ዚ ዘፍርስ ጭብጢ ዘሎዎ ኤርትራዊ ዜጋ እንተሎ ሃየ ጭብጡ ሒዙ ይጨባበጥ !

**ሳልሳይ መዋእል፡** *ነቲ ዓሰርተ ዓመታት ናይ ፌደረሽንን* (ካብ 1952 ክሳብ 1962) *ንእዋን መግዛእቲ ኢትዮጵያን ዝነበረ ወቕቲ ማለት ነቲ ካብ 1962 ክሳብ 1991 (ምጉንጻፍ ናጽነት) ዝምልከት ኲይኑ፡ ነቶም ኣብ ኤርትራ ንኽቕመጡ ዝመጽኡ ኣብ ከም ኣስመራን ከረንን ባጽዕን ተሰነይን ኣቑርደትን ዝኣመሰላ ከተማታት ዝሰፈሩ ዝምልከት ኢዩ። ካብቶም ኣብዚ ወቕቲ'ዚ ናብ ከተማታት ኤርትራ ዝመጽኡ ኢትዮጵያውያን ጀበርቲ ንላዕሊ ዝተዓጻጸፈ ብዝሒ ዘሎዎም ኢትዮጵያውያን ተጋሩ እውን መጺኦም ኢዮም። እዞም ኢትዮጵያውን ተጋሩ ኣብዚ ስልሳይ መዋእል'ዚ፡ ምስቶም ኣሕዋኣቶም ኤርትራውያን ትግርኛ ካብ ዝኾነ ወገን ንላዕሊ ከም ዝተዋሰቡን ከም ዝተዋሃሃዱን ዘይከሓድ'ኳ እንተኾነ፡ እቶም እምብዛ ብኢትዮጵያውነቶም (ብፍላይ ከአ ብትግራውነቶም) ዝተመረሩን ዝተሰራጠዩን እቶም ኢትዮጵያውያን ጀበርቲ ኢዮም። ጀበርቲ ዝብል ስም ኣብ ኢትዮጵያ ንዅሎም ኣብ ዝተፈላለዩ ክልላት ዝርከቡ ዝምልከት ስም'ኳ እንተኾነ፡ በዘልማድ ብፍላይ ከም መጸውዒ ናይቶም ኣብ ክልል ትግራይ ጥራይ ዝርከቡ ጀበርቲ ኲይኑ'ዩ ክገልግል ጸኒሑ። ብዝኾነ፡ እቶም ኣብዚ መዋእል'ዚ ናብ ኤርትራ መጺኦም ኣብ ከተማታት ብምስፋር ዝቐመጡ ዝነበሩ ኢትዮጵያውያን ጀበርቲ ምስቶም ኣሕዋቶም ኤርትራውያን ጀበርቲ ሓቢሮም ይንበሩ ድኣ'ምበር፡ ንገዝእ-ርእሶም ከም ኤርትራውያን ወሲዶም ኤርትራውያን ኢና ኢሎም ኣይፈልጡን። ከምቶም ካልኦት ኢትዮጵያውያን ብኢትዮጵያውነቶም ሕቡናት ኢዮም። ዳርጋ ኵሎም ከኣ ኣብቲ ድሕሪ ኵናት ባድመ ብኽልቲኣን ተጻረድቲ ሃገራት (ኤርትራን ኢትዮጵያን) ዝተፈጸመ ስጓ፡ ተሰጒጎም ዓዶም ተመሊሶም ኢዮም። መመልከቲቶ ኣጻንዕት'ኻኻ ብኣድልዎ ናብዞም ውሱናት ወገናት ብምምልካት፡ "ርኣዩ! ርኣዩ! እዞም ወገናት እዚኣቶም ኣብ ቀረባ ግዜ ካብ ትግራይ ተሰዲዶም ዝመጽኡ ኢዮም" ብምባል ከተሓጸርካ፡ ካብኡ ሰገርካ ናብቶም ዝሰረቱ ደቀባት ኤርትራውያን ጀበርቲ ብምምልካት፡ "ንሳቶም'ውን ከም ኣሕዋቶም ኣብዚ ቀረባ ግዜ ካብ ትግራይ ዝመጹ'ዮም" ኢልካ ምሽፋጥ ወይ ምድንጋር ቅንዕና ኣይኰነን። እንታይ ድኣ፡ ደገፍ ናይቶም ታሪኻዊ ኣመጻጽኣን ኣቀዋውማን ህዝቢ ከበሳ ዘይፈልጡ ደቂ መታሕት ኣስላም ብምኽሳብ፡ ኤርትራውያን ጀበርቲ እምነት እተንብረሎም "ጽሩያት ደቀባት" ከም ዘይኰኑ ኣምስሊካ ኲነ ኢልካ ንምንጻሎምን ተሰማዕነት ከም ዘይህልዎም ንምግባርን ዝተኣመተ ኢዩ። ኣብ ከተማታት ዝቐመጡ ኲነ ኣብ ገጠራት ዝቐመጡ ነባራት ኤርትርውያን ጀበርቲ ግን ኣብዚ መዋእል'ዚ እውን እንተኾነ ካብ ትግራይ ይኹን ካብ ካልእ ቦታታት ስለ ዘይመጽኡ፡ ነዚ ሓቂ'ዚ ዘፍርስ ጭብጢ ዘሎዎ ኤርትርዊ ዜጋ እንተሎ ሃየ ጭብጡ ሒዙ ይበድህ !*

*ብዝተረፈ፡ መን ጭዋን መን ዘይጭዋን፣ መን ወደባት መን ዘይወደባት፣ ከም'ኡ'ውን መን ስሩት መዘይስሩት ምኻኑ ዝፈርድ፡ እቲ ብዓመጽ ንዘይደቂ ሃይማኖቱ ከጽንት ዘጓኒ ወገን ዘይኰነ፡ እቲ ፍትሒ ዘሎዎ ዘየዳሉ መዝገብ ታሪኽ ኢዩ። ኣብዚ ሕቶ'ዚ፡ ጀበርቲ ብመበቆልና ኲነ ብኣመጻጽኣና እንስከፈሉ ቅንጣብ ኣብነት የብልናን። ብታሪኽና ኣኺሉ ዝተርፍ ርእሰ-ምትእምማን ኣሎና። ወይሎም ድኣ እቶም ብታሪኾም ዘይተኣማመኑ፡ ንታሪኾም ከጸባብቑ ዘይነበረ ታሪኽ ለቓቒቦም ዝህንድሱን ንታርኽ እንዳማቶም ዘመራስሑን ደቀባትን መሰልቶምን !*

*ደቀባት ንህላወ ጀበርቲ ኣብ ኤርትራ ብምኽሓድ ከይተሓጽሩ፡ ንናይ ጀበርቲ ናይ ብሄር ሕቶ ብምልዓል ከምዚ ይብሉ፦*

> **"ንብሄርነት ብዝምልከት እንተኾነ'ውን፡ እቶም ተዛረብቲ ትግርኛ ጀበርቲ 'ንብሄር ትግርኛ ኣይንቕበሎን ኢና፡ ንሕና ፍሉያት ብሄር ኢና' ዝብሉ እንተኾይኖም ግን፡ ብሄራዊ መሰሎም ኣብ ትግራይ ከይዶም ይሕተቱ።" (ገጽ፡ 3)**

*ቀጺሎም ንጀበርቲ ምስቶም ኣብ መታሕት ዘሎዉ ኣስላም ብምንጽጻር ከምዚ ይብሉ፦*

> **"እቶም ተዛረብቲ ትግርኛ ኣብ ከበሳ ኤርትራ ዝኾኑ ኣስላም፡ ካብ ኣስላም መታሕት ስለ ዘይፍለዩ፡ ፍሉይ ብሄርነት**

> ንተዛረብቲ ትግርኛ <u>ካብ ጥንቲ</u> ከቶ ጠሊቦም ኣይፈልጡን።"
> (ገጽ፡ 3)

ጀበርቲ ኣብ ከብሳ ኤርትራ ካብ ጥንቲ ብሄርነት ክጠልቡ ዝኽእሉ፡ ካብ ጥንቲ ኣትሒዞም ኣብ ከበሳ እንተኔሮም ጥራይ ኢዩ። ካብ ጥንቲ ኣትሒዞም ኣብ ከበሳ እንተኔርም ከኣ፡ ከምቲ ደቀባት ኢና በሃልቲ ዝበልዎ "ነበርቲ" ዘይኰኑስ፡ ዝሰረቱ  ደቀባት ኢዮም። እዚ ኣበሃህላ'ዚ፡ ነቲ ኣቐድም ኣቢሎም ደቀባት ዝበልዎ ንህላወ ጀበርቲ ዝኽሕድ ኣበሃህላ ብቐጥታ ዝገራጮ'ዩ ጥራይ ዘይኰነ፡ ንህላወ ጀበርቲ ኣብ ከበሳ ዘረጋግጽ ባዕሎም ዘቕረብዎ ዘይትሃድመሉ መርትዖ  ኢዩ።

ደቀባት ንመርገጾም ዘራጉድ ጭብጢ ዘቕርቡ ዘሎዉ መሲልዎም፡ ኣስዒቦም ነቲ ነፍስሄር ዓሊ ሰይድ ናይ ኤርትራ ናይ ውጻኢ ጉዳይ ነበር ኢልዎ ንዝበልዎ ቃል ይጠቕሱ፦

> "ከመዮ ናይ ወጻኢ ጉዳይ ነበር፡ ነፍስሄር ዓሊ ሰይድ ኣብ ግዜ ረፈረንደም ዝበሎ፥ መንግስቲ ኤርትራ ዜግነት ትዕድል ድኣ'ምበር፡ ብሄርነት ኣይትዕድልን ኢያ፣ ብሄር ኢና ካብ በሉ ግን ኣብ ትግራይ ከይዶም ካብ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብሄርነቶም እንተ ሓተቱ ይሓይሽ ።" (ገጽ፡ 3)

ጀበርቲ ከም ናይ ገዘእ-ርእሱ ፍሉይ መንነት ዘሎዎ ብሄር መጠን ብሄርነቱ ናይ መንነቱ መግለጺ ስለ ዝኾነ፡ መንግስታዊ ተቐባልነት ይርከብ ኣይርከብ ዠሉሳዕ ምስኡ ኣሎ። ናይ ጀበርቲ ኤርትራዊ ዜግነት ዘየማትእ ስለ ዝኾነ፡ ብሄራዊ ሕቶ ስለ ዘልዓሉ ነቲ ዘልዓልዎ ሕቶ ምኽንያት ኣቕሪብካ ትቕበሎ ወይ ትነጽጎ ድኣ'ምበር፡ ኤርትራዊ ዜግነቶም ኣብ ጥርጣረ ኣእቲኻ ብሄርነትኩም ኪዱ ካብ ኢትዮጵያ ሕተቱ ክትብሎም ግቡእ ኣይኰነን። ግቡእ ኣይኰነን ጥራይ ዘይኰነ'ውን ሓደ  ህዝባዊ ሓላፍነቱ ዝፈልጥ ሓላፊ ክብሎ ዘይግባእ ናይ ብድዕን ንዕቀትን መልሲ ኢዩ። ነፍስሄር ዓሊ ሰይድ ነቲ ዘጸይፍ ቃል ይብሎ ኣይበሎ፡ ደቀባት ምድጋሞምን ከም መራጕዲ ጭብጢ ምቕራቦምን ንርእሱ ካብ ሌባ ተቐባል ሌባ ይኸፍእ ኢዩ።

ብሄራዊ መሰል ዘይገሃስ መሰል ስለ ዝኾነ፡ ንሃገርዊ ዜግነት ይኹን ንታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ናይቲ ብሄራዊ መሰሉ ዝጠልብ ዘሎ ኣካል ኣብ ጥርጣረ ዘኣቱ ወይ ብሃገርዊ ክሕደት ዘኽስስ ኣይኰነን። ስለዚ፡ ቃል ንፍስሄር ዓሊ ሰይድ ይበሎ ኣይበሎ፡ ናይቲ ዝውክሎ ዝነበረ መንግስቲ መርገጽ ስለ ዘንጸባርቕ ዘገርም ነገር የብሉን። ብሄር ሳሆ ንኣብነት፡ ሓደ ቋንቋ ንዛረብ ድኣ'ምበር ክልተ ነንበይንና ብሄራት-- ጦርዓን ዓሳውርታን-- ኢና ይብሉ ኢዮም። ዓሳውርታ ከም ጀበርቲ  ብሄራዊ ሕቶ እንተ ኣልዒሎም፡ ናይ ብሄር ሕቶኦም ምስ ኤርትራዊ ዜግነቶምን ታሪኻዊ ኣመጻጽኣኦምን ክቋረን ግቡእ ድዩ? ኣብ ብሄር ሳሮ ዝተጠርነፉ ዓሳውርታን ኣብ ብሄር ትግርኛ ዝተጠርነፉ ብሄር ጀበርቲን ብገዛእ-ርእስና ብሄር ኢና እንተበሉ፡ ብምፍራስ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ዘኽስስ ድዩ? ከም ርእሶም ዝኸኣሉ ብሄር እንተቐረቡ'ኸ እንታይ ጸገም የምጽእ? ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ብዝውስኽ ወይ ብዝንኪ ቍጽሪ ብሄራት ድዩ ዝፈርስ ወይ ዝድልድል? ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ቍጽሪ ብሄራት ይውስኽ ይነኪ ብዘየገድስ፡ ከምቲ ዝነበሮ ወይ ካብቲ ዝነበሮ ብዝያዳ ጸኒዑ'ዩ ክቕጽል። ስለዚ፡ ነተን ብሄራዊ መሰለን ዝጠለባ ማሕበረሰባት ብሄራዊ ሕቶኣን ክረጋገጸለን ዝግባእ፡ ንኹለን ብሄራት ከየዳለኻ ብድልድል ኣብ መኣዲ ሃገራዊ ጉዳይ ምስታፍ ፍትሓዊ ስለ ዝኾነ ድኣ'ምበር ካልእ ቍንቍኛ ስለ ዘሎዎ ኣይኰነን።

ሓድነት ናይ ሓደ ህዝቢ ብብዝሒ ወይ ዋሕዲ ብሄራቱ ኣይውሰንን ኢዩ። ከምኡ'ውን ናይ ሓደ ብሄር መንነት በቲ ካብ ካልኦት ብሄራት ዝፍለየሉ ማለት በቲ ንመንነቱ ዝገልጹ ፍሉያት ባህርያት ድኣ'ምባር፡ በቲ ንብሕቱ ወይ ብሓባር ምስ ካልኦት ዝሻረኾ ቋንቋ ወይ ከኣ ባህሊ ኣይውሰንን ኢዩ። በዚ ዝኣክል፡ ኣብቲ ነፍስሄር ዓሊ ሰይድ ኢልዎ ዝተባህለ ቃል እቲ ዘገርም ነገር፡ ናይ ጀበርቲ  ብሄራዊ ሕቶ ኣብ  ክንዲ ከም ሕቶ ናይ ሓደ ርእሱ ወኪሉ ብማዕርነት ኣብ ሃገርዊ ጉዳያት ንኽሳተፍ  ህዝባዊ ናይ ምውካልን ምስታፉን መሰሉ  ዝጠልብ ዘሎ ህዝቢ ዝርኣ፡ ነቲ ብሄራዊ ሕቶኡ ምስ ሃገርዊ ዜግነትን ታርኻዊ ኣመጻጽኣን ኣተኣሳሲርካ ንዘየጠራጥር ሃገራዊ ዜግነቱ ኣብ

*ጥርጣረ ምእታው ኢዩ። ታሪኻዊ ኣመጻጽእኣ ናይ ሓደ ብሄር ኣብ ጥርጣረ ዘእቱ እንተ'ኾይኑ፡ እዚ መምዘኒ'ዚ ንምታይ'ዩ ብኣድልዎ ኣብ ጀበርቲ ጥራይ ዝዝውተር? ካብ መዓስን ንምንታይን'ዩ'ኸ ካብ ትግራይ ምምጻእ ዘጠራጥር ካብ ካልእ ቦታታት ምምጻእ ግን ዘየጠራጥር ዝ'ኾነ? እዛ ትማሊ መሻር'ኽት'ኻ ኣብ ዝነበርትሉ ግዜ "ካብ ጀብሃ ኣድሓርሓርቲ ኣሕዋትና፡ ወያነ ናይ መትከል ብጾትና ይዓዙና!" ብምባል ትውደስ ዝነበረት፡ ጸኒሑ ናይ ዶብ ግጭት ምስ ተላዕለ ግን ኩሉ ተረሲዑ፡ "ብቐደሙ ደይ ንሕና ተሃሚልና እምበር፡ ልቦም ዘይርከብ መሽጐራጒር እንድዮም!" ተባሂላ ዝተጸልአት ትግራይ፡ ካብ ዶብ ኤርትራ ርሒቓ ኣብ ሰሜናዊ ወይ ደቡባዊ ጫፍ ምድሪ ዲያ ትርከብ? መዳውብቲ ኤርትራዶ ኣይኰነትን? ብጀካቶም ካብ ትግራይ ወይ ኢትዮጵያ ተሰዲዶም ዝመጽኡ ኢዮም ዝበሃሉ ዘሎው ጀበርቲ፡ ካልኣት ካብ ትግራይ ወይ ኢትዮጵያ ናብ ኤርትራ ቅድሚ ሕጂ ተሰዲዶም ዝመጽኡ የሎዉን ድዮም? ኣብ ታሪኽ ኤርትራን ኢትዮጵያን ገለ ባእታታት ብዝ'ኾነ ሰበብ ካብ ኢትዮጵያ ናብ ኤርትራ ወይ ከኣ ካብ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ንከይስደዱ ዝውግዝ ኣህጉራዊ ሕጊ ኔሩን ኣሎን ድዩ? ምስዳድከ ዘነውር ተግባር ዲዩ? ብሄር ትግርኛን ብሄር ሳሆን ብሄር ብሌንን ብሄር ዓፋርን ከምኡ'ውን ብሄር ኩናማ ኤርትራ፡ ምስተን ኣብ ኢትዮጵያ ብፍላይ ከኣ ትግራይ ዘሎዋ መማዝንተን ብሄራት ዘይከሓድ ብሄራዊ ዝምድና ብምህላወን፡ ካብ ትግራይ ተሰዲደን ዝመጽኣ ኢየን ተባሂለን ክ'ኽሰሳ ይ'ኽእላዶ? ብሰሪ'ዚ፡ ኤርትራዊ ዜግነተንከ ኣብ ጥርጣረ ክኣቱ ይ'ኽእልን ይግባእንዶ?*

*ንም'ኳኑ፡ እቶም ንጀበርቲ "ኣብ ቀረባ ግዜ" ካብ ትግራይ ዝመጹ ኢዮም ዝብሉ ዘለዉ ወገናት፡ ንባዕላቶም ካበይን መዓስን ብ'ኸመይን'ዮም ኣብ ከበሳ ኤርትራ መጺኦም? ንባዕሎም ካብ ኢትዮጵያ (ብፍላይ ከኣ ካብ ናይ ሎሚ ክልላት ትግራይን ኣምሓራን) ዘይመጽኡ እንተ'ኾይኖም፡ እንታይ ድኣ ኣብ ኣርብዓታት "ኢትዮጵያ ወይ ሞት! " ኢሎም ንኤርትራ ምስታ "ወላዲት ሃገር" ዝብልዋ ዝነብሩ ኢትዮጵያ (ንትግራይ ዝሓቑፈት) ከሕብርዋ ዝደለዩ? ንምንታይ'ዮምከ ገለ ካብኣቶም ትግራይ-ትግር'ኚ (ንኤርትራን ትግራይን እተጠቓልል ግዝኣት) ክምስርቱ ዝደልዩ ኔሮም? ጀበርቲ ካብ ኢትዮጵያ (ብፍላይ ከኣ ካብታ ሕጂ ስለ ዘይማእመአትካ ክሳብ ትምእማኣካ ከተርሕቓ ዝመረጽካ ትግራይ) ዝመጽኡ እንተ'ኾይኖም፡ ንምንታይ'ዩ ኣብቲ ኤርትራ ምስ ኤርትራ ዝሓበርትሉ ዕለት (1962)፡ ንጀበርቲ "ኢትዮጵያውያን ኣይኰንኩምን መእተዊ'ኹም ድለዩ" ንምባል "ጃንሆይ መጸ ብሰማይ ወይል'ኻ ኣስላማይ" ተባሂሉ ዝተደርፈ? ንምንታይ'ዩ'ኸ ክርስትያን ደቂ ከበሳ ኣብ እዋን ሕብረት፡ ከበሳ ኤርትራ ምስ ከበሳ ኢትዮጵያ ዘሎዎ ጽኑዕ ታሪኻዊ ዝምድና ንምርግጋጽ "ካብ ትግራይ ዘይውልድ ኣይጭዋን " እናበሉ ዝፍክሩን "ርእስና ኣብ ባሕሪ እግርና 'ሽኣ ኣብ ጎንደር" እናበሉ ዝጭፍሩን ኔሮም? ንምንታይ'ዩ'ኸ ኣብቲ ካብ ፍቕሪ ሃገር ኢትዮጵያ ዝነቕለ፡ ሬሳ ብባንዴራኣ ዝግንዘሉ፡ ዳስ መርዓ ብባንዴራኣ ዝሽለመሉ፡ ከምኡ'ውን ንሕብረት ዘይደገፈ ብቤተ-ክርስትያን ዝውገዘሉ ዝነበረ እዋን፡ ጀበርቲ ድኳናቶም ይነድድን መራሕቶም ይቕንጸሉን (ንኣብነት፡ መራሒ ስዉእ ጅግና ኣቦና ዓብድልቓድር ከቢረ-- ረቢ ይርሓሞን ንጀና ይበሎን!) ጥራይ ዘይኰነ፡ ደቀባት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣይኰንኩምን ንምባል፡ "ኣስላማይ ዓውዲ-የብሉ፣ ሰማይ ዓንዲ-የብሉ" ተባሂሉ ዝምሰል ኔሩ? ደቀባትን መሰልቶምን መልሱ!*

*ናይ ጀበርቲ ናይ ብሄር ሕቶ ናይ ህዝባዊ መሰል ሕቶ ስለ ዝ'ኾነ፡ ብባህርዩ ደሞክራሲያዊ ሕቶ ኢዩ። ጀበርቲ ናይ ብሄር ሕቶ ዘልዓሉ ርእሶም ወኪሎም ኣብ ሃገርዊ ጕዳያት ን'ኽሳተፉ ስለ ዝ'ኾነ፡ ብሄራዊ ሕቶኦም ንሓድነት ህዝቢ ዘፍርስ ይ'ኹን ንድሕነት ሃገር ኣብ ሓደጋ ዘውድ'ቕ ኩነት ኣይኰነን። ጀበርቲ ይ'ኹን ካልኦት ብሄራት ከይተጓነዩን ከይተነጸሉን እንተድኣ ኣብ ሃገርዊ ጕዳያት ብማዕርነት ክሳተፉ በቒዖም፡ ተሳተትፎኦም ነቲ ኣብ ደሞክራሲያዊት ሃገር ዝድለ ህዝባዊ ተሰትፎ ዘዕዝዝ ድኣ'ምበር ንዝ'ኾነ ወገን ዝኣዚ ይ'ኹን ዝጐዚ ኣይኰነን። ስለዚ ናይ ጀበርቲ ናይ ብሄር ሕቶ፡ ህዝባዊ መሰል ንምርግጋጽ ዝጠልብ ሕቶ ስለ ዝ'ኾነ፡ ኣብ ልዕሊ ሃገር ይ'ኹን ህዝቢ ዘውርዶ ጸገም የለን። እቲ ጸገም ነቲ ሕቶ ብጌጋ ብምርዳእ፡ ኣጋኒንካ ንጸጥታ ሃገር ኣብ ሓደጋ ከም ዘውድ'ቕ ወይ ኣብ መንጎ ሓደ ህዝቢ ሕንፍሽፍሽ ከም ዘእቱ ወይ ከኣ ምርሕሓ'ቕ ከም ዘምጽእ ኣስጋኢ ሕቶ ጌርካ ም'ቕራቡ ኢዩ። በዚ መሰረት'ዚ፡ ንህዝቢ ጀበርቲ ናይ ብሄር ሕቶ ብምልዓሉ ትግርኛዊ ቋንቋኡን ባህሉን ይ'ኽሕድ ከም ዘሎ ኣምሲልካ ብም'ቕራብ፡ "ናይ መንነት ቅልውላው ኣሎዎ" ብዝብል ጠቐነ፡ ንወገነይ እትብሎ ንምሕናን ከም በዓል ደምካ ከተጽልኦን ከተ'ኽስሮን ከተዋርዶን ምህቃን ቅንዕና ዘሎዎ ተግባር ኰነ መንፈስ ኣይኰነን። ንህዝቢ ብ'ቕንዕና ምምራሕ'ውን ኣይኰነን-- ንህዝቢ ብብድዐ ምቅይያምን ምንጃትን እምበር !*

ኣቐዲሙ ከም እተጠቕሰ፡ ናይ ሓደ ህዝቢ ብሄርነት ብቐጥታ ምስ መንነቱ እምበር ምስ ቋንቋኡን ባህሉን ዝተኣሳሰረ ኣይኮነን። ቋንቋኡን ባህሉን መርኣያታት መንነቱ እምበር ንብሄርነቱ ዘቚሙ ወሰንቲ ረቛሒታት ኣይኮኑን። ስለዚ ናይ ጀበርቲ ናይ ብሄር ሕቶ ካብ መንነቱ ዝመንጨወ ዘይገሃስ ናይ ህዝባዊ መሰል ሕቶ ከም ምኻኒ መጠን ብዝኾነ ሓይሊ ዝምጽወት ኣይኮነን። ናይ ጀበርቲ ብሄርነት ካብቲ ፍሉይ መንነቱ ስለ ዝተወልደ ወትሩ ምስኡ ኣሎ። ጀበርትነት ካብ ምውህሃድ ክልተ ዓበይቲ ስልጣነታት ወይ ባህልታት -- እስላማውን ኣኽሱማውን (ሓበሻውን )-- ናይ ገዛእ-ርእሱ ፍሉይ ባህርያት ቀሪጹ ዝተወልደ ፍሉይ መንነት ኢዩ። ከም ናይ ጀበርቲ ፍሉይ መንነት መጠን፡ ጀበርትነት ኣብቲ ልዕሊ ሽሕን ኣርዓተ ሚእትን ዓመታት ዝወሰደ ታሪኽ ሓደ ስነ-ኣእምራዊ ኣቀዋውማ ኣስሪጹን ሓደ ማሕበራዊ ኣነባብራ (ብእስላምናን መውስቦን ዝተኣሳሰረ) ሃኒጹን ዝተነድቀ ነቒ ዘይብል ሰራውር ዘሎዎ ክውንነት ብምኻኑ፡ ዝምንዝዖ ምድራዊ ሓይሊ የለን። ንጀበርቲ ጀበርትነቱ ትማሊ ምስኡ ኔሩ፣ ሎሚ ምስኡ ኣሎ፣ ጽባሕ'ውን ናይ ግድን ምስኡ ክህሉ ኢዩ። ስለዚ፡ ንጀበርቲ ብሄርነትካ ካብ ኢትዮጵያ ክትቅበል ንትግራይ ገጽካ ኺድ ምባል፡ ኣብ ኤርትራ ህላወ የብልካን ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ መንነት የብልካን ምባል ኢዩ። መንነት የብልካን ምባል ከኣ ንባዕሉ ጀበርቲ ኣይኮንካን ምብል ስለ ዝኾነ፡ ንጀበርቲ ምስኡ ንዘሎ ዘይምንዛዕ ጀበርትነት የለን ምባል ጀውሃሩ (its substace) ንሓቂ ማለት ንዘይከሓድ ክውንነት ምኽሓድ ኢዩ። ንክውንነት ምኽሓድ ኣበሳ ዘይተቖጽረ፡ ንምንታይ'ዩ ግን ብሄራዊ ሕቶ ምልዓል ኣበሳ ተቖጺሩ ንጠላቢኡ ሃገርዊ ዜግነቱ ክሒድካ (ኣመጻጽኣኻ ዘየታሓትት ያኢ ኰይኑ ! ) ኪድ ብሄርነትካ ካብ እገሊት ሃገር (ኢትዮጵያ) ጥለብ ተባሂሉ ዝውገዝን ዝግዘዝን? ንምኻኑ፡ ህዝቢ ሓበሻ ንባዕሉ ቀይሕ ባሕሪ ተሳጊሩ ካብ ሓውሲ ደሴት ዓረብ ፈሊ`ሱ ዝመጽአ ህዝቢዶ ኣይኮነን? ኣብ ኤርትራ ይኹን ኣብ ኢትያጵያ ዘሎ ህዝቢ ሓበሻ ኣብ ሓደ ታሪኻዊ ወቕቲ ካብ ሓውሲ ደሴት ዓረብ ተሰዲዱ ዝመጽአ ህዝቢ ከም ምኻኑ መጠን፡ ኪድ ኤርትራዊ ዜግነትካ ወይ ከኣ ኢትዮጵያዊ ዜግነትካ ካብ ዝመጸኻሉ ሓውሲ ደሴት ዓረብ ጥለብ ክበሃል ይከኣልዶ? ኦ! "ጽሩያት ደቀባት"፡ ገለ ዝፍእድ (ዝጠቅም) "ጽሩይ" መልሲዶ ኣሎኩም?

ቅድሚ ናብቲ ዝቕጽል ናይ ብሄር ኣምር ዝብል ኣርእስቲ ምስጋርና፡ ኣብ መጠርነፍታ ብዛዕባ ናይ ጀበርቲ ጉዳይ ከይተጠቕሰ ክሕለፍ ዘይብሉ ነጥቢ፡ ናይ ጀበርቲ ናይ ብሄር ሕቶ ዘይገሃስ ናይ ህዝባዊ መሰል ሕቶ ከም ምኻኑ መጠን፡ ዝኾነ ብሓቂ ንህዝቡ ዝሓልን ብተሳትፎ ህዝቡ ዝግደስን ደሞክራሲያዊ መንግስቲ ከምኡ'ውን ደሞክራሲያዊ ተቓዋሚ ሰልፊ፡ ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ ሃገርዊ ጉዳያት ንምድንፋዕ ክቕበሎን ክትግብሮን ዘሎዎ ኣገዳሲ ሕቶ ምኻኑ ኢዩ። ስለዚ ነብስወከፍ ንደሞክራሲኣዊ መሰላት ህዝቢ የኽብር'የ ዝብል ደሞክራሲያዊ መንግስቲ ይኹን ሰልፊ፡ ንናይ ጀበርቲ ብሄራዊ ሕቶ ዕቱብ ቆላሕታ ሂቡ ክምልሶ ድኣ'ምበር ብዓይኒ-ጠርጠራ ጠሚቱ ክውንጅሎ ኰነ ጎስይዎ ክሓልፍ የብሉን።

## 2.2 ናይ ብሄር ኣምር

ቅድሚ ናብቲ ናይ ጀበርቲ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ምስጋርና፡ ምእንቲ ብዛዕባ ናይ ብሄር ኣምር ዝዓሞቐ ምርዳእ ክህሉ፡ ብሳዕቤኑ ኸኣ ናብ ቅኑዕ ሻርነት ዘይብሉ ርትዓዊ ፍታሕ ከምርሕ እስከ ነቲ ብሄር ዝብል ኣከራኻሪ ኣምር ቀሪብና ንርኣዮ።

ብርግጽ፡ ናይ ሓደ ሃገር ህዝቢ ዝለዓለ ማሕበራዊ ጥርናፌ ሕብረተሰብ (society) ኢዩ። ሕብረተሰብ ንባዕሉ ኣብ ውሽጡ ዝተፈላለያ ማሕበረሰባት ዝሓቑፈ ስለዝኾነ፡ ማሕበረሰብ (community) እቲ ቀጺሉ ዝርከብ ካልኣይ ደረጃ ማሕበራዊ ጥርናፌ ኢዩ። ማሕበረሰብ ከከም ዕብየቱ ብእንዳ (clan)፣ ብቀቢላ (tribe)፣ ወይ ከኣ ብብሄር (nationality) መልክዕ ክጥርነፍ ስለ ዝኽእል፡ ዓይነት ማሕበራዊ ጥርናፈኡ ሓደ መልክዕ ዝሓዘ ኣይኮነን። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ማሕበረሰብ ኣብ ገሊኡ ቦታታት ብሓደ ዓይነት ወይ ከኣ ብነንበይኑ ዓይነት ትውልዳዊ መበቆልን ታሪኻዊ ኣመጻጽኣን ዘሎዎም እንዳታት፡ ቀቢላታት፡ ወይ ድማ ብሄራት ክቖውም ይኽእል ኢዩ። ንምሳሌ፡ ነተን ሰለስተ ናይ ኢጣልያ ግዝኣታት ዝነበራ ሃገራት ኣፍሪቃ ምስ ንርኢ፡ ኣብ ሶማልያ ዘሎ ማሕበረሰብ ብእንዳ፣ ኣብ ሊብያ ዘሎ

ማሕበረሰብ ብቐቢላ፣ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ማሕበረሰብ ከኣ ብብሄር ዝተጠርነፈ ኢዩ። እቲ ኣብ መንጎ እንዳን ቀቢላን ብሄርን ዘሎ ፍልልይ ናይ ዕብየት ፍልልይ ኰይኑ፡ እቲ ብዕብየቱ ዝለዓለ ብሄር ክኸውን ከሎ፡ እቲ ብዕብየቱ ዝተሓተ ኸኣ እንዳ ኢዩ።

እንዳ ንገዛእ-ርእሱ ብቤተሰብ፡ ቤተሰብ ከኣ ብውልቀሰባት ዝቖመ ኢዩ። ካብዚ ሓቂ'ዚ ክድምደም ዝከኣል ነገር እንተሎ፡ እቲ መሰረት ናይ ዝኾነ ሕብረተሰብ ዘንጽፍ፡ እቲ ነቲ ሕብረተሰብ ብግብሪ ሞተር ኰይኑ ዘንቀሳቕስ ውልቀሰብ ኢዩ። ስለዚ፡ ውልቀሰብ ከም መሰረትን ሞተርን ናይ ሕብረተሰብ መጠን መሰሉ ካብ ኵሉ ነገራት ንላዕሊ ስለ ዝዓዝዝ፡ ኣብ ቅዋም ሃገርን ሕጊ መንግስትን ቀዳምነት ሒዙ ብህይገሃስ ኣገባብ ክሰፍር ኣሎዎ። ኣብ ደሞክራሲ ዝሰፈና ሃገር፡ ምግሃስ መሰል ውልቀሰብ ከም ምግሃስ መሰል ህዝቢ'ዩ ዝቝጸር። ምኽንያቱ፡ ውልቀሰብ ከም ትንፋስን ስምዒትን ዝሓዘ ፍጡር መጠን መሰሉ ማለት ክብረቱ፡ ከራምኡ (his dignity)፡ ኣበርክትኡ፡ ሃንቀውትኡ፡ ሞያኡ፡ ምህዞኡ፡ ፍልስፍንኡ፡ ሃይማኖቱ ወዘተ. ኢዩ።

ካብ ሕብረተሰብ ኣትሒዝካ ክሳብ ውልቀሰብ ዘሎ መሳልል ማሕበራዊ ጥርናፈ ብምንጽጻር ምስ እንግንዘቦ፡ ሽሕ ሕብረተሰብ፣ ሚእቲ ማሕበረሰብ (ብሄር)፣ ከምኡ'ውን ዓሰርተ ቤተሰብ እንተኾይኑ፡ ሓደ ውልቀሰብ ኢዩ። ልክዕ ከምቲ ሽሕን ሚእትን ዓሰርተን ድምር ናይ ሓደታት ዝኾኑ፡ ሕብረተሰብን ማሕበረሰብን ቤተሰብን እውን ድምር ናይ ውልቀሰባት ኢዮም። ስለዚ። ልክዕ ከምቲ ብዘይ ጽኑዕ መሰረት ዝተሃንጸ ህንጻ ብፈኵስ ንፋስ ተነኒዩ ሃደሽደሽ ኢሉ ዝፈርስ፡ መሰል ውልቀሰብ ዝግህስ ሕብረተሰብ እውን ቀስብቐስ እናማህመነ ፈርከሽከሽ ኢሉ'ዩ ዝወድቕ።ምኽንያቱ፡ ከምቲ ሓደ ከይበልካ ሽሕ ክትበጽሕ ዘይትኽእል፡ መሰል ውልቀሰብ ከየኽበርካ ጥዑይ ሕብረተሰብ ክምስረት እውን ዝከኣል ኣይኰነን። ምኽባር መሰል ውልቀሰብ ፡ መተካኢታ ዘይብሉ ውሕስነት ስልጣነን ብልጽግናን ጥራይ ዘይኰነ፡ እንተላይ ውሕስነት ሰላምን ቅሳነትን ኢዩ።

ኣብዚ ብዛዕባ ናይ ብሄር ኣምር ዝዝተየሉ ዘሎ ኣርእስቲ፡ ካብ ሕብረተሰብ ጀሚርካ ክሳብ ውልቀሰብ ዘሎ ማሕበራዊ ጥርናፈ ምዝርዛር ኰነ ንግደ ናይ ውልቀሰብ ምንጻር ዘድለየ፡ መሰል ብሄር ምርግጋጽ ሓደ ካብ መለለዪታት ናይ ሓደ ደሞክራሲያዊ ስርዓት እኳ እንተኾነ፡ ብሄር ንባዕሉ ብውልቀሰባት ዝቘመ ስለ ዝኾነ፡ ምርግጋጽ መሰል ብሄራት ብኻልእ መልክዕ መሰል ናይቶም ኣብቲ ብሄር ዘሎዉ መሰሎም ዝተጋህሱ ውልቀሰባት ምርግጋጽ እውን ምዃኑ ንምዝኽኻር ኢዩ።

ብሄር ከም ዝለዓለ መልክዕ ናይ ማሕበርሰብ መጠን በቲ ስፍሕ ዝበለ መልክዑ ክግለጽ ኣሎዎ። ብሄር በቲ ዝሰፍሐ ስነ-ፍልጠታዊ ትርጕሙ ክግለጽ እንከሎ፡ ነቲ ብፍሉይ መንነቱ ዝልለ ናይ ሓባር ስነ-ኣእምራዊ ኣቀዋውማን ታሪኻዊ ኣመጻጽኣን ዘሎዎ ማሕበረሰብ ዝምልከት ኢዩ። ኣብ ርእሲ እዞም ንብሄር ዝገልጹ ማንታ ባህርያት፡ ብርግጽ ካልኦት ንሓደ ብሄር ንምልላይ ዘገልግሉ ከም ፍሉይ ቋንቋ፡ ባህሊ፡ ሃይማኖት፡ መበቆል፡ ከምኡ'ውን ስፍራ (ጂኦግራፊያዊ ቦታ) ዝኣመሰሉ ሓገዝቲ ረቛሒታት እውን ኣለዉ። እዞም ሓገዝቲ ረቛሒታት እዚኣቶም፡ ብሄር ንምህናጽ ዘድሊ መሰረት የንጽፉ ድኣ'ምበር፡ ሓደ ብሄር ተሰሪቱ ዝንደቕ ኣብ ጕዕዞ መስርሕ ታሪኽ ህላወኡ ዓቂቡ ንዘመናት ክጕዓዝ ምስ ዝበቅብን ናይ ገዛእ-ርእሱ ፍሉይ መንነት ንምቕራጽ ምስ ዝዕወትን ጥራይ ኢዩ። ካብዚ ዝተላዕለ፡ እዞም ሓገዝቲ ረቛሒታት እዚኣቶም፡ ንሓደ ብሄር ብሄር ምዃኑ ንምልላይ ዝሕግዙ መለለዪ ረቛሒታት ድኣ'ምበር፡ ንሓደ ንብሄር ዝተሓጽየ ማሕበርሰብ ብሄር ምዃኑን ዘይምዃኑን ዝውስኑ ማለት ንምሕላፉ ወይ ንምትራፉ እተውከሶም መምዘኒ ረቛሒታት ኣይኰኑን።

ሓደ ብሄር ነዞም ክጥቀሱ ዝጸንሑ ሓገዝቲ ረቛሒታት ንብምልኦም ዘየማልእ ወይ ከኣ ንገለ ካብኣቶም ጥራይ ዘማልእ ክኸውን ስለ ዝኽእል፡ ከም ወሰንቲ መምዘኒ ረቛሒታት ክውሰዱ ኣይግባእን ኢዩ። ንኣብነት፡ እቲ ንእስራኤል ዝመስረተ ንብዙሕ ዘመናት ብሄራዊ መንነቱ ከየጥፈአ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ተበታቲኑ ዝነበረ ናይ ኣይሁድ ብሄር፡ ንሓንቲ ካብተን ሓገዝቲ ረቛሒታት ማለት ንሃይማኖት ኣይሁድነት ጥራይ'ዩ ዘማልእ። ይኹን'ምበር፡ ብሄር ኣይሁድ ብሓደ ስነ-ኣእምራዊ ኣቀዋውማን ብሓደ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣን ስለ ዝተጠምረ፡ ብዘይ ሓደ ቋንቋን ሓደ ባህሊን ሓደ ስፍራን ኣብ ሓደ ሃይማኖት ጥራይ ተሞርኲሱ ምብትታኑ ብዘየገድስ ብሄርነቱ ዓቂቡ

*ክንዓዝን ሃገር ከቕውምን በቒዑ። ካብዚ ኣብነት'ዚ ክርዳእ ከም ዝከኣል፡ ሓደ ብሄር ንበይኑ ዝብሕቶ ቋንቋ፡ ባህሊ፡ ከምኡ'ውን ስፍራ ይሃልዎ ኣይሃልዎ ብየገድስ፡ ብሄርነቱ ከየጥፈአ ከም ብሄር ህላወኡ ከረጋግጽ ከም ዝኽእል ኢዩ። ብተወሳኺ፡ ካብዚ ግብራዊ ተሞክሮ ብምንጽጻር ክቕሰም ዝከኣል ትምህርቲ እንተሎ፡ ናይ ጀበርቲ ናይ ብሄር ሕቶ ሓደ ዝተደመሮ ሓደ ይኸውን ክልተ ብምባል ዝምለስ ቊጽራዊ ግድል ዘይኰነ፡ ዕቱብ ቆልሕታን ሰፊሕ ልቦናን ንጹህ ልብን ዘድልዮ ግንከ ብቕንዕናን ተገዳስነትን ትብዓትን ብቐሊሉ ክምለስ ዝከኣል <u>ንብዙሓት ዘመናት ንዝተጓነዩን ዝተበደሉን ዝተወጽዑን ሃገርውያን ዜጋታት ዝምልከት ዝተማህዘ ዘይኰነ ህላወ ዝጸንሖን ዘሎዎን ጭቡጥ ሕቶ ምዃኑ ኢዩ።</u>*

*ናይ ብሄር ኣምር ኣብቶም እተጠቕሱ ሓገዝቲ ረቛሒታት ጥራይ ተመርኰስካ ዝግለጽ እንተኾይኑ፡ ሓደ ብሄር ብሄር ምዃኑን ዘይምዃኑን ንምውሳን ኣከራኻሪ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። እንተኾነ፡ ኣብ ናይ ብሄር ሕቶ እቲ ዘገድስ ነተን ብሄር ዝጠልባ ዘሎዋ ማሕበረሰባት ብመሰረት ኣተራጒማ ናይቲ ብሄር ዝብል ኣምር እንታይ ስም ትህበን ወይ ከኣ ንመን ተሕልፈን ንመንከ ተትርፈን ዘይኰነ፡ ነተን ማሕበረሰባት ከየዳለኻ ኣብ ኵሉ ሃገርዊ ጒዳያት ርእሰን ወኪለን ከም ዝቐርባን ከም ዝሳተፋን ምግባር ኢዩ። ስለዚ፡ እቲ ኣነ ደሞክራሲያዊ'የ ዝብል መንግስቲ ወይ ሰልፊ፡ ደሞራሲዊነቱ ኣብ ናይ ብሄር ሕቶ ዝረጋገጽ፡ ኣብ ናይ ብሄር ሕቶ ዘሎዎ መውቀፍ ብምንጻር ንኹለን ኣብቲ ሃገር ዘሎዋ ብሄራት ወይ ማሕበረሰባት ብዘይ ሌላን-ጒሌላን ብህላወአን ኣሚኑ ብግብሪ ኣብ መኣዲ ሃገርዊ ጒዳይ መንበር ከም ዝህልወን (ከም ዝሕዛ) ምስ ዘረጋግጽጥራይ ኢዩ። ካብዚ ሓሊፉ ብዛዕባ ማዕርነት ብሄራት ዝጭራሕ ጭርሖ ብዝቐረበ ሸነኽ ይቕረብ ባዶ ኢዩ።*

## 2.3 *ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ጀበርቲ*

*ንናይ ጀበርቲ ሕቶ ብዝምልከት፡ እቲ ኣውራ ክዝንብዕ ዝጸንሐ ጒዳይ እቲ ንታሪኻዊ ኣመጻጽኣኦም ዝምልከት ጒዳይ ስለ ዝኾነ፡ ብዛዕባ'ዚ ጒዳይ'ዚ ንጹርን ብቑዕን ምርዳእ ንኸሀሉ ንድሕሪት ተመሊስካ ብዝርዝር ምትንታኑ ጠቓሚ ኢዩ። እዚ ክፋል'ዚ፡ ነቲ ክሳዕ ሕጂ ብዛዕባ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ጀበርቲ ብከም በዓል ደቀባት ዝኣመሰሉ ተጻባእቲ ብገርሂ ይኹን ብውሳይ ዝተፈጥረ ዋግዋጎ ገላሊሁ ዋሕ ዘብል ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ነቲ ንጀበርቲ ብዓይኒ-ጠርጠራ ከጠምት ዝጸንሐ "ኣብ ቀረባ ግዜ ካብ ትግራይ ዝመጽኡ'ዮም " ዝብል ሕሜታ፡ ታርኻዊ ሓቅነት ዘይብሉ ናይ ፈጠራ ጽውጽዋይ ምኻኑ ቀላሊዑ ዘረጋግጽ እውን ኢዩ።*

*ኤርትራ ከም ሃገር መጠን፡ ነዚ ሒዛቶ ዘላ ጂኦግራፊያዊ ቅርጽን ኣህጒራዊ ተፈልጥነት ዘሎዎ ሕንጹጽ ዶባትን ስሙር ዝተማእከለ መንግስትን ሓቝፉ ዝቖመት፡ ብ1890 ኢ.ያ። ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ኢጣልያውያን ገዛእቲ ከም ባዕዳዊት ግዝኣት ዘቖምዋ፡ ንቀጻሊ መግዛእታዊ ምስፍሕፋሕ ኣብ ኣፍሪቃ መበገሲ ክትኰኖም ኢዩ። ኤርትራ ቅድሚ 1890 ከም ርእሳ ዝኸኣለት ፖለቲካዊ ኣሃዱ* (Political entity) *ኣይነበርትን። ኣብ ናይ ዓለም ፖለቲካዊ ካርታ ህላወኣ ዘረጋገጸት፡ ካብቲ ከም ሃገር ምቛማ ብዕሊ ዝኣወጀትሉ 1890 ንደሓር ኢዩ። ኤርትራዊ ዜግነትን ሃገራዊ ስምዒትን ከም ተርእዮታት መጠን ንመጀመርያ ግዜ ዝተቐልቀሉ ድሕሪ ምቛም ኤርትራ ከም ሃገር ኢዮም። እዞም ተርእዮታት እዚኣቶም፡ ምስ ምቛም ኤርትራ ከም ሃገር መጠን ክቕልቀሉ ዝኸኣሉ ከም ውጺኢት ናይቲ ብኢጣልያውያን ገዛእቲ ዝተኻየደ ሱር-ነቀል ማሕበረ-ቊጠባዊ ለውጥታት ሓዲሽ ኤርትራዊ ሕብረተሰብ ክውለድ ብምኽኣሉ ኢዩ። እቲ ሽዑ ዝተወልደ ሓዲሽ ኤርትራዊ ሕብረተሰብ፡ ነተን ፉሕ-ጨንገርሕ ኢለን ኣብ ጉልትታት* (chiefdoms) *ተኸፋፊለን በብኸባቢአን ገሊአን ብሱልጣን (ደንካልያ)፣ ገሊአን ብራእሲ (ከበሳ)፣ ገሊአን ብናይብ (ሰምሃር)፣ገሊአን ብሹም (ጋሽን ባርካን) )፣ ከምኡ'ውን ገሊአን ብከንቲባ (ሳሕልን ሰንሒትን) ዝመሓደራ ዝነበራ መስፍናዊ ግዝኣታት፡ ኣብ ሓደ መንግስቲ ተማእኪለን ከም ዝወሃሃዳ'ዩ ጌሩ። ቅድሚ ምቛም ኤርትራ ከም ሃገር መጠን፡ ኤርትራዊ ዜግነትን ሃገርዊ ስምዓትን ስለ ዘይነበረ፡ ካብ ጥንቲ ኣትሒዝና "ጽሩያት ኤርትራውያን" ወይ "ጭዋታት ደቀባት ኤርትራ" ኢና ኔርና ዝበሃል ኣበሃህላ ምኩሓት ደቀባትን መሰልቶምን እምበኣር መሰረት ዘይብሉ ጽውጽውይ ኢዩ።*

ዕድመ ኤርትራ ካብዚ ሕጂ ሒዝናዮ ዘሎና ዓመት (2011) እንተፈቒድናዮ፡ ብልክዕ 121 ዓመታት ኢዩ። ንዕድመ ናይቲ ጀበርቲ ኣብ ኤርትራ ዝመጽእሉ ተባሂሉ ዝጥቀስ ወቕቲ (ዘበን ከስትኑ) ከባቢ መፋርቕ 1870 እንተፈቒድናዮ ኸኣ ብውሑዱ 131 ዓመታት ኢዩ። ናብ ርሑቕ ከይከድናን ናብ ካልእ ከይሰገርናን፡ ነዚ ዝንቡዕ ታሪኻዊ ኣረኣእያ ከም ዘሎዎ ከም ታሪኻዊ ሓቂ እንተ ተቐቢልናዮ፡ ጀበርቲ ኣብ ኤርትራ ዝተቐመጥሉ ዕድመ ካብቲ ኤርትራ ከም ሃገር ዝተፈልጠትሉ ዕድመ ይዓቢ። ካልእ ይትረፍ፡ ኣብዚ ተጻባእቲ ናይ ጀበርቲ ኤርትራዊ ዜግነት ዘቕረብዎ "ካብ ትግራይ ኣብ ቀረባ ግዜ ዝመጹ" ዝበሃል ኣተራርኻ ጥራይ ተመርኩስካ ንናይ ጀበርቲ ኤርትራዊ ዜግነት ምስ እትምልከቶ፡ ጀበርቲ ብዘይጥርጥር ብትውልዲ ናይ ኤርትራ ዜጋታት ኢዮም። በዚ መሰረት'ዚ፡ እቲ ደቀባት ንጀበርቲ ኤርትራዊ ዜግነቶም ንኽነፍጉ፡ "መንግስቲ ኤርትራ ከም ኤርትራውያን ዜጋታት ዝተቐበሎም ኣብ እዋን ረፈረንደም ቅድመ-ኩነት ዜግነት ኣማሊኦም ስለ ዝጸንሑ'ዩ (ማለት ብትውልዶም ደቀባት ዘይኰኑስ ብሕጊ እንዳባ መሰረት ደቀርባዓ ስለ ዝኸኑ'ዩ)"፡ ዝበልዎ እውን ታሪኻዊ ሓቅነት ዘይብሉ እናፈለጥካ "መዓንጠኦም ቅርጽ ይበሉ" ተባሂሉ ዝቐረበ ናይ ተወራዘይቲ ኣተራርኻ ኢዩ።

እቲ ሓቀኛ ኣመጻጽኣ ጀበርቲ ኣብ ኤርትራን ኣቀዋውማ ብሂሮምን ግን፡ ካብቲ ጀበርቲ ኣብ ኤርትራ እግሮም ዘንበርሉ ቅድሚ 131 ዓመታት ዝበሃል ናይ ፈጠራ ታሪኽ ዝነውሐ ሰራውርን ዝዓሞቐ ሰረትን ዘሎዎ ኢዩ። ኣብ ናይ ታሪኽ መዝገብ፡ መበቆል ህዝቢ ጀበርቲ ንድሕሪት ግልጽ ኢልካ ምስ ትምርምር፡ ብሄር ጀበርቲ ከም ብሄር መጠን ናይ ገዛእ-ርእሱ ፍልይ ዝበለ ባህርያት ሓዚሉ ዝቐመ ቅድሚ ኣስታት 1400 ዓመታት ኢዩ። ምውላድ ምሕበረሰብ ጀበርቲ ምስ ምውላድ እስልምና ዝተኣሳሰረ ኢዩ። እስልምና ኣብ መካ (ናይ ሎሚ ስዑድያ) ብነቢ መሓመድ (ሞ.ሰ.ይ ) ምስ ተወልደ፡ ኣብ ፋልማይ መድረኽ ትንሳኤኡ ካብቶም ኣብ ጣኦታት ዝኣምኑ ዝነበሩ ተቐናቐንቱ መኳንንቲ ናይ መካ ቀቢላ ቍረሽ፡ ንሰዓብቶም (ኣስሓባ) ብርቱዕ ናይ ምቕንጻልን ምብስባስን ተጻብኦታት ስለ ዝገጠሞም፡ ክሳብ ናህሪ ናይቲ ተጻብኦታት ዝግ ዝብልን ክሳብ እስልምና ብርክት ዝበሉ ሰዓብቲ ኣጥሮዩ ዝሕይልን፡ ነቢ መሓመድ (ሞ.ሰ.ይ ) ኣብቲ ጽንኩር ህሞት ነቶም ክኸስርዎም ዘይደለዩ ዓበይቲ ሰብ-ሞያን ሰብ-ዝናን ኣስሓባ፡ ንግዜኡ ግልል ኢሎም ክጸንሑ ናብ ምድሪ-ሓበሻ (ናይ ሎሚ ከበሳ ኤርትራን ናይ ሎሚ ሰሜናዊ ክፋል ኢትዮጵያን) ብ615 ድ.ል (ድሕሪ ልደት) ለኣኽዎም። ከምቲ ዝዝንቶ፡ ነቢ መሓመድ (ክ.ሞ.ይ) ንሰዓብቶም ናብቲ ብዓቢ ኣኽብሮትን ኣድናቖትን 'ኣርድ ሲድቕ' (ምድሪ እምነት) ዝሰመይዎ ምድሪ-ሓብሻ ክዕቆቡ ዝለኣኾም፡ እቲ ሽዑ ኣብ ምድሪ-ሓበሻ ዝገዝእ ዝነበረ ንጉስ ኣርማክ ካልኣይ (ጸነሑ ምስ መስለመ ንጉስ ኣሕመድ ነጋሽ ዝብል ስም ዝሓዘ) ንግዛኣቱ ብርትዒ ዘመሓድር ፍትሓዊ መራሒ ብምዃኑ፡ ብዛዕባ ኩነታት መስደዲኹም እንተ ገሊጽክምሉ ዕቝባ ክህበኩም'ዩ ኣብ ዝብል ጽኑዕ እምነት ተሞርኵሶም ኢዮም። ንጉስ ኣርማክ ካልኣይ (ኣስሓማ ብዝብል ስም'ውን ይፍለጥ'ዩ) ከምቲ ነቢ መሓመድ (ሞ.ሰ.ይ) ዝተጸበይዎ፡ ነቶም ሰዓብቶም ብፍሱህ-ገጽን ምውቕ ኣቀባብላን ተቐቢሉ ኣዕቆቦም። ንጉስ ኣርማክ ካልኣይ ( ወይ ንጉስ ኣሕመድ ነጋሽ) ኣብቲ እዋን'ቲ ቤተ-መንግስቱ ኣብ ኣኽሱም'ዩ ኔሩ። እቲ ምስ ሞተ ዝተቐብረሉ ዓዲ ነጋሽ (ትግራይ) ከኣ ክሳብ ሕጂ ብስሙ'ዩ ዝጽዋዕ ዘሎ።

እቶም ኣብ ቀዳማይ እግሪ ዝተላእኩ ሰዓብቲ (ኣስሓባ) ነቢ መሓመድ (ሞ.ሰ.ይ) 12 ሰብኡትን 4 ኣንስትን ክኸውኑ እንከሎዉ፡ ብዝሒ ናይቶም ኣብ ካልኣይ እግሪ ዝተላእኩ ሰዓብቲ ኸኣ ብ83 ሰብኡትን 11 ኣንስቲን ዝቐመ ኢዩ ኔሩ።ኣብ መንጎ እቶም ቀዳማት ሰዓብቲ፡ ዑስማን ኢብን ዓፋንን በዓልቲቤቱ ረቒያን (ጓል ነቢመሓመድ)፡ ዓብዱራሕማን ኢብን ዓውፍ፡ ዑስማን ኢብን ማቕዋን፡ ዙቤር ኢብን ዑመይሪ ኔሮሞም። ነቶም ዳሕረዎት ጕጅሉ ዝመራሖም ዑስማን ኢብን መዓዝ ዝበሃል ክኸውም እንከሎ፡ ምስቶም ልኡኻት ካብ ቤተሰብ ነቢ መሓመድ ጃዕፈር ኢብን ኣልሚንጠሊብ ዝበሃል ወዲሓወቦኦም እውን ኔሩ። ኣብ ናይ እስልምና ታሪኽ ናይዞም ቀዳሞት ኣስሓባ ምስዳድ ናብ ምድሪ ሓበሻ ከም <u>ቀዳማይ ህጅራ'ዩ</u> ዝቕጸር። እቶም ኣብ ምድሪ-ሓበሻ ዝተሰዱ ሰዓብቲ ነቢ መሓመድ (ክ.ሞ.ይ)፡ ክሳብ ድሃይ ረኺቦም ዓዶም ዝምለሱ ኣብቲ ዝተዓቕብሉ ሓጺር ወቕቲ፡ በቲ ዘካየድዎ ዳዕዋ (እስላማዊ ኣስተምህሮ) ካብ ደቂ ሓበሻ ቍጽሮም ምጥን ዝበሉ ሰዓብቲ ስለ ዝረኸቡ፡ እዞም ካብ ጸኒሕ ሃይማኖቶም (ክርስትና) ወጺኦም ብወለንቶኦም ነቲ ሓዲሽ ሃይማኖት (እስልምና) ሓንጎፋይ ኢሎም ዝተቐበሉ ደቀባት ምድሪ-ሓበሻ ቍጽሮም ምስ ግዜ ብርክት እናበለ ብዝኸደ፡ ብሓደ ተጠኒፎም ብምንባር ካብ ከባቢኦም ፍልይ ዝበለ ቦኽሪ እስላማዊ ማሕበርሰብ ምድሪ-ሓበሻ ኣቘሙ። ካብቶም ንምስልምና ብሪሳላ (ብመልእኽቲ) ማለት ብዘይ ጎነጽ

ብርድየት ተቐቢሎም ዝመስለሙ፡ ብዓቢኡ ንጉስ ኣሕመድ ነጋሽ፡ ገለ ካብ ሰበስልጣን ቤተ-መንግስቱ፡ ከምኡ'ውን ሓያሎ ካህናት ይርከብዎም። ንጉስ ኣሕመድ ነጋሽ ንምስልምና ድሕሪ ምቕባሉ ካብ ቤተሰቡን ቤተ-ክህነትን ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስትን ሓለፍቲ ሰራዊትን ብርቱዕ ተቓውሞ ስለ ዝገጠሞ፡ ድሕሪ ምዕራፉ ንግስነቱ ናብ ደቂ ኣይተመሓላለፈን። ይኹን'ምበር፡ ንሱ ይኹን እቶም ምስኡ ዝመስለሙ መራሕቲ ኣብቲ ብወለንታኦም ረድዮም ዝረዓምዎ ሃይማኖት እስልምና ጸኒዖም ክቕጽሉ ጥራይ ዘይኰነ፡ ኣብ ምምስራትን ምድልዳል እቲ ውልዶ እስላማዊ ማሕበረሰብ ምድሪ-ሓበሻ ዓቢ እጃም ኣበርኪቶም ኢዮም።

እቲ ኣብ ናይ ሓባር ታርኽ ተሞርኩሱ ዝቐመ ውልዶ እስላማዊ ማሕበርሰብ ምድሪ-ሓበሻ፡ ነንሓሕዱ እናተዋሰበ ምስ ሰሰነ ከምኡ'ውን ምስ ግዜ ካልኦት ካብ ዝተፈላለያ ብሄራት ዝመጹ ሓደስቲ ኣስላም ምስ ተወሰኽዎ ሓደ ዓይነት ስነ-ኣእምራዊ ኣቀዋውማን ሓደ ዓይነት ማሕበርዊ ጥርናፈን ሒዙ ጀበርቲ ዝብል መጸውዒ ስም ብምውራስ ናይ ገዛእ-ርእሱ ፍሉይ መንነት ዘሎዎ ናይ ጀበርቲ ብሄር ፈጠረ። በዚ ክግለጽ ዝጸንሐ ታርኽ መሰረት፡ ምውላድ ማሕበረሰብ ጀበርቲ ብዘይጥርጥር ውጽኢት ናይቲ ቀዳማይ እስላማዊ ህጅራ ጥራይ ዘይኰነ፡ ኣብ ታሪኽ እስልምና እንተላይ ሓደ ካብቶም ዘሐብን ታሪኽ ዘሎዎም ፈለምቲ (pioneering) እስላማዊ ማሕበረሰባት ዓለም ኢዩ። ማሕበረሰብ ጀበርቲ ሓደ ካብቶም ፈለምቲ እስላማዊ ማሕበረሰባት ዓለም'ዩ ዝበሃል፡ እስልምና ገና ናብ መዲና ከይበጽሐን ኣብ ሕጃዝ ከይተስፍሕፈሐን እንከሎ፡ ኣብ ምድሪ-ሓበሻ ድሮ ተተኺሉ የታቲ ብምንባሩ ኢዩ። ጀበርቲ ዝብል ቃል ካብ ዓረብኛ ዝተወርሰ ቃል ኰይኑ፡ ካብቲ ነቢ መሓመድ (ሞ.ሰ.ይ) ብዛዕባ ምቝም እስላማዊ ማሕበርሰብ ምደሪ-ሓብሻ ምስ ሰምዑ ዝሃብዎ "ጀበሩኒ ኣልሓበሻ" (ጸገኖምኒ ሓበሻ) ዝብል ናይ ሞጎስ ቃል ዝመጸ ኢዩ። ስለዚ፡ ጀበርቲ ማለት ቃል-ብቓሉ ጸገንቲ ማለት ኢዩ።

ግዝኣት ምድሪ-ሓበሻ ኣብቲ ወቕቲ'ቲ፡ ነቲ ናይ ሎሚ ከበሳ ኤርትራ ጥራይ ዘይኰነ ነቲ ከም ሕመረት ግዝኣት ምድሪ-ሓበሻ ዝፍለጥ ሰሜናዊ ክፋል ናይ ሎሚ ኢትዮጵያ'ውን ዘጠቓልል ስለ ዝነበረ፡ ጀበርቲ ምድሪ-ሓበሻ ኣብ ክልቲኡ ወገናት ኢዮም ዝርከቡ ኔሮም። ምድሪ-ሓበሻ ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ኣብ ትሕቲ ሓደ ንጉስ ዝመሓደር ሓደ ግዝኣት ብምንባሩ፡ ጀበርቲ ቅድም ኣብ ኢትዮጵያ ኔሮም ደሓር ናብ ኤርትራ ኣስፋሕፊሖም ወይ'ውን ቅድም ኣብ ኤርትራ ኔሮም ደሓር ናብ ኢትዮጵያ ኣስፋሕፊሖም ኢልካ ክትፈላሊ ኰነ ክትመሚ ዝከኣል ኣይኰነን። ምኽንያቱ፡ ምምስራት ማሕበረሰብ ጀበርቲ ኣብ ምድረ-ሓበሻ ኣብ ሓደ እዋን ኣብ ክልቲኡ ከበሳታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተኸሰተ ሓደ ታሪኻዊ ተርእዮ ድኣ'ምበር፡ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ዝተፈጸመ ዝተነጻጸለ ክልተ ነንበይኑ ታሪኻዊ ተርእዮታት ኣይኰነን።

ስለዚ፡ እዞም ሕጂ ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎዉ ጀበርቲ፡ እቶም ካብቲ ወቕቲ'ቲ ኣትሒዞም ኣብ ክልቲአን ሃገራት ዝነበሩ ኢዮም። እዚ ኰይኑ እቲ ሓቂ፡ ምእንቲ ጀበርቲ ጸኒሖም ካብ ኢትዮጵያ (ብፍላይ ከኣ ትግራይ) ከም ዝምጹ ኣምሲልካ ንኽተቕርብ፡ ከበሳ ኤርትራ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ርእሱ ዝኽኣለ ሃገር'ዩ ኔሩ ብምባል ኣብቲ ፍሉይ ተሪኻዊ ወቕቲ'ቲ ዘይፍለ ኣካል ናይ ምድሪ-ሓበሻ ከም ዝነበረ ምኽሓድ፡ ምግጋይ ዘይኰነ ብዓቢኡ ምሕሳው ኢዩ። ሓቀኛ ታሪኽ፡ ከም ክዉን ታሪኽ ብኹሉ ወገናት ተቐባልነት ዝረክብ፡ ከይወሰኽካ ከይነከኻ ከምቲ ዝነብሮ ምስ እትትርኾ እምበር፡ ንዓኻ ብዝጥዕም መንገዲ ጠምዚዝካ ምስ እትቕርቦ ኣይኰነን። ብርግጽ፡ በብግዜኡ ከከም ኩነታቱ ብዝተፈላላዩ ምኽንያታት (ተላገብቲ ሕማማት፣ ባዕዳዊ ወራራት፣ ደርቅን ጥምየትን፣ ኲናት ሓድሕድ፣ ናይ ደም ጽልኢ ወዘተ.)፡ ካብ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ከምኡ'ውን ካብ ኢትዮጵያ ናብ ኤርትራ ብቐጻሊ ዝስደዱ ባእታታት እኳ እንተነበሩ፡ እዚ ፍጻመታት'ዚ ነቲ ኣብ ክልቲአን ሃገራት ዝነበረ ሓንሳእ ዝተሰረተ ዝርጋሐን ኣቀዋውማን ማሕበረሰብ ጀበርቲ ዓቐናዊ እንተዘይኰይኑ ዓይነታዊ ለውጢ ኣየምጸኣሉን። ስለዚ፡ እቲ "ጀበርቲ ካብ ኢትዮጵያ (ብፍላይ ከኣ ትግራይ) ኣብ ቀረባ ግዜ ተሰዲዶም ዝምጹ ኢዮም" ዝብል ሕሜት፡ ኰነ ኢልካ ክተንንዮም ዝተኣልመ ታሪኻዊ ሓቅነት ዘይብሉ ትርጉም ኣልቦ ሕሜት ኢዩ።

ብሄር ጀበርቲ ኣብ ክልቲአን ሃገራት (ኤርትራን ኢትዮጵያን) ዝተኸፍለ ንሱ ጥራይ ኣይኰነን። ካልኦት ኣብ ኤርትራ ዘሎዉ ብሄራት እውን ኣብ ክልትኣን ሃገርት ተገሚዐን ኢየን ዝርከባ። ኣብ ትግራይ ንኣብነት፡ ብጀካ ብሄር ትግርኛ፡ ብሄራት ሳሆን ዓፋርን ኩናማን ብሌንን እውን ኣሎው። ብተውሳኺ፡ ኣብ ሱዳንን ኣብ ኤርትራን

ተኸፋፍሎም ዝርከቡ ከም ትግረን ቤጃን (ሕዳርብ) ራሻይዳን ዝኣመሰሉ ብሄራት እውን ኣለዉ። እዘን ብሄራት እዚኣትን፡ ኣብ ክልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ሃገራት ተኸፋፊለን ዝርከባ፡ መግዛእታዊ ዶባት ብዊንታ ባዕዳውያን ገዛእቲ ኤውሮጳ (ኢጣልያን ፈረንሳን ብሪጣንያን) ንናይ ብሄራት ዝርጋሐን ምትእስሳርን ኣብ ግምት ከየእተወ ስለ ዝተሓንጸጸ ኢዩ። ስለዚ፡ ሃገራዊ ዶባት ኣፍሪቃ "ኣርትፊሻል'ዩ" (ብዊንታ ገዛእቲ ዝተሓንጸጸ'ዩ) ዝበሃል ኣዘራርባ፡ ብፖለቲካዊ ዓይኒ ክጥመት እንከሎ ከም ዘሎዎ ክትቅበሎ ዘሎካ ታሪኻዊ ክውንነት ይኹን ድኣ'ምበር፡ ሓቅነት ኣሎዎ። ምኽንያቱ፡ ዳርጋ ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ነዚ ሕጂ ሒዘንኦ ዘሎዋ ሃገራዊ መንነት ሒዘን ከም ሃገራት ዝቖማ፡ ኣብ እዋን መግዛእታዊ ምሽማው (African scramble) በተን ኣብ ኣፍሪቃ ግዝኣታተን ከቝማ (ካብ 1750-1950) ዝሻመዋ ዝነባራ ኤውሮጳውያን ሃገራት ማለት --ኢጣልያ፡ ብሪጣንያ፡ ፈረንሳ፡ ጀርመን፡ ስጳኛ፡ ፖርቱጋል፡ ከምኡ'ውን በልጁም -- ከም ሕምባሻ ተቐራሪሰን ዝቖማ'ምበር ብናታተን ውሽጣዊ ታሪኻዊ መስርሕ ተደሪኸን ዝቖማ ሃገራት ኣይኮናን። ብተዛማዲ፡ እታ ሓንቲ ኣብ ኣፍሪቃ ፍልይ ዝበለ ሃገራዊ ኣቀዋውማ ዘሎዋ ሃገር፡ እታ ንዘመናት ባዕዳዊ መግዛእቲ ከይረኣየት ናጽነታ ዓቂባ ዝጸንሐት ኢትዮጵያ ጥራይ ኢያ። ናይ ኢትዮጵያ ሃገራዊ ኣቀዋውማ ካብቲ ሃገራዊ ኣቀዋውማ ናይተን ብኤውረጳዊ መግዛእቲ ዝቖማ ሃገራት ኣፍሪቃ ዝፍለ፡ እቲ ሽዑ ኣብ ምድሪ -ሓበሻ ንጉሰ-ነገስት ከይኑ ዓብሊሉ ዝወጸ ዳግማዊ ምንሊክ፡ ኣብ ምስፍሕፋሕን ምድራትን ምሕንጻጽን ዶባታ ጥራይ ዘይኰነ፡ እንተላይ ኣብቲ መግዛእታዊ ምሽማው ኣፍሪቃ ብንጥፈት ተሳታፊን ተሻራኺን ብምንባሩ ኢዩ።

ሓቀኛ ታሪኻዊ መበቆል ጀበርቲ ኣቐድም ኣቢሉ ክጥቀስ ከም ዝጸንሐ ብሩህ'ኳ እንተኾነ፡ እቶም ንጀበርቲ ኤርትራዊ ዜግነት ክነፍጉ ዝደልዩ ዘሎዉ ተጻባእቱ፡ ብፍላጥ ኰነ ብዘይፍላጥ ዝስሕትዎ ዘሎዉ ሓቂ፡ ኣብ መብዛሕትኦን ኣብ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝርከባ ብሄራት ናይ ዘርእን ባህልን ቋንቋን ሃይማኖትን ናይ ሓባር ታሪኽን ምትእስሳርን ከም ዝነበረን ብመጠኑ ሕጂ'ውን ከም ዘሎን ኢዩ። ኣብ ኤርትራ ዝርከብ ሓደ ብሄር ምስቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ብሄር እዚ ክጥቀስ ዝጸንሐ ዝምድናታት ብምህላዉ፡ ዘይኤርትራዊ ኣይገብሮን ኢዩ። ብተመሳሳሊ፡ ነቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከብ መማዝንቱ ብሄር እውን ዘይኢትዮጵያዊ ኣይገብሮን ኢዩ። ነቶም ብሸነኽ ሱዳንን ኤርትራን ዘለዉ ብሄራት ምስ እንዕዘብ እውን ከምኡ ኢዩ። ንኣብነት ንብሄር ቤጃ (ሕዳርብ) ምስ ንወስድ፡ ኣባላት ብሄር ቤጃ ሽድሽተ ወርሒ ኣብ ኤርትራ ዝተረፈ ኣዋርሕ ከኣ ኣብ ሱዳን 'ዮም ዘሕልፍዎ። እቶም ኣብ ሱዳን ዘለዉ ቤጃውያን ካብ ዝኾነ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ብሄር ንላዕሊ ስለ ዝዛመድዎም፡ ምስኣቶም ክሳብ ሕጂ ይዋሰቡ ኢዮም። ኣብዚ ከም ኣብነት ብሄር ቤጃ ይጠቐስ ድኣ'ምበር፡ እዚ ተርእዮ'ዚ ብዘይከሓድ ኣብ ካልኦት ናይ ኤርትራ ብሄራት--ዓፈር፡ ትግረ፡ ራሻይዳ፡ ከምኡ'ውን ትግርኛ (ኣብ ዶብ ትግራይ) እውን ይርአ ኢዩ። ንዮኦም ማለት ንቤጃውያን ይኹን ንኻልኦት ከም ራሻይዳን ዓፈርን ትግረን (ቤኒ ዓምር) ትግርኛን (ኣብ ዶብ ትግራይ ዝርከብ) ዝኣመሰሉ ብሄራት፡ ሃገራዊ ዶብ ኣብ ዕለታዊ መነባብሮኦም ግብራዊ ጸገማት ዝፈጥር ልዕሊ ዓቕሞም ዝኾነ መኻልፍ ኢዩ። ሃገራዊ ዶባት ንረብሓ ባዕዳውያን ገዛእቲ ንኽርብሕ ብሃውሪ (randomly) ዝተሓንጸጸ ምኻኑ ብምስትውዓል፡ መንግስታት ናይተን ተዳወብቲ ሃገራት ብሃገራዊ ስምዒት ከይዓወራ ነተን ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ፋሕ ኢለን ዘሎዋ ብሄራት መኻልፍ ምኳኑ ፈሊጠን ንኹሉ ዝጥዕም ፍታሕ ክረኽባሉ ይግባእ። ብዝተረፈ፡ እዚ ብንጹር ዘብረሆ ታሪኻዊ ሓቂ እንተሎ፡ ናይ ኤርትራ ሕቶ ናይ ሃገር ሕቶ እምበር ምስ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ናይ ዝኾነ ብሄር ወይ ወገን ፈጺሙ ዘይተእሳሰር ናይ ትውልዲ ሕቶ ከም ዘይኮነ ኢዩ።

ሓንቲ ሃገር ንሓንቲ ብሄር ሓቝፋ ክትቀውም ትኽእል እምበር (ንኣብነት ሶማልያ)፡ ኣብ ኣፍሪቃ ዝርከባ ከም ኤርትራ ዝኣመሰላ መብዛሕትአን ሃገራት ንብዙሓት ብሄራት ዝሓቑፋ ሕብረ-ብሄራውያን (multi-ethnic) ሃገራት ኢየን። ስለዚ፡ ነቲ እተን ኣብ ኤርትራ ዘሎዋ ብሄራት ምስተን ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ዘሎዋ ኣሓት ብሄራት ዘለወን ታሪኻዊ ዝምድናታት ጎሲኻ ብምሕላፍ፡ ንብሄር ጀበርቲ ጥራይ ቆንጪልካ ኣብ ኢትዮጵያ ንዕኡ ዝመስል ብሄር ስለ ዘሎ፡ ካብ ኢትዮጵያ ተሰዲዱ ዝመጽአ'ዩ ኢልካ ምኽሳስ፡ ብርኡይ ኣድልዎዶ ኣይኮነን? ብርኡይ ኣድልዎ እንተዘይኰይኑ፡ ንምንታይ'ዩ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ናይ ጀበርቲ ጥራይ (ካብ ዝመጽኡ ይምጽኡ ብዘየገድስ) ዘዎጥጥ ዘሎ?

እቶም ንጀበርቲ  እንተ ተመሲልሎም ካብ ኤርትራ ሓግሒጎም ከባርርዎ ወይ ብዘይኣሰር ከጽንትዎ፡ እንተ ዘይተመሲልሎም ከኣ ናብ ካልኣይ ደረጃ ዜጋ ከውርድዎ ዝዋስኡ ዘሎዉ ተጻባእቱ፡ ካብ ትግራይ ንኤርትራ ዝመጽኣሉ ምኽንያት ክገልጹ እንከሎዉ፡ ከምዚ ይብሉ፦

> "ጀበርቲ ኣብ ኤርትራ ኣብ ዘበን ከስትኑ (ቅድሚ ኣስታት 130 ዓመታት) ዝመጽኡ፡ ካብቲ ናይ ሃጸይ ዮውሃንስ ራብዓይ (መስከን ቤት-መንግስቱ ኣብ ትግራይ ዝነበረ) ሃይማኖታዊ ቅንጸላ ኣምሊጦም ዕቑባ ንምርካብ ኢዩ።"

ይኹን'ምበር፡ ጀበርቲ ኣብ ላዕሊ ከም ዝበርህ፡ ዳርጋ ብምሉኦም ቅድሚ'ዚ እተጠቕሰ ታሪኻዊ ፍጻመ ኣብ ኤርትራ ሰሪቶም ዝጸንሑ ነባራት ተቐማጦ ከበሳ ኤርትራ ኢዮም። ቁጽሪ ናይቶም ኣብ ዘበን ከስትኑ ናብ ኤርትራ ክዕቆቡ ዝመጹ ካብ ሓደ ካብ ሚእቲ ዘይበዝሕ ስለ ዝኾነ ኣብ ግምት ዝኣቱ ኣይኰነን። ነዚ ሓቂ'ዚ ኣነጺርካ ንምብራህ፡ እስከ ነቲ ጕዱ ክቕላዕ ዝግበኦ ክፉእ ዘመን ምልስ ኢልና ከመይ ከም ዝነበረ ንርኣዮ።

ናይ ትግራይ ሃጸይ ዮውሃንስ ራብዓይ (ካብ 1872-1889 ንጉሰ-ነገስት ምድሪ- ሓበሻ ዝነበረ)፡ ካብ ቤት-ክህነት ተዋህዶ ምድሪ-ሓበሻ ቡራኬ ረኺቡ ንጉስ ምስ ተሾመ፡ "ኣብ ግዝእተይ ካብ ሓደ ሃይማኖት ንላዕሊ ኣይጻወርን'የ" ዝብል መግስታዊ ኣዋጅ ኣውጸአ። እቲ ዝወጽአ ኣዋጅ፡ ብ1878 ኣብ ቦሩሜዳ (ወሎ) ዝተባህለ ስፍራ፡ ንቤተ-ክህነት ጸዊዑ ኣብ ዘካየዶ ዋዕላ'ዩ ተበዂኑ። ኣብቲ ዋዕላ'ቲ፡ ኣስላም ምድሪ-ሓበሻ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዓመት ኣበየቦትኡ ንዝርከብ መሳጊዶም ብኣብያተ- ክርስትያን ክትክእዎን ብቅጥዕን ደንብን ቤተ-ክህነት ክቕየዱን ንጉሳዊ ትእዛዝ ተመሓላለፈ።ብተወሳኺ፡ በቲ ንጉሳዊ ትእዛዝ  መሰረት ነፍስወከፍ ኣብ ምድሪ-ሓበሻ ዝነብር ዝነበረ ኣስላማይ ወደባት እውን ፈትዩ ኣይፈትዩ ብግዲ ክኽስትን ተበየነ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ነቲ ብወለንታኡ ዝኸስተነ ንብረቱን ጥሪቱን ስድርኡን ከይተተንከፈ ክመሓር ክብየኖ እንከሎ፡ ነቲ ኣብ እምነቱ ጸኒዑ ዝኣበየ ግን ብዘይንሕስያ ክቕንጸል፣ ሽመቱ ክቕንጠጥ፣ንብረቱ ክራሰ፣ መሬቱ ክግበት፣ ኣዋልዱ ክዝረፍ፣ ከምኡ'ውን ኣንስቱ ክውረስ ተፈርዶ። ስፐንሰር ትሪምንሃም "እስልምና ኣብ ኢትዮጵያ" ኣብ እትብል መጽሓፉ ኣብ ግጽ 123 ከም ዝሓበሮ፡ ካብ 1878 ክሳብ 1880 ኣስታት 50,000 ዝኾኑ ኣስላም ብግዲ ተጠመቕም ከም ዝኽስትኑ ተገብረ። ብኻልእ ሸነኽ፡ ፕሮፌሰር ሑሴን ኣሕመድ ንኮንትሮሲኒ ጠቒሱ "እስልምና ኣብ ወሎ (1850-1890) -- ድጕናን ተቓውሞን (containment and reaction) " ኣብ ዝብል መጽሓፉ ኣብ ገጽ 5 ከም ዝረቐሖ፡ ኣብ ነሓሰ 5፡ 1882  ኣብ ጎላግል ቃሉ ባካ (ወሎ) 20,000 ኣስላም ሰብኡትን ኣንስትን ቆልዑን ብዓቀይቶት ሃጸይ ዮውሃንስ ራብዓይ ምኽስታን ስለ ዝኣበዩ ብዘይንሕስያ ተቐትሉ። እዚ ኸኣ ብዘይውልውል ብሃይማኖት ዝተደረኸ  ዓሌታዊ ምጽናትን ምህላቕን (religeuosely motivated geneosidal ethnic  cleansing) ኣስላም ምድሪ-ሓበሻ ኢዩ።

እቲ ሃጸይ ዮውሃንስ ራብዓይ ዝተኸተሎ "ንኹሉ ኣብ ምድሪ ሓበሻ ዝነበረ ህዝቢ ኣስላም ብግዲ ምኽስታን፡ ንዝኣበዩ ኸኣ መሬቶም መንዚዕካ ምቕንጻል" ዝብል ናይ ዓማጽትን ገፋዕትን መንግስታዊ ሜላ፡ ኣብ ንግስነቱ ናብ ዝለዓለ ጥርዙ በጺሑ በቲ ዝኸፍአ መልክዑ ይተግበር ድኣ'ምበር፡ ብተደጋጋሚ ቅድምን ድሕርን እዚ ጨካንን ገበነኛን ሃጸይ'ዚ ብዝተፈላለየ ደረጃን መጠንን ዝስርሓሉ ዝነበረ ወግዓዊ መንግታዊ ሜላ ነገስታት ምድሪ- ሓበሻ ኢዩ። ገለ ካብቶም ኣብ ንግስነቶም ነዚ ጸረ-እስላማዊ ዝኾነ መግስታዊ ሜላ ዝኸተሉ ዝነበሩ ነገስታት ንኣብነት፡ ቀዳማዊ ሃይለስላሰ፡ ዳግማዊ ምኒልክ፡ ቴድሮስ ሳልሳይ ከምኡ'ውን ቀዳማዊ ዮውሃንስ ይርከብዎም። ንኣብነት፡ ኣስላም መሬት ከም ዘይውንኑን ንምስክር ከም ዘይበቕዑን መንግስታዊ መዝነት ከም ዘይሕዙን ከምኡ'ውን ተነጺሎምን ተናዒቖምን ኣብ ግሉል ስፍራ ከም ዝቕመጡ ዝተግብረ ኣብ እዋን ንግስነት ቀዳማዊ ዮውሃንስ (ወዲ ንጉስ ፋሲለደስ) ብ 1667-82 ኢ.ዩ (ስፐንሰር ግጽ 102) ።

ሃጸይ ዮውሃንስ ራብዓይ ኣብ ጋላባት (ከባቢ መተማ) ከምቲ ደቀባት ከጸባብቕሉ ዝበልዎ ንሃይማኖቱ ይኹን ንሃገሩ ክብል ኣይተሰወአን፤ እንታይ ድኣ፡ ስልጣኑን ሽመቱን ከረጋግጽ ሃነፍነፍ ብምባል ምእንቲ ናይ ኣጽዋር ሓገዝ ክርክብ  ምስ ባዕዳውያን ገዛእቲ (እንግሊዝን ግብጺን ጥልያንን) ተዋዲዩ ነቲ ኣብ መሬት ሱዳን ኣንጻር እዞም

ባዕዳውያን ገዛእቲ ዝዋጋእ ዝነበረ ሰራዊት ናይ ሱዳን ማህዲ ብኽልተ ግንባራት (ግንባር ከሰላን መተማን) ኲናት ከፊቱ ምስ ኣጥቀዖ፡ ኣብቲ ማህዲ ዓብዱላህ ኣሕመድ ብ9 መጋቢት 1889 ኣብ ጋላባት ምስኡ ገጢሙ ዓቢ ዓወት ዘመዝገበሉ ውግእ ተማሪኹ ብሴፍ ማህዲ ክስዱ ተቖርጹ'ዩ ሞይቱ። እቲ ኣብ ውግእ ጋላባት ዝተራሰየ ኣጽዋርን ልብስን ስልማትን ካልእ ንዋትን ናይ ሃጸይ ዮዋሃንስ ራብዓይን ሰራዊቱን ከም ታሪኻዊ ቅርሲ ኣብ ቤተ-መዘክር ኡንዱርማን (ካርቱም፣ ሱዳን) ተዓቂቡ ኣሎ። እዚ ታሪኻዊ ቅርሲ'ዚ፡ ብዘየማትእ ነቲ ማህዲ ምስ ሰራዊቱ ኣብ ውግእ ጋላባት ዘመዝገብዎ ታሪኻዊ ዓወት ዘረጋርጽ ኢዩ (ስፐንሰር ግጽ 123)።

ደቀባት ኣብ ምድሪ ሓበሻ (ናይ ሎሚ ከበሳ ኤርትራን ከበሳ ኢትዮጵያን) ከምዛ ንኣስላም ደቂ ሓበሻ ማለት ንጀበርቲ ብግዲ ንምምስላም ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ሓበሻ ፈጺሙ ተሃቂኑ ዘይፈልጥ፡ ከይሓፈሩ ከምዚ ይብሉ፦

> "ህዝቢ ኤርትራ ከም መትከል ተቐቢልዎን ኣሚንሉን ዝጸንሐ ሓደ ቅኑዕ ደሞክራሲያዊ ኣገባብ ኔርዎ፡ ንሱ ከኣ ኣስላማይ ኣብ መስጊዱ፡ ክርስትያን ከኣ ኣብ ቤተ-ክርስትያኑ ሓራ ኰይኑ ክነብር ዝብል ኢዩ። ካብ <u>ቅድሚ ልደተ-ክርስቶስ</u> ጀሚሩ ኸኣ፡ ብሓይሊ ንኣብ ክርስትና ዘይኣምን ሰብ፡ኣብ ክርስትና እመን ኢሉ ኣገዲዱ ኣይፈልጥን።" (ገጽ 2)

ብርግጽ፡ ንኤርትራውያን ኣስላም ኣገዲድካ ምኽስታን ኤርትራ ከም ሃገር ድሕሪ ምቛማ'ኳ እንተዘይተራእየ፡ ኣብ ምድሪ-ሓበሻ ኣገዲድካ ምኽስታን <u>ድሕሪ ልደተ-ክርስቶስ</u> ብተደጋጋሚ ብነገስታት ምድሪ-ሓበሻ ከም ዝተፈጸመ ዘይከሓድ ታሪኻዊ ሓቂ ኢዩ። እቲ ብነገስታት ምድሪ-ሓበሻ ዝተፈጸመ ግፍዒ ማለት ብግዲ ምኽስታን ኣብቲ ከበሳ ኤርትራ ኣካል ግዛኣት ምድሪ-ሓበሻ ዝነበረትሉ እዋን ስለ ዝኾነ፡ እቲ "ካብ ቅድሚ ልደተ-ክርስቶስ ጀሚሩ ብሓይሊ ንኣብ ክርስትና ዘይኣምን ሰብ ኣገዲድካ ምኽስታን ኣይነበረን" ዝብል ቃል ደቀባት ጻዕዳ ሓሶት ኢዩ። ንምኧኑኸ ደቀባት ሓደ ካብቶም ገፋዕቲ ነገስታት ምድሪ-ሓበሻ፡ እቲ "ንሃይማኖቱን ንሃገሩን ብጅግንነት ዝተሰወአ'ዩ" ዝበልክሞ ሃጸይ ዮውሃንስ ራብዓይ ምኧኑ ትፈልጡዶ? ወይስ ካብቶም እናፈለጡ ከም ዘይፈልጡ መሲሎም ዝብህሙ (ዝዕሽዉ) ቀበርቲ ሓቂ ኢኹም?

ደቀባት ንሃጸይ ዮውሃንስ ራብዓይ ከም ጅግና ጌሮም'ኳ እንተቕረብዎ፡ እዚ ሃጸይ'ዚ ኣቐዲሙ ክጥቀስ ከም ዝጸንሐ ኣሰር ናይቶም ቅድሚኡ ዝነበሩ ሃጼያት፡ ብፍላይ ከኣ ኣሰር ናይቲ ስሙ ዝወረሶ ምኽሱ ሃጸይ ቀዳማዊ ዮውሃንስ ዝሰዓበ ኣብ ርእሲ ምኻኑ፡ ብግስ ካብ ዝብል ህርፋን ስልጣን ዝዓሸሮ ዓማጽን ጠላምን ንጉሰ-ነግስት'ዩ ኔሩ። ገለ ካብቲ ዘኽስፍ ተግባራቱ ንኣብነት፡ ብሓይሊ ሓሊማ ዝተባህለት ኣስላመይቲ ጓል ዓፈር ዘሪፉን ኣገዲዱን ብምኽስታን ምምራዓዉ፣ ነቲ ራእሲ ዝሸሞ ሰብኣይ ሓብቱ ናይ ጎንደር ንጉስ ዋግሹም ጎበዜ ጠሊሙ ብምቕታል ንግስነት ምውራሱ፣ ከምኡ'ውን ካብ እግሊዛውያን ኣጽዋር ንኽረክብ ንሃጸይ ቴድሮስ ሳልሳይ ኣሕሊፉ ብምሃብ ንመቕደላ መሪሑ ምውሳዱ ዝኣመሰሉ ኢዮም።(ስፐንሰር፡ ገጽ 120-125)

ንታሪኽ ንድሕሪት ተመሊስካ ንተግባራት ነገስታት ምድሪ-ሓበሻ ብሓፈሻ፡ ንተግባራት ሃጸይ ዮውሃንስ ራብዓይ ከኣ ብፍላይ ምንጻርን ምዝርዛርን ዘድለየ፡ እቶም ኣብ ምድሪ ሓበሻ ሃይማኖታዊ ተጻዋርነት ዘይነበሮም፡ ብሳዕቤኑ ኸኣ ንሃይማኖቶም ኣብ ልዕሊ ኣስላም ደቀባት ምድሪ-ሓበሻ ብግዲ ከስርጹ ህርድግ ብምባል ሰፍ ዘይብል ናይ ሰብን ንዋትን ሕብረተሰባዊ ጉድኣት ዘውረዱ መራሕቲ ኣስላም ምድሪ-ሓበሻ ዘይኰኑ፡ ክርስትያን ነገስታት (ብምሉእ ደገፍን ቡራኬን ቤተ-ክህነት ተዋህዶ) ምድሪ-ሓበሻ ከም ዝኾኑ ንምርግጋጽ ኢዩ። እቲ ሓደ ናይ ኣስላም መራሒ በቲ ኣብ ልዕሊ ክርስትያን ህዝቢ ሓበሻ ብዝፈጸሞ ግፍዕታት ብኣሉታ ዝጥቀስ ብሰንኩ ኸኣ "ኣስላማይ እንተ ዝነግስ ኣይምፈርደን ምሓረደ" ተባሂሉ ክሳብ ሕጂ ዝመሰል ዘሎ፡ ናይ ኣዳል መራሒ ኢማም ኣሕመድ ኣልቐዛሊ (ኣሕመድ ግረኝ) ኢዩ። ኣሕመድ ግራኝ ብ1529-43 ብርግጽ ካብ ደቡብ ኢትዮጵያ ኣትሒዙ ክሳብ ከበሳ ኤርትራ (ድባርዋ) ኣብ ዘካያዶ መጠነ-ሰፊሕ ጸረ-መጥቃዕቲ፡ ኣብ ልዕሊ ክርስትያን ህዝቢ ሓበሻ (ኣብ ልዕሊ ሃይማኖታዊ ትካላትን ካህናትን ከተረፈ) ዓቢ ናይ ሰብን ንብረትን ክሳራ ኣውሪዱ ኢዩ። ይኹን'ምበር፡ ኣብ ታሪኽ ምድሪ-ሓበሻ

እቲ ሳዕቤናት ናይቲ ዘካየዶ ወራር እምበር፡ እቲ ንኽወርር ጠንቂ ዝኾኖ ምኽንያት ኣይጥቀስን ኢዩ። ኣሕመድ ግራኝ ንምድሪ-ሓበሻ ዝወረረሉ ምኽንያት ነቲ ብቐጻሊ ብነገስታት ምድሪ-ሓበሻ ኣብ ልዕሊ ግዝኣታት ኣስላም ደቡባዊ ምብራቕ ኢትዮጵያ፡ "ዘመቻ" ብዝብል ጭርሖ ዝተፈጸመ ንሕስያ ዘይብሉ ርስያ ንብረትን ስርቂ ጥሪትን ዘረፋ ኣንስትን (ጐራዙን) ምንዳድ ዓድታትን ምግባት መሬትን ደው ንምባል'ዩ ኔሩ። ኣብ ታሪኽ ዝተፈጸመ ግፍዒ ዕብየቱ ብዘየገድስ፡ ጠንቁ ጐሲኻ ሳዕቤኑ ጥራይ ምጥቃስ ምሉእ ስእሊ ናይቲ ዝተፈጸመ ታሪኻዊ ፍጻመ ኣብ ርእሲ ዘይምሃቡ፡ ሻርነት ዘይብሉ ወድዓዊ ኣቀራርባ ታርኽ ኣይኰነን።

ብድሕሪ ውግእ ጋላባት፡ ንግስነት ሃጸይ ዮውሃንስ ራብዓይ ከም ዘይምለስ ረሞቕ ኢሉ ወደቐ። ብሳዕቤኑ፡ መቐናቕንቱ ዝነበረ ኣብ ሽዋ ዝመስከቡ ናይ ኣምሓራ ንጉስ ዳግማዊ ምነሊክ ሓይሉ ብምውጻእ ናይ ምደሪ-ሓበሻ ንጉሰ-ነግስት ኰነ። እቲ ኣብ ኢድ ተጋሩ ትግራይ ኣትዩ ዝነበረ ስርወ-ንግስነት (dynasty) ምድሪ-ሓበሻ ድማ ናብ ኢድ ኣምሓሩ ሽዋ ተመሓላለፈ። ድሕረ ሞትን ስዕረትን ሃጸይ ዮውሃንስ ራብዓይ፡ ኣስላም ምድሪ-ሓበሻ በቲ ዘካየዶ ጸረ-እስላማዊ ዘመተን ቅንጸላን ኣዝዮም'ኳ እንተተሃስዩ፡ ቀስብቐስ ካብ ስደት ብምምላስን ካብ ዘዝተሓብእዎ ብምውጻእን እምነቶም ዓቂቦም ብጻዕርን ብትግሃትን ነሓድሕዶም እናተሓጋገዙ ካብቲ ቅድም ዝነበሮም ሃይማኖታዊ ተወፋይነት ብዝያዳ ብዝጸንዐ መንፈስን ዝለዓለ ፍናንን ንዝፈረሰ ማሕበረሰቦም ዳግማይ ክሃንጹ በቕዑ።

ኣብቲ ክፉእ ዘመን'ቲ፡ እቶም ክስደዱ ዘይከኣሉ ግዳያት ኣስላም ምድሪ-ሓበሻ ነቶም ተጠመትቲ ዓቕሚ ሂዋንን ኣዳምን ዘይበጽሑ መንእሰያት ደቆም (ደቀንስትዮ ዝበዝሓኦም) ናብ ጐረባቲ ሃገራት ክዕቈቡ ብምምላቑ፡ ንሳቶም ንኽምስሉ ከስቲና ኢና ብምባል ኣብ ክሳዶም ማዕተብ ኣሲሮም ብቐትሪ ኣብ ኩሉ ቅዳሴታት ቤተ-ክርስትያን እናተሳተፉ፡ ለይተ-ልይቲ ተሓቢኦም ኣብ ገዝኦም ብምስጋድ ሃማኖቶም ይኽተሉ ነበሩ። እቶም ዝተረፉ ዓድና ለቒቕና ኣይንስደድን ዝበሉን ብግዲ ሃይማኖትና ኣይንቕይርን ብምባል ካብ ዓዶም ዘይወጹን፡ ገሊኦም ኣቐዲሙ ከም ዝተሓበረ ብዓቀይቶት ሃጸይ ዮውሃንስ ራብዓይ ክቕንጸሉ እንከሎዉ፡ እቶም ካብ ምቕንጻል ዘምለጡ ኸኣ እግሮም ናብ ዘመርሖም ሃጽ ኢሎም ጠፍኡ። ከምቲ ዝዝንቶ፡ እዞም ብተግ ኢሎም ብዘይ ዕጥቅን ስንቅን ዝነቐሉ ዳሕረዎት ግዳያት፡ ኣደዳ ጥምየትን ጽምኣትን ኣራዊት ዘገዳምን ኰይኖም'ዮም ተሪፎም። እቶም ዓቀይቶም ሃጸይ ዮውሃንስ ራብዓይ ከየምለጡ ዘርከብዎም፡ ኣቐዲሙ ከም እተጠቕሰ ብዘይንሕስያ ይሰሃልዎም ድኣ'ምበር፡ ብዙሓት ካብ ኢዶም ዘምለጡ ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ማለት ኣብ ሶማልያ፡ ጅቡቲ፡ ሱዳን፡ ከምኡ'ውን የመንን ኪኖኡን ተሰዲዶም ዝተዓቕቡ እውን ኔሮም ኢዮም። እዚ መዓት'ዚ፡ ኣብ ታረኽ ምድሪ-ሓበሻ ጨሪሹ ከም ዘይተፈጸመ ብቡዙሓት ናይ ታሪኽ ጸሓፍቲ ተጎስዩ'ኳ እንተተሓልፈ፡ ኣብ ዝኽሪ ግዳያቱ ኣስላም ምድሪ-ሓበሻ ንዘልኣለም ዘይርሳዕ ጸሊም በሰላ ዝገደፈ ዘሕዝን ታሪኻዊ ፍጻመ ኢዩ።

ኣብቲ ሕማቕ ወቕቲ'ቲ፡ ከበሳ ኤርትራ ብወኪል ሃጸይ ዮውሃንስ ራብዓይ ማለት ብራእሲ ኣሉላ ኣባነጋ ይምሓደር ድኣ'ምበር፡ እቲ ንኣስላም ምድሪ-ሓበሻ ንምጥፋእ ዝተኣወጀ ንጉሳዊ ኣዋጅ ምሉእ-ብምሉእ ኣብ ግብሪ ከይወዓለ እንከሎ ሃጸይ ዮውሃንስ ራብዓይ ተቐቲሉ ስለ ዝተሳዕረ፡ እቶም ኣብ ኤርትራ ዝነበሩ ጀበርቲ ብምንጽጻር ክንድቶም ኣብ ትግራይ ዝነበሩ ኣሕዋቶም ኣይተበሳበሱን። ካብዚ ዝተላዕለ፡ እቶም ኣብ ኤርትራን ኪኖኡን ዝተሰዱ ግዳያት ክፉእ ዘበን ናይቲ ንጉስ ዓቀይቶት ከየረኻኸቡሎም ካብ ምቕንጻል ምስ ደሓኑ፡ እቲ ሕንፍሽፍሽ ዝግ ኣብ ዝበለሉ ግዜ መብዛሕቶም ናብ ዓዶም ክምለሱ እንከሎው፡ እቶም ቤትሰቦምን ንብረቶምን ዝኸሰሩ ግን ከይፈተው ኣብ ዘዝተዓቍብዎ ከይተመልሱ ተረፉ። እቶም ክዕቆቡ ናብ ከበሳ ኤርትራ ምስ ተሰዱ ዓዶም ከይተመልሱ ዝተርፉ፡ ዳርጋ ኩሎም ምስቶም ኣብ ከበሳ ኤርትራ ሰርቶም ዝጸንሑ ኣሕዋቶም ተዓቍቡ። ግዜ ብዝኸደ ኸኣ ምስኣቶም ተጸንበሮም ሓደ ኣካል ማሕበረሰብ ጀበርቲ ኤርትራ ኰኑ። ነዞም ሽዑ ህይወቶም ከድሕኑ ተሰዲዶም ዝመጹ ግዳያት ክፉእ ዘመን ረቝሕካ፡ ኩሎም ኣብ ኤርትራ ዘሎዉ ጀበርቲ ሽዑ ዝምጹ'ዮም ምባል፡ ንሓቂ ምጥምዛዝ ጥራይ ዘይኰነ ብዓቢኡ ምሽፋጥ ኢዩ። ብተወሳኺ፡ እቶም ሽዑ ክዕቆቡ ተሰዲዶም ምስ መጹ ዝተርፉ፡ እቲ ተሰዲዶም ዝመጽእሉ እዋን ቅድሚ ኤርትራ ከም ሃገር ምቛማ (ቅድሚ 1890) ስለ ዝነበረ፡ ካበይን ብምንታይ ምኽንያት መጺኦምን ብዘየገድስ ብትውልዲ ኤርትራውያን ኢዮም። ስለዚ፡ እቲ ኹሉ ንናትካ ኣቐሚጥካ ብዛዕባ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ጀበርቲ እናተጋነነ ዝውጠ፡ ዝሕመ፡ ዝሕመስ፡ ዝለወስ ዘሎ ጽውጽዋይ፣ ማለት፡ እቲ "ጀበርቲ

ኣብ ቀረባ ግዜ ካብ ትግራይ ዝመጽኡ ኢዮም" ዝብል ሃበስቀደስ፣ ንዥሎም ኣባላት ማሕበርሰብ ጀበርቲ ዝምልከት ኣብ ርእሲ ዘይምኻኑ፡ ዋላ'ውን ነቶም ሸዑ ዝምጽኡ ኣዝዮም ውሑዳት'ውን እንተኾኑ፡ ንኤርትራዊ ዜግነቶም ኣብ ጥርጥር ዘእቱ መርትዖ ኣይኮነን።

ብዛዕባ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ማሕበርሰብ (ብሄር) ጀበርቲ ቅድሚ ምድምዳምና፡ ንትውልዳዊ መበቆል ቤተሰብ ጀበርቲ ብዝምልከት ከይተጠቕሰ ክሕለፍ ዘይብሉ ኣገዳሲ ነጥቢ ኣሎ። ንሱ ድማ፦ገሊኦም ቤተሰብ ጀበርቲ ብትውልዳዊ መበቆሎም ካብ ዝተፈላለያ ከም ሳሆ፡ ትግረ፡ ዓፋር፡ ብሌን፡ ቤጃ ወዘተ. ዝኣመሰላ ብሄራት ኤርትራ ዝመጹ ኰይኖም ኣብ ከበሳ ኤርታ ምስ ሰፈሩ ምስ ጀበርቲ ዝተጸንበሩ ቍጽሮም ብርክት ዝበሉ ስድራቤታት ከም ዘሎው ኢዩ። እዞም ቤተሰባት እዚኣቶም፡ ንስለ ታሪኽ ትውልዳዊ መበቆሎም ይዘከር ድኣ'ምበር፡ ብዀሉንትኖኦም ካብቶም ትግርኛ ዝመበቆሎም ኣሕዋቶም ዘይፍለዩ ሓደ ኣካል ሓደ ኣምሳል ብሄር ጀበርቲ ኢዮም። ንጀበርቲ ምትንካፍ ንዅሉን ብሄራት ኤርትራ ከም ምትንካፍ'ዩ ዝቝጸር ዝበሃል ብሂል እምበኣር ምግናን ዘይኮነ ብጭብጢ ክረጋገጽ ዝከኣል ዘይከሓድ ሓቂ ኢዩ። ገሊኦም ኣባላት ቤተሰብ ጀበርቲ ብትውልዳዊ መበቆሎም ካብ ዝተፈላለያ ብሄራት ምኻኑ ምጥቃስ ዘድለየ፡ ኣቀዋውማ ናይ ሓደ ብሄር ከምቲ ብደገ ዝመስሎ ካብ ሓደ ሱር ዝበቕለ ዘይኮነስ፡ እንታይ ድኣ ናብ ብዙሓት ምንጭታት ዝጫልዱ ስራውር ከም ዘሎዎ ንምግንዛብ ኢዩ። እዚ ሓቂ'ዚ ዘረጋግጾ ነገር እንተሎ፡ ልክዕ ከም ህዝቢ ናይ ሓደ ሃገር ፡ ህዝቢ ናይ ሓደ ብሄር እውን ምስተን ኣብ ከባቢኡ ዘሎዋ ብሄራት ከም ዝዋሰብን ከም ዝወራረስን ከም ዝተኣሳሰርን ኢዩ። እቶም ንናይ ሓደ ሃገር ወይ ሓደ ብሄር ህዝቢ፡ ከም ኣብ ዕጻው ሳንደቕ ዝነብር ሕቡስ ወሲዶም፡ ንነብሶምን ወገኖምን ግን "ንሕና ጽሩያት ዓሌት ኢና" ካብ ዝብል ኣጕል እምነት ነቒሎም፡ ንዘመናት ካብ መሬቶም ከይተሰዱን ምስ ዝኾነ ካልእ ወገን ከይተሓናፈጹን ጽሬት ብሄሮምን ጽሬት ሃይማኖቶምን ጽሬት ትውልዶምን ዓቂቦም ዝጽንሑ "ጭዋትታት ደቀባት" ዝቕጽርዋ፡ ኣብ ክውንነት ዘይብሉ ናይ ሕልሚ ዓለም ዝነብሩ ከም ናዚን ደቀባትን ዝኣመሰሉ ምኩሓት ጥራይ ኢዮም።

ከምቲ ንብሄራት ኤርትራ ምስ ናይ ጎረባቲ ሃገራት ኣሓት ብሄራት ምዝማደን ኤርትራዊ ዜግነተን ዘይስርዞ፡ ብሄር ጀበርቲ ምስተን ኣብ ኤርትራ ዘሎዋ ኣሓት ብሄራት ምዝማዱ እውን ንብሄርነቱ ኣይስርዞን ኢዩ። ከምቲ ኣቐዲሙ ናይ ሃገር ሕቶ ናይ ትውልዲ ኣይኮነን ዝተባህለ፡ ሕጂ'ውን ናይ ብሄር ሕቶ ናይ ትውልዲ ሕቶ ኣይኮነን እንተተባህለ ሓቂ'ምበር ምግናን የብሉን። ምኽንያቱ፡ ንናይ ሃገር ሕቶን ንናይ ብሄር ሕቶን ብስነ-ፍልጠታዊ ጠመተ ብግቡእ ንምግንዛብ ዝከኣል፡ ካብ ተርእዮታት ታሪኻዊ ኣመጻጽኣን ትውልዳዊ መበቆልን ፈሊኻ ምስ እትምልከቶ ጥራይ ኢዩ። ካብዚ ሓለፉ፡ ዝዀነ መንግስቲ፡ ሰልፊ፡ ጕጅለ፡ ወይ ከኣ ግለሰብ፡ ንዘይተኣሳሰሩ ናይ ሃገርን ብሄርን ሕቶታት ምስ ታርኻዊ ኣመጻጻጽኣን ትውልዳዊ መበቆልን ከቋርን ዝህቅን፡ ፍታሕ ከምጽእ ዘይኮነ ብምድንጋር ስምዒታት ኣረሳሲኑ ደገፍቲ ኣጥርዩ ፖለቲካዊ ሽቶኡ ክወቅዕ ማለት ስልጣን ክሕዝ ወይ ስልጣን ከናውሕ ዝደሊ ተበላጺ እምበር ካልእ ዝጭበጥ ሃናጺ ዕላማ ዘሎዎ ኣይኮነን።

እቲ ክሳብ ሕጂ ክንዝትየሉ ዝጸናሕና መበል ዓስራይ ክፋል ሓተታ ደቀባት፡ ብባዕላዊ ትንተና ዝተበጽሐ ትንተናታትን ነናሓድሕዱ ዝገራጮ መርገጽታትን ጥራይ ዘይኮነ፡ እንተላይ ንክውንነት ታሪኻዊ ፍጻመታት ጠምዚዙ ዘቕርብ ትረኻታት (narations) እውን ዝሓዘለ ኢዩ። ነዞም ዝስዕቡ ንዛንታ ልኡኻት ነቢ መሓመድን (ክ.ሞ.ይ) ንዛንታ ኣማውታ ሃጸይ ዮውሃንስ ራብዓይን ዝምልከቱ ፍጻመታት ንኣብነት፡ ደቀባት ነቲ ሓቀኛ ታሪኻዊ ፍጻመታት ጠምዚዞም ንየኦም ከም ዝጥዕም ጌሮም ኢዮም ተሪኾሞም።

እቲ ንልኡኻት ነቢ መሓመድ (ክ.ሞ.ይ) ዑቕባ ዝሃበ ንጉስ ምድሪ-ሓበሻ ኣርማክ ካልኣይ (ወይ ንጉስ ኣሕመድ ነጋሽ) ቤተ-መንግስቱ መስከቡ (ምቕማጡ) ኣብ ከበሳ ኢትዮጵያ ( ኣኽሱም ) እምበር ከምቲ ደቀባት ዝበልዎ ኣብ ከበሳ ኤርትራ (ድባርዋ) ኣይነበረን። ከምኡ'ውን ንጉስ ናይ መላእ ምድሪ-ሓበሻ እምበር ከምቲ ደቀባት ዝበልዎ ሹም ( ባሕሪ-ንጋሲ) ናይ ከበሳ ኤርትራ ጥራይ ኣይነበረን። ንጉስ ኣሕመድ ንጋሽ መቓብሩ ኣብ ትግራይ (ዓዲ ነጋሽ) ኣሎ። ኣብ ታርኽ ኣስላም ብሓፈሻ፡ ኣብ ታሪኽ ኣስላም ምደሪ-ሓበሻ ኸኣ ብፍላይ ዓቢ ዝናን ክብርን ስለ ዘትረፈ፡ ኣመንቲ እስልምና ንመቓብሩ ዓመተ-ዓመት ይዛየርዎ (ይበጽሓዎ) ኢዮም። እዚ እንከሎ እቲ ሓቂ፡ ደቀባት እዚ ዝስዕብ ጥቕሲ ከም ዘብርሆ፡ ነቲ ክውንነት ብዝተፈልየ መልክዕ ኢዮም ዘቕርብዎ።

> "ምስልምና ሃይማኖት ኣብ ምድሪ ዓረብ ንርእሱ ከይተዘርገሐ እንከሎ፡ ሰብ-መካ ኣሕዋቱ ንነብይ መሓመድ "ነቢይ ኣይኰንካን " ኢሎም ካብዛ ዓለም ክብንቅስዎ ምስ ጸዓሩ፡ ኲዱ ኣብ ሓንቲ ምድሪ-ባሕሪ ነገስታት ዝኾነት ዓዲ ( እዛ ሕጂ ኤርትራ እትጽዋዕ ዘላ ሃገር ማለት ኢዩ) ኣብ ባሕሪ ነጋሲ ዝተባህለ ሹም' (ኣብ ድባርዋ ዝተባህለት ከተማ ማለት ኢዩ) ኢሉ ለኣኾም። ተሰደዶም ምስ መጽኡ ኸአ ብሕጉስ ገጽ ተቐቢሉ ኣዕቆቦም።" (ገጽ፡ 2)

ብተመሳሳሊ፡ ደቀባት ብዛዕባ ኣማውታ ሃጸይ ዮውሃንስ ራብዓይ ክትርኹ እንከሎዉ፡ ብናይ ሱዳን ማህዲ ኣብ ግጥም ከባቢ መተማ (ጋላባት) ተሳዒሩ ብምምራኽ ክሳዱ ከም ዝተቖርጸ ከይጠቐሱ፡ ብደፈናኡ ኣብ መተማ ንሃይማኖቱ ከም ዝተሰውኣን ብኢጣልያውልያን ገዛእቲ ከም ዝተጠልመን ኣሚቶም፡ ንክውንነት ናይቲ ሽዑ ዝተፈጸመ ታሪኻዊ ፍጻመ ብኸምዚ ዝስዕብ ኣዘንቢያም የቕርብዎ፦

> "ጣልያን መዳፍርቲ መታን ክኾኖም ነቶም ሽዑ ንጉስ ኢትዮጵያ ዝነበሩ ዮውሃንስ ራብዓይ ብምጥባር፡ ሓይሊ ራስ ኣሉላ ተመልሱ ንጣልያን ከይሃርሞ ቃል-ኪዳን ድሕሪ ምእታው፡ ኣህሚሉ ግን ድርቡሽ (ናይ ሱዳን ማህዲ) ብመተማ ከም ዝወሩ ጌሩ፡ ሃጸይ ዮውሃንስ ኣብ መተማ ንሃይማኖቶምን ሃገሮምን ከም ዝሰውኡ ኰይኖም።" (ገጽ፡4)

ካብዘን ክልተ ኣብነታት ክርዳእ ከም ዝከኣል፡ ደቀባት ምሕሳው ስለ ዘየሕፍሮም፡ ዋላ ንፍሉጥ ታሪኻዊ ፍጻመ ከም ዝማእመኦም ክጠማዝዝዎን ከዘንብዕዎን ድሕር ኣይብሉን ኢዮም።

## መደምደምታ

ካብዚ ንናይ ደቀባት ዘለፋ ንምብዳህ ዝቐረበ መልሲ፡ እዚ ዝስዕብ ንጉዳይ ጅሃድን ንጉዳይ ጀበርትን ዝምልከቱ ኣገደስቲ ንጥብታት ክድምደም ይከኣል ኢዩ፦

- እቲ "ኤርትራውያን ኣስላም ብማህጸን ደቀንስትዮ ክርስትያን ሃይማኖቶም ከስፋሕፍሑ ይህቅኑ ኣሎው" ዝብል ክሲ ደቀባት፡ ብባዕላዊ ትንተና ዝተበጽሐ ሓቅነት ዘይብሉ ክሲ ኢዩ፣

- ጠንቂ ናይ ጅሃድ ምንቅስቓስ ከምቲ ደቀባት ከእምንዎ ዝደለዩ፡ ግዳማዊ ረቛሒታት ዘይኰነ፡ እቲ ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ኣስላም ብሓፈሻ፡ ኣብ መንጎ ደቂ መታሕት ኣስላም ከኣ ብፍላይ ኣሉታዊ ስምዓታትን ዘይምትእምማንን ዝፈጠረ ውሽጣዊ ረቛሒታት ኰይኑ፡ ብቐጥታ ምስ ምፍራስ ተ.ሓ.ኤን ምስቲ ድሕሪ ናጽነት ብሕጋዊ ኣገባብ ደሞክራሲያዊ መንግስቲ ብዘይምቛሙ ዝሰፈነ ወድዓዊ ኩነታትን ቅብጸተ-ተስፋን ዝተኣሳሰረ ኢዩ፣

- ዓረብኛ ምስ ትግርኛ ዕላዊ ሃገራዊ ቋንቋ ኰይኑ የገልግል ብዘይምህላዉ፡ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ነቲ ኤርትራውያን ኣስላም ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኤርትራ ዝነበሮም ምትእምማን ዘዳኸም ዘሎ ምኽንያታት ኢዩ፣

- ናይ ጀበርቲ ሕቶ ከም ናይ ብሄር ሕቶ መጠን፡ ምስ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣን ኤርትራዊ ዜግነትን ክተኣሳሰር ዘይግብኦ ዘይገሃስ ናይ ህዝባዊ መሰላት ( civil rights) ሕቶ ኢዩ፣

- ናይ ኤርትራ ሕቶ ከም ናይ ሃገር ሕቶ መጠን ምስ ትውልዳዊ መበቆል ናይ ዝኾነ ወገን ፈጺሙ ክዛመድ ዘይብሉ ሕቶ ኢዩ፣

- ሓደ ዓይነት ብሄራት ኣብ ክልቲ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ተዳወብቲ ሃገራት ተገሚዐን ዝርከባ፡ ሃገራዊ ዶባት ብባዕዳውያን ገዛእቲ ንናይ ብሄራት ዝርጋሐን ዝምድናን ኣብ ግምት ከየእተኻ ስለ ዝሓንጸጸ ኢዩ፣

- ዝኾነት ብሄር ምስታ ኣብ ተዳዋቢት ሃገር እትርከብ መዛምድታ ብሄር ታሪኻዊ ምትእስሳር ምህላዋ፡ ብሃገራዊ ክሕደት ዘኽስስ ኰነ ንሃገራዊ ዜግነት ዘንፍግ ምኽንያት ስለ ዘይኰነ፡ ከም ንቡር ባህርያዊ ተርእዮ ክውሰድ ዘሎዎ ክውንነት ኢዩ፣

- ናይ ብሄር ኣምር ግብራውነት ዝህልዎ ብሃሜናዊ (dogmatically) ዓይኒ ዘይኰነ ብስነ-ፍልጠታዊ ዓይኒ ተጠሚቱ ስፍሕ ብዝበለ ትርጕሙ ምስ ዝግለጽ ከይኑ፡ ነቲ ኣብ ሓደ ስነ-ኣእምራዊ ኣቀዋውማን ታሪኻዊ ኣመጻጽኣን ተመርኲሱ ኣብ መስርሕ ታሪኽ ናይ ገዛእ-ርእሱ ፍሉይ መንነት ዝቘረጸ ማሕበረሰብ ዝምልከት ኢዩ፣

- እቲ ንሓደ ብሄር ብሄር ምዃኑን ዘይምዃኑን ዝውስን እቲ ንሓደ ብሄር ንምልላይ ዘገልግል ንበይኑ ዝብሕቶ ወይ ከኣ ምስ ካልኦት ዝሳረኾ ከም ቋንቋን ባህልን ዝኣመሰለ መለለዪ ረቛሒታት ዘይኰነ፡ እቲ ንፍሉይ መንነቱ ዝገልጽ መምዘኒ ረቛሒታት ማለት ሓባራዊ ስነ-ኣእምራዊ ኣቀማውማን ታሪኻዊ ኣመጻጽኣን ኢዩ፣

- ናይ ጀበርቲ ሕቶ ርእሰኻ ወኪልካ ኣብ ሃገርዊ ጕዳይ ብማዕርነት ምስ ካልኦት ብሄራት ንምስታፍ ዝጠልብ ሕቶ ከም ምዃኑ ምጠን ክዕምጸጽ ይኹን ክጕሰ ዘይግብኦ ደሞክራሲያዊ ሕቶ ኢዩ፣

- ታሪኻዊ መበቆል ህዝቢ ጀበርቲ ካብቲ ታሪኻዊ መበቆል ናይቲ ኣብ ኤርትራን ኣብ ኢትዮጵያን ዝርከብ ህዝቢ ሓበሻ ዝፍለ ኣብ ርእሲ ዘይምዃኑ፡ ማሕበርሰብ ጀበርቲ ከም ብሄር መጠን ዝተቐልቀለ ምስ ምውላድ እስልምና ቅድሚ 1400 ዓመታት ኰይኑ፡ ኣብ ሓደ ታሪኻዊ ወቕትን ኣብ ሓደ ግዝኣታዊ ምምሕዳርን ናይ ሎሚ ከበሳ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተወልደን ዝዓበየን ናይ ገዛእ-ርእሱ ፍሉይ መንነት ዘውንን ብሄር ኢዩ፣

- እቲ ጀበርቲ ኣብ ቀረባ ግዜ ካብ ትግራይ ዝመጹ ኢዮም ዝብል ሕሜት ታሪኻዊ ሓቅነት ዘይብሉ ንጀበርቲ ኣንኢኻ ናብ ካልኣይ ደረጃ ዜጋ ንምውራድ ዝዓለመ ናይ ፈጠራ ጽውጽዋይ ኢዩ፣

- ብሄር ጀበርቲ ካብ ብሄር ትግራኛ ጫሊዱ ከም ርእሱ ዝኽኣለ ብሄር ዝቘመ፡ ድሕሪቲ ቀዳማይ እስላማዊ ህጅራ እቲ ዝተፈጥረ ሓዲሽ እስላማዊ ማሕበርሰብ ንክልተ ዓበይቲ ስልጣነታት ወይ ባህልታት (እስላማውን ኣኽሱማውን (ሓበሻውን)) ብምውህሃድ፡ ኣብ ናይ ሓባር ታሪኽ ዝተመርኰሰ ሓደ ስነ-ኣእምራዊ ኣቀዋውማ ቀሪጹ ናቱ ፍሉይ መንነት ዝሓዘለ ብሄር ማለት ጀበርትነት ስለ ዝፈጠረ ኢዩ፣

- ናይ ጀበርቲ ብሄራዊ ሕቶ ንሓድነት ህዝብን ድሕነት ሃገርን ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ናይ ምንምጻል ሕቶ ስለ ዘይኰነ፡ ዝኾነ ፖለቲካዊ ስግኣት ዘይብሉ ብቐሊሉ ብዝኾነ ደሞክራሲያዊ መንግስቲ ወይ ሰልፊ ክምለስ ዝኽእል ናይ ህዝባዊ መሰል ሕቶ ኢዩ፣

- ብሕጋዊ ኣገባብ ብህዝቢ ዝተመርጸ ቅዋማዊ መንግስቲ ምቛም፡ ንናይ ጀበርቲ ናይ ብሄር ሕቶን ዓርብኛ ዕላዊ ቋንቋ ናይ ምግባር ሕቶን ከምኡ'ውን ንናይ ጀሃድ ሕቶ ነባርን መሰረታውን ፍታሕ ንምምጻእ ዝሕግዝ <u>እምነ-ኩርናዕ </u>ኢዩ፣

- ኤርትራውነት ማለት ኤርትራዊ ዜግነትን ሃገራዊ ስምዒትን ውጽኢት ናይቲ ብኢጣልያውን ገዛእቲ ድሕሪ ምቛም ኤርትራ ከም ሃገር መጠን (ካብ 1890 ኣትሒዙ) ዝተኻየደ ሱር-ነቀል ማሕበረ-ቍጠባዊ ለውጥታት ዝፈጠሮ ሓድሽ ኤርትራዊ ሕብረተሰብን ጥራይ ዘይኰነ፡ እንተላይ ውጽኢት ናይቲ ንዅለን እተን ተበታቲነን ዝነበራ መስፍናዊ ግዝኣታት (ጕልተታት) ኣብ ሓደ መንግስቲ ዝጠርነፈ ምእኩል ምምሕዳር ኢዩ፣ ከምኡ'ውን

- ኤርትራ ከም ሃገር መጠን ኣህጕራዊ ተፈላጥነት ዘሎዎ ሕንጹጽ ዶብ ሒዛ ዝቖመት ብ1890 ስለ ዝኾነት፡ እቲ ካብ ጥንቲ ኣትሓዝና ዝነበርና "ጽሩያት ኤርትራውያን ኢና" ዝበሃል ዘረባ ምኩሓት ታሪኻዊ ሓቅነት ዘይብሉ ሃጠውቀጠው ኢዩ።